
# ተዘክሮ ናቕፋ



ብኣጋጣሚ ብሩራዊ ኢዩቤልዩ ምሕራር ናቕፋ
ብሚኒስትሪ ምክልኻል መኮንን ሓበሬታን ጎስጓስን ዝተዳለወ
መጋቢት 2002

# ተዘክሮ ናቕፋ


**ጸሓፍቲ**

ገብረመድህን ገብሩ
ሳሙኤል ኣልመደ
ዮናስ ኣብርሃም

**ኮምፒዩተር**

ሃና ኣብርሃ



*መጋቢት 2002*

# ናቕፋ

ንስኺ ... ኣዳራሽ ሰማእቲ - ቀጽሪ ሕድሪ
ንስኺ ... ሓሸዋ ቅያና - ደራኺት ናህሪ
ንስኺ ... መፈወንታ ጋህዲ - እንኮ በሪ
ንስኺ ... መሰረት እምነት - መዲና ፍቕሪ
ንስኺ ... ንስኺ ናቕፋ - ዋሃቢት ክብሪ።

ናቕፋ ..
ንስኺ ... ማህጸን ሰውራ - መዕቖኺት ድቂ
ንስኺ ... ደወል እምቢታ - ዕርዲ ሓቂ
ንስኺ ... ጥማዕ ኣልቦ - ጽርይቲ -ወርቂ
ንስኺ ... ደማቕ ብርሃን - ደልሃመት ተሕምቒ።

ናቕፋ ... ንስኺ ውሕስቲ - ደጀን ጽንዕቲ ዕቑባ
ንስኺ ... ሰፈር ኣምበሳ - ናይ ሴፍ ሰገባ።
ንስኺ ... ስንክሳር ታሪኽ - ዓባይ ደብተር
ንስኺ ... ሃገር ኢኺ - ኣብ ከብዲ ሃገር።

# መእተዊ

ናቕፋ!... ኤርትራ ከም ሃገርን ህዝብን ክትህሉን ክትቕጽልን ምኽና ዘግሃደት'ያ። ናቕፋ!.. መንግስቲ ኣብ ከርሳ ዘዕቖኸት ማህጸን'ያ። ናቕፋ!... ትእምርቲ ጽንዓት ጥራሕ ዘይኮነት'ሲ ሓወልትን መካነ-ሰማእቲ'ውን ኢያ። ናቕፋ!... ንታሪኽና ንምስልናን ብቐንዱ'ውን፣ ንመንነትና እተንጸባርቕ ዓባይ ሃገራዊት ቤተ-መዘክር'ያ። ናቕፋ ማለት ኩሉ ማለት'ዩ ንዓና።

ብዛዕባ ናቕፋ ኣብ ነፍስወከፍ ሓርበኛ ዝህሉ ዛንታ - ዝኽሪ፣ ተገሊሉ ከምዘይውዳእ ባሕሪ'ኳ ተኾነ፣ ካብኡ ሒደት ኣልዒልና'ሎና። ግን!.. ኣብ ምድላው ናይ'ዛ መጽሓፍ፣ ምስ'ቶም ምስ ናቕፋ ብደምን መንፈስን ተሪር ምትእስሳር ዘለዎም ተጋደልቲ ኣብ ነዕልለሉ ዝነበርና እዋን፣ ሓደ ዘስክፍን ዘሻቕልን ጉዳይ ኣስተብሂልና'ሎና።

ካልእ ኣይኮነን። ምንዋሕ ግዜን ምውሳኽ ዕድመን ዘስዓቦ ጸገም'ዩ። ንኣብነት ቅድሚ 25 ዓመት ዝነበረ ፍጻሜ፣ ዝረስዕዎ ተጋደልቲ ኣጋጢሞምና። ገለን ከኣ "ኣለው" እናበለካዮ'ሞ ይሓልፉ'ለው። ስለዚ፣ እዚ ወርቃዊ ታሪኽ ኣብ ዝግብኦ ማህደር ከይተሰነደ ክጠፍእ ምርኣይ ከመይ ዘየሻቕል?! ጽባሕ ኣፋዊ ዛንታ ካብ ምኳን ሎሚ ምጉያይ'ዶ ኣይምረጽን?

ብዝኾነ ብኣጋጣሚ ብሩራዊ ኢዩቢልዩ ምሕራር ከተማ ናቕፋ "ተዘክሮ ናቕፋ" ዘርእስታ ንእሽቶ መጽሓፍ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ኣዳሊና'ሎና።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ፣ ከም ናይ ፈለማ ተበግሶ ተወሲዳ፣ ንብድሕሪ ሕጂ'ውን "ታሪኽና" ብዝሰፍሐን ዝዓሞቐን ንኽንሰርሓሉ በሪ ዘርሓወት ክትከውን ንትስፎ።

ንትሕዝቶኣ ብዝምልከት፣ ብዘይካ'ቲ ዕላላትን ወግዕታትን ተጋደልቲ፣ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ ናቕፋ ኣንጻር ጸላኢ ብዝምልከት፣ ጽሑፍ፣ ቀሪቡ'ሎ።

ካልእ "ሓጺር ታሪኽ ግምባር ናቕፋ " ዘርእስቱ፣ ጽሑፍ'ውን፣ ንባህርን ኣካይዳን ወራራትን ንኣሰላልፋ ናትናን ናይ ጸላኢን ዘነጻጽር ዝርዝራዊ ሓበሬታን ከምኡውን ሓርፋር ክሳራታት ጸላኢ ኣብ ግዜ ወራራት ኣብ መጨረሻ ተጠቒሱ ኣሎ። ክትዓግቡላ ንህንጠ፣ ርሑስ ንባብ።

## ድሮ ምሕራር

# “ስልቲ መጥቃዕትና ቀይርና - ናቕፋ ተቖጻጺርናያ”

*ኮሎኔል ኣማንኤል ሓድጉ (ፖሊስ)*



ንናቕፋ ከም ጠስሚ ግዓት ብኹሉ ሸነኻታ ካብ እንኽባ ፍርቂ ዓመት ተፋሪቑ'ዩ። እቲ ኣብ ኣርባዕተ መዓስከራት ማለት፥ እንዳ ከሻ ብምብራቕ፥ እንዳ ማሞ ብሰሜን፥ ደቡብ ማዓ ስከርን እንዳ ዓሊ ሒጉን ዝዓረደ ጸላኢ፥ ብዝኾነ ይኹን ኣንፈት ክሶልኮሉ ዝኽእል መንገዲ ኣይነበሮን። ምናልባት ሩፁ ጠቕሊሉ ንእፍዓ በት ክግዕዝ እንተኸይኑ ድማ፥ ድብያ ተዋዲዱሉ ስለ ዝጸንሖ፥ ዓይኑ እናረኣየ ኣብ መጻወድያ ክኣቱ ኣይመረጸን። እታ እንኮ ከም ምርጫ ዝወሰዳ፥ ነኺስካ ናይ ሞትን ሕየትን ምውጋእ'ያ።

ጎኒ ጎኒ'ዚ ግን፥ ነቲ ኣብ ናቕፋ ዝተኸርደነ ሰራዊት ንምድሓን፥ ጸላኢ ዝተፈላለየ ፈተነታት ኣካይዱ'ዩ። ሓደ ካብኡ ብሄሊኮፕተራት ተጠቒሙ፥ ታዕሊም ዝወሰዱ ነበልባልን ኮማንድስን ኣውሪዱ ዘካየዶ'ዩ።

ይኹን'ምበር፥ ካብ'ተን ንናቕፋ ከቢበንኣ ዝነበራ ኣሃዱታትና፥ ገለ ክፋል ኣብ ክሳድ ሕመዳይ ከባቢ ታባ ብልሓት ዓሪደን ንጸላኢ ጸፊዔን ንናሮ ገጹ ንኽምለስ ቀሲበንኦ። ኣብ ክሳድ ሕመዳይ ኰናት ምስ ተኻየደ፥ ጸላኢ ብለይቲ ብትክስ መጺኡ ብሄሊኮፕተር ናቕፋ ክኣቱ ፈቲኑ'ዩ። ክሓልፍ ግን ከቶ ኣይከኣለን። ስለዚ፥ ነቲ ኣብ ከበባ ዝኣተወ ሰራዊቱ ክሕግዞሉ ዝኽእል እንትርፎ ቀለቡ ብጃንጥላ ጌሩ ክሰደሉ'ምበር ካልእ መንገድታት ተሎኪትዎ'ዩ።

ብመንጽሩ እተን ንናቕፋ ንምሓዝ፥ ኣብ ኣፖሎ፥ ታባ ብራውንን 25.1 ዝብሃል ቦታታት ኮይነን ዘቋምትኦ ዝነበራ ኣርባዕተ ቦጦሎንታት 607, 500, 301,1 ናይ ህዝባዊ ሓይልታት፥ ንናቕፋ ክቖጻጸርኦ ኣይከኣላን። ምኽንያቱ፥ እቲ ብተደጋጋሚ ዝካየድ ዝነበረ ውግእ፥ ብለይቲ ስለዝኾነ። ኣብቲ እዋን'ቲ ናይ ለይቲ ውግእ ከም ምርጫ ዝተወስደሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፥ ካብ ልምዲ ናይቲ ውድብ'ዩ ዝነቅል።

ቅድሚ 1975 ውሑድ ዓቕሚ ሰብ ዝነበሮ ህዝባዊ ሓይልታት፥ ስልቲ

ኮናቱ ናይ ደባይ ኮይኑ ብለይቲ ኣጥቂዑ'ዩ ዝሰወር ነይሩ። ኣብቲ ሰራዊት ጸላኢ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምንቅስቓስ ተ.ሓ.ኤ'ውን ተደሪቡዎ ገና ብዕሽሉ ክቕንጸል ይሕለን ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ቀትሪ ኣትኪሉ ክዋጋእ ተኽእሎታት ኣይነበሮን። ካብ'ዚ ልምዲ'ዚ ዘፈልፈሎ'ዩ ነይሩ፡ እቲ ናይ ናቕፋ ውግኣትና ብለይቲ ዝኾነ።

ብግዳ ሓቂ ግን፡ ንናቕፋ ኣብ ዝኸበብናሉ እዋን፡ ናይ ለይቲ ውግእ ክዐውተና ኣይከኣለን። ዝበዝሐ ተጋዳላይ "ስለምንታይ ንናቕፋ 6 ወርሒ ተኻሪኺርናያ? ስለምንታይ'ከ ብቐትሪ ዘይነጥቅዓ?" ዝብል ርእይቶታት ክውሕዝ ጀመረ። ምኽንያቱ፡ ናይ ቀትሪ ኮናት ካብ ናይ ለይቲ ብዓሰርተ ዕጽፊ ይምረጽ።

ሓደ፡ እቲ ብዋሕዲ ሰብ ዝሳቐ ዝነበረ መሳርዕ ሀ.ሓ ምስ ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብዙሓት መንእሰያት ናብ ደምበ ሰውራ ንኽጽምበሩ ደሪኹዎም'ዩ። እቲ ብጸላም ኣጥቂዑ ዝስወር ዝነበረ ዕሽል ውድብ ሰሲኑ'ዩ። ዓቕምታቱ፡ ካብ ኣቃውማ ሓይሊ ናብ ደረጃ ቦጦሎኒ ተሰጋጊሩ'ዩ።

ካልእ፡ ናይ ቀትሪ ኮናት ምስ ጸላኢ የራኣእየካ'ዩ። ኩነታት ነቶኑቲ'ውን ተስተውዕሎ ኢኻ። ክትሃጅም ከለኻ፡ ኩልኻ እናተሓላለኻን እናተራኣኣኻን ክትጥቅዕ ይሕግዘካ። እቲ ኣብ ካናለ ዝተሸጉጠ ጸላኢ'ውን እንተኾነ፡ 180 ዲግሪ ክሃርመካ ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ናይ ናጻ ቦታ ዘይኮነስ፡ ብሓንቲ ናይ ጥራሕ ስለዝርእየካ፡ ነቶን ሻምብቆታቱ ክትሽክወን ዕድል ይህልወካ። ድምር ናይ'ዚ ኩሉ ብልጫታት ተገምጊሙ፡ እቲ መሪሕነት'ውን ስለዝተቐበሎ እቲ ኮናት ብቐትሪ ክኸውን ተወሲኑ።

23 መጋቢት 1977 ካብ ከበሳ ከም ናይ በርሀ ጻዕዳ ቦጦሎኒ 3 ተደሪባትና። ነፍስ-ወከፍ ቦጦሎኒ ነናታ እጃምን ሸቶን ተዋሂብዎ። ንናቕፋ ዘበሰረ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ቀትሪ ፈለመ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ልዑል ወኒ ተጋደልትና ቀዳማይ ሮቛሒ ናይቲ ዓወት'ዩ ነይሩ። ካልእ ዝተራእየ ፍሉይ ፍጻመ እንተነይሩ፡ ኩሉ'ቲ ሽዑ ንውንኖ ዝነበርና ኣጽዋር፡ ቢተን፡ ዶሽካ፡ ብረውን ብቐጥታ ንድፋዓት ጸላኢ ክበናጭር'ዩ ተራእዩ። ሽሕ'ኳ እቲ ውግእ፡ ኣገደስቲ ተጋደልቲ ከም እኒ በርሀ ጻዕዳ ዝኣመሰሉ ሓርበኛታት እንተወሰደልና፡ ብጽፉፍን ብዓወትን ከባቢ ሰዓት 5 ናይ ኣጋ ምሸት'ዩ ተዛዚሙ።

ኣብ መደምደምታ ናቕፋ ስልቲ ኮናት ስለዝቐየርና ሒዝናያ። ብድሕሪኡ'ውን እቲ ውድብ ብዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን እናደልደለ ምስ ከደ፡ ናይ ቀትሪ ኮናት ቀጺሉ። ዕጢት ኮይኑ ድማ ሓርነት ናቕፋ ጥራሕ ዘይኮነስ ናጽነት ሃገር ክምጽእ ክኢሉ።

* * *



# ቡምባ ኣርፒጂ ፈታሒት ክትዕን መድሓኒት ጉጅለን

ኮሎኔል ጊላይ ተወልደ

ቅድሚ'ቲ ንዓወት ናቕፋ ዘበሰረ መጥቃዕቲ፡ በብጉጅለ ናይ ምህዳም መስርሕ ይካየድ ምንባሩ ይፍለጥ። እቲ መጥቃዕትታት ግን ኣዝዩ ዕቱብ ጥንቃቐ ይሓትት ነይሩ'ዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ከባቢ ፈንጂ ስለ ዝተዘርኣሉ፡ ነቲ ዕረውን ክይተንከፍካ እትኸደሉ ኩነታት ይፍጠር ነይሩ'ዩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብለይቲ ዝሃጅሙ ተጋደልቲ፡ ብሕርያ ይምረጹ ምንባሮምን ኣብ ኣማራርጻ ሃጀምቲ'ውን እንተኾነ፡ ካብ ሓንቲ ቦጦሎኒ ወይ ሓይሊ ዘይኮኑ፡ በብሰለስተ ወይ ኣርባዕተ፡ ካብተን ንናቕፋ ዘኸበብኣ ቦጦሎንታት ዝተዋጽኡ ወይ ዝተማቓርሑ ተጋደልቲ፡ ሓንቲ ጉጅለ ኣቑሞም ነቲ ዕማም የሳልጥዎ ነይሮም።

በዚ መንገዲ ምኻድ፡ ምናልባት፡ ኣብ ክሳራታት ናይ መስዋእትን መውጋእትን ሓንቲ ኣሃዱ ንበይና ጥራሕ ከይትወጻዕ ብዝብል ኣጠማምታ ክረአ እንክሎ ቅቡል'ኳ'ተኾነ፡ ብመንጽሩ ግን ካልእ ሳዕቤን'ውን ነይሩዎ። እዚ ማለት እቲ ካብ ዝተፈላለያ ኣሃዱ ዝተኣኻኸበ ሃጃሚ፡ ኣብ ንንሕድሕዱ ከይፋለጥን፡ ኣብ መስርሕ ምህጃም'ውን እኩል ዘይትብለሉ ኩነታት ክፈጥርን ይኽእል'ዩ።

እንተኾነ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝተዋጽኡ ሃጀምቲ፡ ኣመና ዝጋነን ናይ ምርድዳእ ጸገም ኣይነበሮምን። ኮሎኔል ጊላይ ተወልደ ዝርከባ ሓንቲ ጉጅለ፡ ንናቕፋ ከጥቅዑ ብለይቲ ምስ ኣተዉ፡ ናይ ዘጋጠሞም ፍጻሜ ዕላል እነሆ።

ጸሓይ ካብቲ በረኽቲ ዝባውንቲ ናቕፋ ካብ ትምርቀፍ ሓያሎ ሰዓታት ተዋህሊሉ ነበረ። ካብተን ሽዑ ዝነበራ ቦጦሎንታት ዝተዋጻእና ዓሰርተ ክልተ ተጋደልቲ፡ ናብ'ታ ጻዕቂ ፈንጂን ብቐንዱ ድማ፡ ጸላኢ ድልዱል ድፋዕ ሃኒጹላ ዝነበረ ናቕፋ ገስገስና። ኣካይዳና ምሒር ጥንቁቕ ብምንባሩ ድምጽና ክይተሰምዐ ሰተት ኢልና ተደርገምና። ኣብ ጉዕዞና ግን ከምቲ ዝሓሰብናዮ ዘይኮነ፡ ገለ ብጾት ስለዘይጠዓሞም ይተርፉና። ንሕና ግን ድሮ ውሽጢ ኣቲናስ ድምጺ ናይሰባት ክንሰምዕ ጀሚርና ኣለና።

እዚ ኮይኑ ከብቕዕ፡ በቶም ዝኣተና ተጋደልቲ ጥራሕ እቲ ዕማም ክንዓ ሞ'ኳ እንተሓሰብና፡ "ተኩስ" ትብል ናይ ዜሮ ሰዓት፡ ዛጊት ኣይተቓለሐትን። እቲ ሚስጢር ድማ፡ ብሰንኪ'ቶም ብጾት እቲ መደብ ስለዝተሰናኸለ'ዩ።

ብድሕሪ'ዚ ኢዩ ኣብ ሞንጎ'ቶም ኣብ ከብዲ ጸላኢ ዝኣተና ሩሱን ክትዕ ዝተላዕለ። "ነጥቅዕ" ዝብል በቲ ሓደ፡ "ኣይፋልን" ዝብል ከኣ በቲ ካልእ። ክንውስን ግድን'ዩ። እቲ ምንታይሲ! ኣብ ሓደ መዓልቦ ክይበጻሕና፡ ምድረ-

ሰማይ እንተነጊሁ፣ ኣብ መፈንጠራ ጸላኢ ናይ ምቕርቃርና ዕድል ዝለዓለ ማእታዊት ሰለዝነበሮ።

ኣብ መወዳእታ ንገለ ደቓይቕ ብትዕግስትን ዓቕልን ካብ ላዕሊ ሓበሬታ ክንጽበ ከምዘለና ተሰማሚዕና ክንጽበ ጀመርና። ሒደት ደቓይቕ ተተመራሪሖም ምስ ተመርቀቱ፣ እቲ ክንጽበዮ ዝጸናሕና ሓበሬታ ላዕለዋይ ኣካል መጸና። እቲ ዓሰርተ ቃላት ጥራሕ ዝነበሮ ሓበሬታ "ዝገበርኩም ጌርኩም ውጹ፣ ንዓ ኻትኩም ንምውጻእ ናይ ጉልባብ ተኹሲ ክግበር ኢዩ" ዝብል ነበረ።

መውጽኢ ብኻልእ ኣንፈት የለን። እንትርፎ በታ ዝኣተናያ። ሃንደበት ቶኹሲ ተኸፍተ። ጸላም ብምሊሕታ ተሃወኸ። ናይ ገለ ብጾት መውጋእቲ ድማ ኣጋጠመ። ካልኣይ ክትዕ ከኣ፣ ከም ብሓድሽ ኣብ ውሽጢ'ቲ ቶኹሲ ንሃረ።

"ነዞም ተወጊኦም ዘለዉ ተጋደልቲ፣ ክንገድፎም ኣለናዶ? ወይስ የብልናን?" ዝብል ከኣ ነበረ። እቲ ኣብ ናይ ሞት ቅርዓት ዝኣተወ ተጋዳላይ፣ ኣብ ክልተ ዝተፈግአ ሓሳባት ተመቒሉ'ኳ'ተነበረ፣ ይዝከረኒ ኣቦይ በርሀ ዝበሃል ዓ ቢ ሰብኣይ ዝኣመነሉ ሓደ ፍታሕ ኣቐልቀለ።

"ግድን ብጾትና ክወጹ ኣለዎም። ውጉኣትና ገዲፍና ኣይንኸይድን ኢና፣ ነዛ ኣርፒጂ ድማ ክትኩሳ'የ" ኢሉ ዘራፍ በለ። ኣብ ሕምብርቲ ምእታውና ዝፈለጠ ጸላኢ፣ ካልእ ሳዕቤን መታን ከየውርደልና "ግደፍ" ተባሂሉ እንተተለመነ፣ ኣቦይ በርሀ ግን "ስረይ ንቑልቁል" ካብ ምባል ኣይዓረፈን። ኣይጸንሐን ብኢደ - ዋኒኑ ንታ ቁምቡላ ጎሪሳ ዝጸንሐት ኣርፒጂ ቃታኣ ጸቒጡ ባርዕ ናብቲ ጸላኢ ዝነበረሉ ሸነኽ ሰደዶ። እዛ ብጻብዕቲ ኣቦይ በርሀ ዝተላእከት ቡምባ፣ ንጸላኢ ንእሉቱ ራዕዲ ፈጢራ ሕንፍሽፍሽ ኣእተወትሉ። ጸላኢ ዝሕዞን ዝጭብጦን ሲኢኑ ምድረ-ሰማይ ጸልመቶ። ንሕና ከኣ፣ በታ ዝተፈጥረት ዕድል ተጠቒምና ዋላ ሓደ ውጉእ ከይገደፍና፣ ናብ ቦታና ብሰላም ተመለስና።

ቡምባ ኣርፒጂ ኣቦይ በርሀ ከኣ፣ ንክልተ ነገራት ፈቲሐትልና። ንክትዕ ናን ንድሕነትናን። እዛ ፍጻሜ እዚኣ ንናቕፋ እንክዝክር ትቕጀለኒ።

* * *



## ኤፍ 86 ናይ ፈለማ ዝተሃርመት ነፋሪት ክልተ ስምዒት ኣብ ሓደ መዓልቲ

እቲ ንኣስታት 6 ወርሒ ንከተማ ናቕፋ ኣኽቢብዋ ዝወርሐ ተጋዳላይ፣ መጥቃዕቲ ፈንዩ ነበረ። እቶም ሽዑ፣ ብኽልቲኦም ተቓናቕንቲ ማለት፣ ንድሕነት ህዝቡን ንህላወ ሃገሩን ዝጋደል ተጋዳላይን ፣መሬት እንዳማተ ክግብት ዝሕልን ሰራዊት ጸላኢን ዝተዓጥቁ ኣጽዋራት ከም ዶሽካ ብራውንን ሞርታራትን "ጊም-ጂም" እናበሉ ንከተማ ናቕፋ ሃዊጸማዮም።

በዚ ከይኣክል ድማ ብሰማየ ሰማይ'ውን ክልተ ምሒር ሕምባበ ዘይነበረን ኢፍ86 ዝዓይነተን ነፈርቲ ኵናት ሓዊ ካብ ላዕሊ ንመሬት ይተፍኣ ነበራ።

እንትርፎ እቶም እቲ ሓደ ስግር ፈለግ የማን፣ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ እምባልቆ ስግር ዘላ ሓላይ ዝነበሩ ንላዕሊ ዘንቃዕረሩ ዶሽካታት ህዝባዊ ሓይልታት ተዘይከይኑ፣ ምሒር ዝተራቐቑ ሚሳይላት ዘይነበርዎ ተጋዳላይ፣ ብዘይ ዝኾነ ይኹን መኸወሊ ኣብ ቃልዕ ኮይኑ ንነፈርቲ ኲናት ክሰሃለን ጀመረ።

"ይዝከረኒ" በለ ናይ ሽዑ ኣብ ጋንታ ዶሽካ ዝነበረ ኮሎኔል ጸሃየ ኣብርሃም። "ካብቲ ንላዕሊ ንነፈርቲ ዝተኮስናዮ የዐዊቲና። ኣብቲ እዋን'ቲ ንፈለማ እዋን ነፋሪት ኣውዲ'ቕና" ብማለት የረድእ።

ኣብታ ህሞት እቲኣ መራሕ ነፋሪት (ጋይሉት) ብፓንጥላ ከም ዝወረደ ዝገለጸ ኮሎኔል እድሪስ ሳልሕ ብወገኑ፣ "ንሕና ኣይፈለጥናን፣ እታ ነፋሪት ትኽ ኢላ ናብ ጋንታና ትመጽእ። በብዝሓዝናዮ ኣጽዋር ንትኩሳ። ደሓር ግን ካብታ ዝነበርናዮ ጉቦ ንጺጋም ሃዚዩ ኣብ ማእ ወዲቓ" ኢሉ።

ከም ናይ ፈለማ ተመክሮ እዋ ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ተጋዳላይ ነፋሪት ጸላኢ ምስትሓምሸሽት ኮሎኔል ጸሃየ ኣብርሃም፣ "ሓጎስና ብዕልልታን ቶኹስን ገለጽናዮ" ክብል ሓቢሩና።

ሕጂ፣ ንድሕሪት ተመሊሱ ክዝክር ከሎ፣ መራሕ ጋንታ ዝነበረ ዳንኤል ሳሙኤል ዝበሎ ቃላትን ድሒሩ ዝሰዓበ ፍጻመን ከም ዝደንጸዎ'ዩ ዝገለጸ ኮሎኔል ጸሃየ።

"ህዝባዊ ሓይልታት እንቋዕ ድኣ ነፋሪት ኣውዲቓ ረኣኹምበር፣ ድሕሪ ደጊም'ሲ ሞት ከም ኣዳም ዋላ ይሰዋእ" ዝብል ዘረባ ከምተዛረበ ብሑዙን ናይ ዝኸሪ መንፈስ ይገልጽ።

ይገርምዩ! ትምኒትን ክውንነትን ዝተቓደውሉ ኣጋጣሚ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ግጥም ናይ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ዝመጻ ክልተ ነፈርቲ፣ ብደቡብን ሰሜንን ክጥቃዓ ጀሚረን። ናይ'ቲ ግዜ'ቲ ኣታሓሳስባ ዶሽካና ዝምንጠል

ኮይኑ ይስማዓና ነይሩ። ጋንታ ምልእቲ ማዕረ'ቲ ዶሽካ ኢና ንስራዕ። ካብ'ቶም ዝነበሩ ዶሽካታት ብፍላይ ንናይ ጋንታና፡ ነፋሪት ቡምባ ደርቢያትሉ። ወዲ ሳሙኤልን ኪሮስን ይስውኡ። ዑስማንን ተኽሊትን ከኣ ይውግኡ።

እታ ማዓልቲ ክልተ ስምዒታት ብማዕረ ዝተንጸባረቐላ'ያ ነይራ። "ሓጎስን ሓዘንን" ኣብ መስርሕ ቃልሲ መስዋእቲ ዘይተርፍ ክሳብ ዝኾነ እዋን ግን፡ ነቲ ናይ ሽዑ ሓዘኖም ብሓበን ክም ዝደበ ሰዋ'ዮም ዝገልጹ።





# ሻምበል ናሮ

*ኮሎኔል ተስፋኣለም ጋይም*

ግራድ ዝብሃል ብረት'ዩ መጺኡና። እዝክር ሽዑ ተጋ/ሮሞዳን መሓመድ ኑርን ተጋ/ተመስገን በርሀን መጺኦም፡ ካብ ኣሃዱ ከቢድ ብረት 10 ሰባት ይመርጹ። ካብ'ቶም ዝተመርጹ ወዲ መልክ፡ ጸሃየ ሰመረን ኣነ'ውን ነይረ።

ሽዑ ተጋ/ሮሞዳን "እዚ ብረት'ዚ ካብ ዒራቕ ስለዝመጸ ኣብ ኰናት'ውን ልዑል ተራ ክህልዎ ይኽእል ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንሰኻትኩም'ውን ከም ኣባላት ከቢድ ብረት መጠን ክትፈልጥዎ ስለዘለኩም ፈትኑዎ" ይብለና። ግራድ ብዲግሪ፡ ስለዝትኮስ፡ ቅድም ብቐጥታ ብዜሮ ንቶኩስ ተባሂሃልና። የግዳስ ዝተተኮሰ ቡምባ ኣብ'ቲ ብጸትና ዝዓረድሉ ከባቢ ይዓልብ። ንዋራ'ዮም ተሳሒቶም።

እሞ ቢተን 1400 ሜ. ብቐጥታ ስለዝኸይድ፡ ንምንታይ ከምኡ ዘይንገብሮ ተባሂሃልና። ሕጂውን እቲ ብረት ኣብ ሞንጎናን ኣብ ጸላእን ናብ ዝነበረ ዲጋ ናቕፋ ይዓልብ። ቁሩብ ኣተስፊዩና። ምኽንያቱ እንተኣቕኒናዮ ብቐረባ ንጸላኢ ክወቕዕ ይኽእል'ዩ ናብ ዝብል መደምደምታ ስለዘብጽሓና።

ንሳልሳይ ግዜ ብዝተባሃሃልናዮ መሰረት ንወዮ ግራድ ንትኩሶ። እቲ ንጸላኢ፡ ኣብ መዛግቡ ዓሊቡ፡ ከብዱ ማይ ብርሖ ክገብሮ'ዩ ኢልና ዝኣመናዮ ቡምባ ግን፡ ኣማሓዲጉ'ዩ ተመርቂፉ። ንናሮ ገጹ። ዋዛ ኣብ ጫፍ መልሓሶም ዘጽንሑ ተጋደልቲ፡ ንእለቱ ነቲ ብረት "ሻምበል ናሮ" ጠመቕዎ።

## ብርሃነ

ብርሃነ እናኸመጽእ ተጋደላይ ምሒር'ዩ ዝሕጎስ። እቲ ምንታይሲ! ብርሃነ፡ ረዳኢ ጸገም ስለዝኾነ። ብርሃነ ነቲ ጠላቕ ክስዐ ተጋደላይ፡ ተስፋ ስለዝነበረ። ንምኳኑ ብርሃነ መን'ዩ?

360 ዲግሪ ዝተኸበበ ሰራዊት ጸላኢ፡ ዕጥቁን ስንቁን ኮይንዎ ካብ ጃንጥላ'ዩ። ኣብ ሰማያት ናቕፋ ዝተደርበየ ጃንጥላ ከኣ፡ እንተስ ብንፋስ እንተስ ብምትኳስ ብተጋደልቲ ይታሓዝ ነይሩ።

ጃንጥላ ከኣ ብዘይካ'ቲ መግብን ጠያይትን፡ በዓንደ - ርእሳ ተሪር ገመድ ስለዝነበራ፡ መስፈይ ክፋፍ ተገልግል ነይራ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ጃንጥላ ዝማረኸት ጋንታ፡ ዕጥቃ ተማዓራሪ'ዩ ኢኻ ትርእያ። ካልእ ጥቕሚ ጃንጥላ ብሕልፊ ድማ ስፍሕ ኢላ እንተኾይና፡ ከም ምንጻፍ'ውን ትጠቅም'ያ።

እምበኣርከስ ነዚ ኹሉ ኣገዳስን መሰረታውን ጠለባት እተማልእ ጃንጥላ

ዝድርብይ ዝነበረ ኣውሮፕላን፡ ሽዑ ግዜ ዝተዋህቦ መጸዊዒ ብርሃን'ዩ። ብርሃን! ኣብርሀ ስለዘብለልካ።

## ቅድድም ንጃንጥላ (ጋንጽላ)

... ድሮ ብርሃን ጃንጥላታት፡ ደርብዩ ተዓዚሩ'ዩ። የዒንቲ ክልቲኣም ተተፋነንቲ ክኣ ኣንቃዕሪረን የቋምታ ነበራ። ካብ ሰሜን ማዓስከር ኣብ ጥቓ በዓል ቓይንስ (ብ/ጀ ጎይትኦም መንግስቱ) ዝዓለበት ጃንጥላ ንምሓዝ ብኽልቲኦም ተጻባእቲ ቅድድም ተኻየደ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ጎፍ ንጎፍ ዝተራኸቡ ተቓናቐንቲ፡ ሓጺር ምልውዋጥ ቶኹሲ ድሕሪ ምኪያዶም፡ ጃንጥላ መን ወሰዳ ናይ ምግታት ገመድ ውድድር ዝዓይነቱ ምስሕሓባት'ዮም ፈጺሞም። ጸላኢ ጫፍ ገመድ ይውጥጥ። ተጋደልቲ ክኣ በቲ ካልእ ይስሕቡ። ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ እታ ጃንጥላን ሓደ ወታሃደርን በዓል ቓይንስ ማሪኾም ቦትኦም ተመልሱ።

ካልእ እዋን ጃንጥላ ኣብ ተወራራሲ ቦታ'ያ ዓሊባ። ሓንቲ መስርዕ ናይ ባዓል ቢቢሲ (ተጋ/ኣብርሃም)ን ብተመሳሳሊ ናይ ጸላእን ተጓየያላ። ማእከልነት መስርዕ ዝነበረ ገዛኢ፡ ኝኹሎም ቀዲሙ ተመርቀፈ። ካብ ጸላኢ'ውን ሓደ። ገዛእን ጸላእን ክኣ ፈተ-ፊት ተራኸቡ።

ናይ ክልቲኦም ዝዓመራ ብረታት ከሙ-ቅጽበት ሓዊ ካብ ሻምብቆታቱን ተፍኣ። ጥይት ጸላኢ ንተጋ/ገዛኢ እዝኑ በሲዓቶ ሓለፈት። ናይ ገዛኢ ግን ዕላምኣ ኣነጻጺራ ሃረመት። ወዮ ወታሃደር ቁልቁል ኣፉ ድፍእ በለ። ጃንጥላ ክኣ ንበዓል ቢቢሲ ጥርንቕ ክሳብ ዝብሉ ኣዐንገሉቶም።

## ስስዕቲ ጋንታ

ሓደ እዋን፡ ብርሃን ኣብሪሁላ'ዩ ነታ ጋንታ። ካብ'ተን ሽዑ ዝዓለባ ጃንጥላታት ብማዕረ ንዕኣን ንጸላእን ንፋስ መቒልወን'ዩ። ኩቱር ስሰዐ ዝነበራ ጋንታ ግን ሸውሃት ስስዐኣ ንምዕንጋል ናብ ጸላኢ ጠኒና ኣተወት። ከም ባህጋ ክኣ ሰሊጥዋ። ነተን ጸላኢ ድራር እለተይ ዝበለን ጃንጥላታት፡ ብስሪኣ መንጢላቶ ናብ ቦታኣ ተመልሰት።

ይኹን'ምበር እተን ኣቐዲማ ዝማረኸተን ጃንጥላታት ኣይጸንሐኣን። ንሳ ኣብ ውሕስ ቦታ ኣቐሚጠ ኢላ ምስ ጸላኢ እናተሻመወት፡ ለካ ጸላኢ ብድሕሪኣ መጺኡ ድሮ ኣግዒዙወን ጸንሓ።

## ሕነ

ዓለበት ተባህለ። ጥርዓን ሓሸኻ ከስዐ ምላሽ ረኸበ። ኣፍ ተጋዳላይ ማይ መልአ። መሻርፍ ዝሓዘት ጃንጥላ ባይታ ንኽትጥዕም ዝተረፋ ኣይነበረን። ብዓቢኡ ክኣ ኣብ ከባቢ በዓል ጸሃየ ኣብርሃም ስለትዓልብ፡ ብዙሕ ጉያን



ሃልክን ኣይከድልን'ዩ። ግርም ዕድል'ዩ!

ሃንደበት ግን ድምጺ ብራውን ካብ ማዕዶ ኣቓልሐ። መዓስ ሓንሳብ ጥራይ። ደገመ ተደጋገመ። ሽዑ እታ መሬት ዝዓለበት ጃንጥላ ክትተኽኽ ጀመረት። ጸኒሓ ክኣ ብሓይሊ ሳዕሪ ተሓጊዛ ሃል-ሃል በለት።

ጸላኢ ተሰኺቲታ ንዝበስለት ጸብሒ ጻሕሊ ከም ምድፋእ'ዩ ገይሩዋ። ነታ ጃንጥላ ካብ ማዕዶ ቶኪሱ ኢቃጺሉዋ። ሽዑ ተጋደልቲ ሕርቃንን ስኒ ምሕርቃምን ጥራሕ ዘይኮነ ሕነ ክፈድዩላ ኣንቀዱ።

ካልእ እዋን ኣብ ከባቢ ጸላኢ ንዝዓለበት ጃንጥላ ብዶሽካ ባዕባዕ ኣበሉዋ። ሓባ! ታሃኖም ኣተንፈሶም።

## ባዶ ጊባቦ

"... ግድን ክትታሓዝ ኣለዋ። ሽሻያን በረከታን ጸላኢ ተቛዶሶ ማለት ዘበት!" በለት መስርዕ በዓል ቢቢሲ። እታ ጃንጥላ ክንየ መግብን ጥይትን፡ መፀገሲ ወልፊ ሽጋራ'ውን ስለተጠቓልል ከተምልጥ ከምዘይብላ ዝወሰነት መስርዕ ላዕልን ታሕትን በለት። ቀኒዕዋ ከኣ!

ግን!... ወያ ጃንጥላ ኣብ ሓንጎልታ መስርዕ ዝተቐርጸ ሽሻይ ማዓስ ነይርዋ! እንታይ ድኣ! "ሑጻ"።

* * *

## “ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ ጸላኢ የባርሩ”

*ስዉእ ወልደርፍኤል ሰብሃቱ*

ኣብ ውሽጢ'ተን ኣብ ከበባ ናቕፋ ዝነበራ ኣሃዱታት፡ ዘዮድሊ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያትን ግርጭታትን ተኸሲቱ ብምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ዘይሃስስ በሰላ ገዲፉ'ዩ።

ቦጦሎኒ 500 በዚ ሕማም ምሒር ተሓሚሳ ነበረት። ተደጋጋሚ ኣኼባታት ኣካይዳ ክትፈትሖ ኣይከኣለትን። ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ንምእላይን መንፈስ ሓድነት ንምስራጽን ተጋ/ወልደርፍኤል ሰብሃቱ ዝመርሖ 13 መዓልቲ ዝወሰደ ኣኼባ ተኻይዱ'ዩ።

ተጋ/ወልደርፍኤል ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ኣኼባ ዝተዛረቦ ዘይርሳዕን ልቢ ነፍስ ወከፍ ኣኼበኛ ዝተንከፈን'ዩ ነይሩ።

“ኣነ መሪሕነት ልኢኹኒ መጺኤ ኣለኹ። ሕመረት ናይቲ ፍታሕ ግን ንስኹም ኢኹም። ንስኹም እንተዘይነጺህኩም፡ ኢሳያስ ይኹን ዋላ ማርክስን ሌኒንን መጺኦም'ውን ክፈትሕዎ ኣይክእሉን'የም” ዝብል ነበረ። ቃል ተጋ/ ወልደርፍኤል ሰብሃቱ።


ሓደ ረፍዲ፡ ንዝተጠናነገ ጸገማት ኣለሊኻ ንምፍትሑ ኩሉ ተጋደላይ ተኣኪቡ፡ ቀጻልን ርሱንን ክትዕ እናተኻየደ፡ ጸላኢ ብጃንጥላ ክወርድ ተራእዩ'ሞ፡ እቲ ንሓድሕዱ ክወቓቐስ ዝጸንሐ ተጋዳላይ፡ ንጸላኢ ክኒልም “ኸኪድ ንበገስ” ክብል ከሎ፡ ተጋ/ወልደርፍኤል ግን ኣይፈቐደን። “ኣሕዋት ምስ ዝሰምሩ ጸላኢ የባርሩ ኢዩ። ክይሰመርና ከሎና ጸላእትና ክነባርር ስለዘይንክእል ሓይሊ 25 ቦጦሎኒ 607 ጥራይ ትበገስ። ንሕና ኣኼባና ክንቅጽል ኢና፡ ግርጭታት ይፈትሑ፡ ኣረኣእያና ነነጽር፡ ድሕሪ'ዚ ሓቢርና ንምርሽ” ክኣ በለ።

ብረዚን መልእኽቱ፡ ተንኮል ዝፍሕሱ ዝነበሩ፡ ዝቃልዕሉ መድረኽ ተራሕወ። ናጻ ክንካ ምዝራብ ተጀመረ። ግርጭታት ተለለዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣሃዱ ዝነበረ ፍሕፍሐ ኣሰር ከይገድፍ ድማ፡ ብማሕላ፡ ተጋዳላይ ተሓቛቖፈ። ሓድነት ኣትሪሩ ቅኑዕ መስመሩ ሒዙ፡ ንዕዝኡ ቐጸለ።

* * *



## ኣጋር ከቢድ ብረት



ኣብ ከበባ ናቕፋ ዝተሳተፈት ኣጋር ከቢድ ብረት፡ ቦጦሎኒ 500 ኮይና፡ ዕጥቃ ቁንጣሮ'ዩ ነይሩ። ንኣብነት፡ ሓይሊ 45 ዓጢቓቶ ዝነበረት፡ ሓደ-75፡ ክልተ - 85፡ ሓደ-ብራውን፡ 81 ሞርታር ኢዩ።

እዚ ዕጥቂ'ዚ፡ ምስቲ ኣብ ከበባ ኣትዩ ዝነበረ ጸላኢ ዝዓጠቖ ክነጻጸር ከሎ፡ ዝዳረግ'ዩ። ኣብ ኣጠቓቕማ ኣብ ኣፍልጦን ብቕዓትን ግን ጸገም ነይሩ።

“ኣብታ ናይ መጀመርታ መጥቃዕቲ ክንሳተፍ ከሎና፡ 75 ዝብሃል ዕጥቅና ምስተኮስናዮ ዝርኣ ደሮናን ናይ ድሕሪት ጎነጽን፡ ካብ ጸላኢ ዝተተኮሰ ቡምባ ኣብ ጥቓና ዝወደቐ መሲሉና፡ ንደናገር ኔርና።” ኢሉ'ዩ ዝገልጾ ኮሎኔል ተስፋኣለም ጋይም።

ኮሎኔል በረኸት ኣብርሃ (ፈንጂ)'ውን ተመሳሳሊ ተዘክሮ ኣለዎ “መጥቃዕቲ ከበባ ናቕፋ ብተበግሶና ምስተጀመረ፡ ዓጢቕናዮ ዝነበርና 81 ሚ.ሜ ሞርታር፡ ኣየድመዐን። ምኽንያቱ፡ ኤምዳድና ን81 ሞርታር፡ ናይ 82 ቡምባ'ዮም ሂቦምና። ኣብ ስልታዊ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቴክኒካዊ'ውን ብቕዓት ኣይነበረናን”

ብርግጽ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ብረት፡ እኹል ኣፍልጦ ኣይነበረን። እተን ለመም እናበለ ዝድብድባ ነፈርቲ'ውን ክምቲ ዝድለ ይህረማ ብዘይምንባረን ከኣ ኣባላት ኣጋር ከቢድ ብረት “ስለምንታይ ኢና ብራውን ዘይንመልኮ ዘሎና? እንታይ ኮይኑ'ዩ'ኸ ብረትና ነፋሪት ዝስሕትን ዝዕክስን ዘሎ?” ብዝብል፡ መጋርያ ኣጉዶም ምሽታዊ ክትዕን ተፍትሽን የካይዱ ነይሮም'ዮም። ብዘይሕለል ጻዕሪ ዝሓሸ ውጽኢት ተረኺቡ። ኣብቲ ናይ መወዳእታ መጥቃዕቲ ከበባ ናቕፋ፡ ብተመልከተለይ ድፋዓት ጸላኢ ክቦናቑርዎ ተራእዮም።

ኣብ ከርሲ ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ ጸላኢ፡ ምሉእ ብምሉእ ምስተደምሰሰ፡ ንኣጋር ከቢድ ብረትና ብመጠኑ ዘሀብትም ኣጽዋር፡ ሸውዓተ ሞርታር፡ ክልተ - 75፡ ኣርባዕተ ማርክ፡ ክም ኤም - 16፡ ኤም - 14፡ ሲማኖፍ ስርሓት ኣመሪካን ዝኣመስሉን ገለ ካብ ዝተረኸቡ'ዮም።

ድሕሪ ምሕራር ከተማ ናቕፋ፡ ኣባላት ኣጋር ከቢድ ብረት፡ ብዘካየድዎ ጽዑቕ ኮርስ ኣፍልጦኦም ከዛይዱ'ኳ እንተኽኣሉ፡ ተክኒካዊ ብቕዓት ግን ገና ይተርፎም ነበረ።

ኮሎኔል እድሪስ ሳልሕ፥ መራሒ ጋንታ ናይታ ኣብ ደንደን ዝነበረት ኣጋር ክቢድ ብረት ከሎ ተደጋጋሚ ምፍንጃር ሞርታር የጓንፎም ከም ዝነበረ ይጠቅስ። ሞርታር ክፍንጀሮምን ብጾት ክስውእዎምን ጀሚሩ። ጠንቂ ናይ'ቲ ምፍንጃር ንምፍላጥ ምስተጓየዩ፥ "ቡምባ ገምጢሎም ስለዘእተውዎ'ዩ" ኣብ ዝብል መደምደምታ ተበጺሑ።

"ሓደ መዓልቲ፥ ወዲ በርሀ ንዝብሃል መድፍዓጂ፥ እስከ እናረኣኹኻ ቡምባ ብልክዕ ኣእቲኻ ተኩስ ኢለዮ" ይብል ኰለ/እድሪስ። ወዲ በርሀ፥ ቡምባ ኣብ ኢዱ ሒዙ፥ "ንሕና ቡምባ ብትኽክል ኢና ነእቱ፥ ካብ በልካ ግን በል ረኣየኒ የእትዋ ኣለኹ፥" ኢሉ፥ ነታ ቡምባ፥ ናብ ኣፍ ሻምብቆ ሞርታር መለሳ፥ ተተኮሰት። ከም ኣመላ ተፈንጀረት፥ ወዲ በርሀ'ውን ተሰውኤ። 'በል ረኣየኒ' ዝበለስ፥ ይስዋእ ኣለኹ ማለት'ዩ ነይሩ። ኣዝየ ሓዚነ። ድሒርና ከምዘረጋገጽናዮ ከኣ እቲ ጠንቂ፥ ክንጥቀመሉ ዝተዋህበና ቡምባታት፥ መንቃዕቲ ዝነበሮ'ዩ ሰኣን ኣፍልጦ፥ የማነ (ፓድረ)፥ ወዲ በርሀ፥ ዝርከብዎም ሓሙሽተ ብሉጻት ተጋደልቲ ሰዊእና።"

* * *



# ተዘክሮ ደቂ ናቕፋ

*ብዝንየም ሃይለ*



*ኢ.ማ ነስሪት ኣሕመድ*


ናቕፋ ኣብ 1975 መጀመርያ ክትህረም ከላ ኣብ ጸመ-ሮመዳን ኢና ነይርና። ንግሆ ሰዓት 4፡00 እናበላዕና ከለና( ሰሓርና) የስር ብዝበሃል ሸነኽ ናቕፋ ተኾሲ ተኸፊቱ። ንበዓል ቤተይ ንሀደም ኢለዮ። ኣቐዲሞም ተ.ሓ.ኤ. ሃሪሞም ይምለሱ ስለዝነበሩ "ድሓን ክገድፍዎ ኢዮም" ኢሉኒ። ተኾሲ እናበርትዐ ምስ ከደ "ላእ! ክንሃድም ኣለና፥ እዚኦም ከም ናይ ቀደም ተጋደልቲ ኣጥቂዖም ዝምለሱ ኣይኮኑን። ሓደሽቲ ካብ ብሌቓት ዝመጹ ህዝባዊ ግንባር ኢዮም" ኢለ ነጊረዮ። ጠዋሊ ኩሉ ኣቑሑተይ መንጸፍ፥ ፍርናሽ፥ ክልተ መጋረጃ ብገመድ ጠቕሊለ ቀሪበዮ። ናብ ክሸነ ውጽእ እንተበልኩ ጠያይቲ ስለዝመጸኒ ቀልጢፈ ናብ ገዛይ ተመሊሰ። በዓል ቤተይ "ንምንታይ ትጠራንፊ ኣለኺ? እዚ ጠያይቲ ከውጽኣና ኣይክእልን'ዩ" ምስ በለኒ "ብዙሕ ሰብ ይሃድም ከም ዘሎ ካብ ኣራግጽ እሰምዕ ኣለኹ፥ ኣብዚ ንበይንና እንተተሪፍና ክሓርዱና ኢዮም" ኢለ መሊሰሉ።

ቀጺለ "ኣጣል ደገ ኣውጽኣየን፥ ኣዴኻ ከይትመውት ኬድካ ኣምጽኣያ" ምስ በልኩዎ እናጎየየ ከይዱ። ኣዲኡ ነቲ ኣብ መሬት ደፊናቶ ዝነበረት ወርቃ ኣውጺኣቶ። ብሓደ ከኣ መጺኣምኒ። ካብ'ቲ ገዛ ምህዳም ስለዝኣበዩኒ ግን፥ ንሓደ ሕዛልን ሓደ ብእግሩ ዝኸይድን ደቀይ ሒዘ ወጺአ። ክልተ ቆልዑ ምስ ኣቡኦም ተሪፎም። ጥይት ጭው-ጭው ክብል ከሎ በጥ እብል ነይረ። ቡምባታት'ውን ይወድቕ ነይሩ። ድሓር ኣብ ሓደ ሕርሻ ኣትየ ሰኺየ። እናሰኸኹ ከለኹ ሓደ ተጋዳላይ "ህዝቢ እናሃደመ ኣብዚ እንታይ ትገብሪ? ነፋሪት ከይትሃርመኪ ኪዲ?" ኢሉኒ። "ደቀይ፥ በዓል ቤተይ፥ ኣጣለይ -ፍርቂ ነብሰይ ኣብ ገዛ ገዲፈ ከመይ ኢለ ክሃድም" ኢለ መሊሰሉ። ድሓር ግን ጎረባብትና ኣርኪቦም ኩላቶም ብሰላም ከምዝወጹ ነጊሮምኒ።

ሽው ተጋደልቲ ምስቶም ገባር ብለይቲ ናብታ ከተማ እናተመላለሱ፣ ኩሉ ንብረትና እናተሸከሙ ኣውጺኦምልና።

ሻዕብያ ብድሕሪኡ ንነዊሕ ኣዋርሕ ንናቕፋ ኣኽቢቦማ ነይሮም። እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሹሃዳ ተኸርዲኖም ዝነበሩ ወታሃደራት ነፋሪት ብእትድርብየሎም ዝነበረ መግቢ'ዩም ዝቐለቡ ነይሮም። ኣብ መወዳእታ ብቐትሪ፣ ብቃትራ፣ ደብር ወዲ ሸኽን የስርን ብዝበሃል ቦታታት ኣትዮሞም። ኣብኡ ከኣ ዝመውት ሞይቱ ዝማረኸ ተማሪኹ።

ናቕፋ ሓራ ምስ ኮነት፣ ሓደ ኣምሓራይ ሃዲሙ ናብ ሓንቲ ዓዲ ብምእታው "እኽልን ማይን ሃቡኒ" ኢልዎም። ቡምባ ኣውጺኡ ኢዩ ኣፈራሪሕዎም። ህዝቢ ኩሉ ፈሪሕዎ። ሽው ኣምና መሓመድ ኢብራሂም" ተጋደልቲ ኣብ'ቲ ይዋግኡ፣ ንስኻትኩም ካብ'ዚ ሃዳሚ ንምንታይ ትፈርሑ!" ኢላ ተዛሪባቶም። ነቲ ኣምሓራይ ከኣ "ኪድ ኣይንህበካን ኢና" ኢላቶ። እቶም ደቂ ዓዲ ብዘረብኣ ስለዝተደፋፈሩ፣ ሓቝፎም ሒዞሞ። ሽዑ ኣምና ፋስ ሒዛ ብምምጻእ ርእሱ ዘቢጣ ኣውዲቓቶ። "ኣቡ ዘይነብ ቅስን፣ ኣቡ ዘይነብ ቅስን ..." እናበለት ከኣ ርእሲ-ርእሱ እናሃረመት ቀቲላቶ። ብድሕሪ'ዚ እቶም ገባር ናብ ተጋደልቲ ከይዶም ነቲ ኩነታት ሓቢሮም። "ጸላኢ እንድዩ! ጽቡቕ ገበረቶ" ኢሎማ ።



ኢማ ስተል ማሓመድ

ነዚ ዛንታ ዝነገረትና ኢማ ንስሪት ኣሕመድ መሓመድ ኢያ። ኢማ ንስሪት ንህላወ ሰራሒት ቅያ ኣምና መሓመድ ኢብራሂም ሓቲትና'ያ። እንተኾነ፣ ኣምና ሎሚ ብህይወት ከምዘየላ፣ ምስ ሓፍታ ግን ከተራኽበና ከምእትኽእል ነጊራትና።

ሓፍታ -ኢማ ስተል መሓመድ ኢብራሂም'ውን ናይ ባዕላ ቅያታት ኣለዋ። ነቲ ቅያ ኢማ ንስሪት ብሰፊሑ ኣዕሊላትና። እንተኾነ፣ ካብ ልሳና ክንሰምዖ ስለዝደለና ሰብ ልኢኽና ኣብ ገዛ ኢማ ንስሪት ከምትመጽእ ገበርና።

ናይ መጀመርያ ሕቶና እቲ ኣምና "ኣቡ ዘይነብ ቅስን..." እናበለት ትጠቅሶ ዝነበረት ሰብ እንታዋይ ምዃኑ ንኽትነግረና ኢዩ ነይሩ። ኣቡ ዘይነብ ናቕፋ




ዝቕመጥ ዝነበረ ናይ ቀረባ ዘመደንን ፈታዊኣንን ኢዩ። ኣብ ናሮ ጥሪት ስለዝነበሮ፣ ርእይወን ክምለስ ከሎ፣ ድግድግ ዝበሃል ቦታ ምስ በጽሐ ወተሃደራት ደርጊ ሒዞም፣ ምስ'ቶም ኣቑዲሞም ዝሓዝዎም 7 ሰብኡትን ሓንቲ ሰበይትን ከኣ ጸንቢሮም፣ ንወርሒ ምስ ኣሰርዎም ክቐትልዎ ስለዝመደቡ ነታ ሰበይቲ "ኪዲ ውጺ" ኢሎማ። ንሳ ግን "እዚ ወደይ'ዩ፣ እዚ ሓወይ ከኣ ዝሕግዘኒ ኢዩ፣ ሰብኣየይ ኣቐዲምኩም ቀቲልኩም ኢኹም። ስለዚ በይነይ ከመይ ኢለ ክነብር እኽእል?" ኢላ ኣብያቶም። እቶም ወተሃደራት "እሞ ንባዕልኺ'ውን ወንበዴ ኢኺ" ብምባል ምስኣቶም ረሺኖማ። እቲ ኣምና ሕነ ዝፈደየትሉ ኣቡ ዘይነብ'ምበኣር፣ ኣብ'ዚ ግፍዓዊ ኣቀታትላ ኢዩ ህይወት ስኢኑ።

ኢማ ስተል መሓመድ ኢብራሂም ዛንታኣ ትቕጽል፦ ቀቅድሚ መጥቃዕቲ ናቕፋ ምጅማሩ ኢዩ። ለይቲ ሓደ ኣምሓራይ ካብ መዓስከሩ መጽዩ ንሓደ እድሪስ ገርጊስ ዝበሃል ዓቢ ሰብኣይ ከትኪትዎ። እዚ ከይፈለጥና ከለና'ዩ እቲ ኣምሓራይ እንደገና ናብ ገዛይ መጺኡ። ነቲ ማዕጾ ብሓይሊ ነውኒውዎ። ወዲ 12 ዓመት ወደይ ሓምድ ናቕፋ፣ (ሕጂ ኣብ ድፋዕ ኣሎ፣) "እንታይ ደሊኻ? እዚ እንዳ ሓላል ገባር ኢዩ፣ ርሓቕ" ኢልዎ። እንተኾነ፣ እቲ ኣምሓራይ ነቲ ማዕጾ ሰይሩ ኣትዩና። ኣብ መንኩቡ ሽራጥ ዘለዋ በዓል ማዕርግ ኢዩ። ነቲ ቆልዓ "ኡስ በል" እናበለ ናባይ ክመጽእ እርእዮ ኣለኹ። ተዳልየ ስለዝጸናሕኩ ብኽልተ ቅልጽመ ከረው ኣቢለ ሒዘዮ። ሽዑ ሓምድ ብድሕሪኡ ሓኾሩን ኣብ መንኩቡ ደይቡን ጨጉሪ ርእሱ መንጪጭዎ። እንተኾነ፣ ሽተት ኢሉ ወዲቑ። እንደገና እቲ ኣምሓራይ ሒዝዎ ንዝነበረ በትሪ ኣሕዲጉ ንደገ ደርብዩዎ። ቡቲ ናቱ በትሪ ከኣ ሕቆኡን ርእሱን ደም ክሳብ ዝወጽእ ደጋጊሙ ዘቢጥዎ። ካልእ ወዲ ሰለስተ ዓመት ቆልዓ'ውን ነይሩኒ፣ ኣብ እግረይ ሕልክልኽ እናበለ ይበኪ ነይሩ። ኣነ ኣእዳወ ሒዘዮ ስለዝነበርኩ፣ ንሓምድ ሰዓቱ ፍትሓያ ኢለዮ። እንተኾነ ኣብዩቶ።

ሓምድ ብንእሽቶኡ ተሪር'ዩ ነይሩ። ሕጂ'ውን ከምቀደሙ ሓያል ኢዩ ዘሎ፣ በታ በትሪ ሃሪሙ- ሃሪሙ ምስ ጸገበሉ፣ ሽዑ ኣነ ነው ኣቢለ ምስቲ ማዕጾ ኣላጊዐዮ። ደፊኤ ንደገ ምስ ኣውጻእኩዎ፣ ነቲ ማዕጾ ዓራት ኣጸጊዐ ዓጽየዮ። እቲ ኣምሓራይ ብእኡ ኣይፈገደን። ቀጺሉ ናብ ካልእ ገዛ ኲሕኵሑ "መን ኢኻ?" እንተበልዎ "መንግስቲ ኢና-ክንፍትሽ ደሊና" ኢሉ መሊሱሎም። እቲ ሰብኣይ ደገ እንተወጸ ወተሃደራዊ ክዳን ስለዝርኣየሉ ከእትዎ ሓሲቡ ነይሩ። ሰበይቱ ግን "ለይቲ ክፍትሽ ዝመጽእ መንግስቲ የለን፣ ኣንስቲ'ዩ ደልዩ!" ኢላ ስለዘእወየት፣ እቲ ኣምሓራይ ህዝቢ ክእከበለይ'ዩም ኢሉ ብምፍራሕ፣ ነቲ ሰብኣይ ጽቡቕ ገይሩ ሃሪምዎ ሃዲሙ። ንሕና ግን ተዓዊትናሉ ኢና። ብድሕሪኡ ህዝቢ ኣብቲ መዓስከሮም ከይዱ ጠሪዑ። እቶም ወተሃደራት ክሓቱና ምስ መጹ፣ ነታ ሒዝዋ ዝነበረ በትሪ ሂብናዮም። ደም ተጸይቓ ነይራ። ኣብቲ እዋን'ቲ በዓል ቤተይ መዋቲ ኢዩ ነይሩ -

ትብል ኢማ ስተል። ኢማ ንስራት ወሲኻ "ስተል ቀደም ሓየል ኢየ ነይሩ፡ ኣምሓሩ ኣብ ኩሉ እናኸዱ ዉጹ፡ ክንፍትሽ ደሊና እናበሉ ክሰምጹ ብዙሕዮም ዝፍትኑ ነይሮም" ትብል።

ኣብ መጥቃዕቲ ናቕፋ 1975 ወዲ 20 ዓመት መንእሰይ ዝነበረ፡ ሎሚ ኣቦ 9 ቈልዑ ዑስማን ሕመድ ዓሊ ነቲ ብኣካል ዝተሳተፎ ኩነታት ብኸምዚ ይገልጾ፡- ሽዑ ኣነ ካብ ናቕፋ 5 ኪ.ሜ ርሒቓ እትርከብ ምዖ ኢየ ነይረ። ዓርቢ ለይቲ ህዝባዊ ግንባር መጥቃዕቲ ከም ዝጀመረት ሰሚዕና። ስውእ ስዓድ ፈረጆን ሓመድ ዓሊ ውራይን "ናቕፋ ክንሕዛ ኢና" ኢሎምና። በዓል ዓሊ ሰይድን ወድ ራብዓን'ውን ስኩት ኣብ ዝበሃል ጎቦ ናይ ክቢድ ብረት ኣሃዱ'ዮም ነይሮም። ንሕና መግቢ፡ ኣጣልን



ዑስማን ኣሕመድ ዓሊ

ጢየይትን ክሳብ ናሮ ነመላልሰሎም ነይርና። ሽዑ ህዝቢ ገሊኡ ንእምባልቆ ሃዲሙ። ኣብ ጥቓ'ቲ መዓስከር ጸላኢ ዝነበሩ ኣስታት 100 ዝኾኑ ገባር ግን፡ ጸላኢ ኣኸቢቡ ሒዝዎም። ንዓመት ዝኣክል ክሳብ ናቕፋ ሓራ ትኸውን ተኣሲሮም'ዮም ነይሮም። ኣነ ግን ፈትዮም ድዮም ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ዋላ ተገዲዶም'ዮም እናበልኩ ኩሉ ግዜ እግረም ነይረ።

ጸላኢ ነቲ ተኸቢቡ ዝነበረ ሰራዊቱ ከድሕን ኣብ ናሮ ብሄሊኮፕተር ወተሃደራት ኣውሪዱ። ብድሕሪት መጥቃዕቲ ክኸፍቱሎም'ዩ ነይሩ ሓሳቡ። እንተኾነ፡ ገና መሬት ከይዓለቡ ክለዉ'ዮም ክቕተሉ ጀሚሮም። እቶም ዝወረዱ ከኣ ናብ ጎቦ ሕመዳይ ደይቦም። ኣሳእኖም ዝኢፍ ስለዝኾነ፡ ነቲ ተሪር ጎቦ ምውጻእ ስኢኖሞ። ንኣእቶም'ውን ንገሊኦም ብጥይት፡ንገሊኦም መንደርጋሕ እናፈነዉ ወዲኣሞም።

ነፋሪት ቀጻሊ ትሃርም ነይራ። ንኽልተ ካብኣተን ብዶሽካ ሃሪሞም ኣውዲቐመን'ዮም። እታ ሓንቲ ኣብ ቅርንጅሓት ዝበሃል ቦታ ወዲቓ። ምስ ተሃርመት፡ ትኪ ክተውጽእ ከላ ርኢናያ ኢና። እታ ካልኣይቲ ምሉእ መዓልቲ ክትድብድብ ምስ ወዓለት፡ ተሃሪማ ኣብ ሩባ ሕዳይ ወዲቓ። ናይዚኣ ፓይሎት ወጺኡ ኢዩ። እቶም ተኸቢቦም ዝነበሩ ወተሃደራት ካብ ነፋሪት



ብዝድርበየሎም ዝነበረ መግቢ'ዮም ዝቕለቡ ነይሮም። እቲ ካብ ሰማይ ዝድርበ፡ ሓንሳብ ብድሕሪ ድፋዕ ስለዝወድቕ ሸዕቢያ ትወስዶ። እቲ ኣብ መንጎ ድፋዕ ዝወደቐ ከኣ ክልቲኣቶም ይጓየይሉ። ሮሞዳን ማሕሙድ ዝተባህለ፡ ነቲ ብፓራሹት ዝተደርበየ መግቢ ክምንጥሎም ከሎ፡ ፈንጂ ረጊጹ እግሩ ዝተቖርጸ እዝክር። ሕጂ ባጽዕ ኣሎ።

እቶም ወተሃደራት፡ ኣብዚ ሕጂ ቤት ትምህርቲ ሹሃዳ ዘለዎ- ድፋዕ ነይርዎም። ብፍላይ ሓላፊኦም ብስሚንቶ ዝተሰርሐ ትሕተ-መሬት ገዛን ድፋዕን ነይርዎ። ካብቶም ገባር ሓንቲ ዘኪያ ትበሃል መግቢ ከተማላልሰሉ ይእዝዛ ነይሩ። ኣብ ጃምዕ ኣትዮም ሻዕብያ "ሕደግ ኢድካ ሃብ" እንተበልዎ፡ "ንሸፍታ ኢደይ ኣይሀብን'የ" ኢሉ ኢዩ ኣብዩ። ኣብ መወዳእታ ሻዕብያ፡ እቲ ኣምሓራ ዝሓዝዎ ህዝቢ ከይጉዳእ ደቒቕ መጽናዕቲ ገይሮም ሃጂሞሞም። ገሊኦም ሞይቶም፡ ገሊኦም ተማሪኾም። ንኩብኩብ ገጾም ዝሃደሙ፡ ተጋደልቲ ድብያ ገይሮም'ዮም ጸኒሖምዎም። እቶም ንኽሃድሙ ዕድል ዝረኸቡ ዝረኸብዎ ገባር እናቐተሉ'ዮም ዝኸዱ ነይሮም። ሳልሕ ማሕሙድ ሕመድ ሽዑ ካብ ዝተቐትሉ ኮይኑ፡ ካልኣዩ ዝነበረ ሓመድ ዓብደላ ከኣ ኢዱ ምስ ወግእዎ ኣምሊጡ። እቲ ሓላፊኦም በላይ'ውን ሃዲሙ እንተነበረ'ኳ ኣብ ቃትራ ዝበሃል ቦታ ተቐቲሉ ኢዩ።

ብገሸኸ ጸላኢ ሓይሊ ዘለዎ ይመስለና ነይሩ። ህዝቢ ከይተጎድአ ንናቕፋ ቀልጢፎም ምስ ተቖጻጸርዎ ተገሪምና። ካላስ ሽዑ ናቕፋ ናጻ እንድሕር ወጺያ፡ ምሉእ ኤርትራ ሓራ ክትወጽእ ምዃና ከኣ ተኣማሚንና።

ፍልይ ዝበለ ተዘክሮ ሓመድ ሰዒድ መሓመድ ኑር'ከ? ኣባሓጎይ ምስ ስድራቤቱ ምስቲ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ከም ጅሆ ዝተታሕዘ ህዝቢ ናቕፋ ኢዩ ነይሩ። ሽዑ ሓንቲ ኪርባ ትበሃል ጻዕዳ ኣንስተይቲ ከልቢ ነይራትና። ንኣቡሓጎይ ትፈልጦ ስለዝነበረት፡ ኣቦይ ደብዳበ ጽሒፉን ኣብ ክሳዳ ኣሲሩን ይልእካ። ትሕዝቶ ናይቲ ደብዳበ "ብዘይካ ናፍቖትኩም ጽቡቕ ኣለና" ዝኣመሳሰለ'ዩ። እታ ከልቢ ትኽ ኢላ ናብ ኣባሓጎይ ምስ ከደት ጽቡቕ መግቢ ሂቦም፡ መልሲ ናይቲ ደብዳበ ጽሒፎም እንደገና ይመልስዋ። ንልዕሊ ዓመት ብኸምዚ ኣገባብ መልእኽቲ ይለዋወጡ ነይሮም። ካብ ሞንጎኦም ዝወጽእ የለ፡ ዝኣቱ የለ፡ ንኹላቶም ኣብ ካንቸሎ ዳጉኖም ከም እሱራት'ዮም ዝቕልብዎም ነይሮም። መወዳእታ ድሕሪ ዓመት ብሕማምን ጥሜትን ኣብኡ ዝሞተ - ሞይቱ፡ ዝተረፈ ወጺኡ።

ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጸፊሕ እምኒ ቕጫ ይስንክቱ፡ ኣብኡ ከኣ ይበልዑ። እቲ ጸብሒ ማይ ጨው ኢዩ። ናቕፋ ቆራሪ ስለዝኾነ ነዚ ክሻ ወድ ዓከር ከም ኮበርታ ይጥቀምሉ። ኣነ ጽሒፈ ዘይክእል ኮይነምበር፡ እዚ ኩሉ ታሪኽ ኩሉ ግዜ ኢዩ ዝገርመኒ። ወላሂ! ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ናይ ናጽነት እዋን ንኽንበጽሕ ሕልሚ ኮይኑ ኢዩ ዝስምዓኒ ነይሩ። ኣልሓምዲልላህ ብጣዕሚ ሕጉሳት ኢና።

## ታባታት

### "ደንደን - ታባ ሓበን"

*ኮሎኔል ተስፋማርያም መሓሪ (ወዲ ኣሜሪካ)*

ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ ብርጌድ 8፡ ካብ ዓዲ ያቆብ፡ ብዒላበርዒድ፡ ገንፈሎም፡ እናተዋግአት ግንባር ናቕፋ ክትበጽሕ ከላ፡ ዓቕሚ ሰባ ተጓዲሉን ተዳኺማን'ያ ነይራ። ኣቐዲሞም ዝሓለፉ እንዳ 51ን ካልኦትን ምኽዓት ድፋዕ ኽቕጽሉ ከለዉ፡ እንዳ 8፡ ከምተዕርፍ'ዩ ተገይሩ። ብድኻምን ጥሜትን ዝረቐቐ ኣካላት፡ ቁርን ቀዝሕን ናቕፋ ተደሚርዎ፡ ናይ ፈለማ ዕረፍቶም ምሉእ ኣይነበረን።

ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ጸላኢ ይግስግስ ኣሎ ስለዝተባህለን ከባቢ ጽርግያ ከምዘጥቅዕ'ውን ስለዝተገምገመን፡ እንዳ 8፡ ካብኡ ክትርሕቕን ዝባን ደንደን ክተዕርፍን ተባሂላ ተላእከት።

ኣባላት ብርጌድ 8፡ ሰለይ እናበሉ ደንደን ክድይቡ ከለዉ፡ መስርዕ፡ ናብ ኣርባዕተ ሰባት ኣንቆልቍላ ነበረት።

"ዝወደቐት ገረብ'ሲ፡ ምሳር ይበዝሓ" እንድዩ፡ እዛ ክተዕርፍ ተባሂላ ዝተላእከት፡ ኮረ ሰፈር እንስሳ ዘገዳም፡ ግብ ዝበለ ጫካ እናጠሓሰት፡ ደንደን ዝደየበት ኣሃዱ ግን ዕረፍቲ ኣይረኸበትን። ጸላኢ፡ ኣርኪቡ። ተጋዳላይ ብዘይተጸበዮ ከባቢ ሓሬና በጺሑ፡ ደንደን ክሓኩር ጀሚሩ።

"ሃየ-ሃየ" ኮይኑ፡ ዝርካባ እንዳ 8፡ ተጋደመት። ኣእማን ጨረሐት፡ ኮቲ ምሉእ ፍናን ዝነበሮ እናተሃንደደ ዝሓኩር ዝነበረ ክትምክት ጀመረት። ስና-ኽስት። ኣብ ዘይትፈልጦ ቅርጺ መሬት እሞ ጫካ፡ ዝከኣላ ገበረት። ደኹን'ምበር፡ ብኹናት፡ ብደብዳብ 60 ሚ.ሜ፡ ኣብ ላዕሊ ብዝፍንጀር "ነጥብ ኣራት" ሕጂ'ውን ተደራራቢ ማህሰይቲ ስለ ዘጋጠማ፡ ኮቲ መረር ኲናት ደንደን፡ እንዳ 51፡ ከምዝርከብዎን ከምዝቕጽልዎን ተገብረ።

ብድሕሪኡኸ? ኲናት ደንደን ከመይ ቀጺሉ? ኣብ ኲናት ደንደን ኣብቲ ፈለማ፡ ከም መራሒ ሓይሊ ናይ ቦጦሎኒ ሓደ፡ ብርጌድ 51፡ ኮይኑ ዝተሳተፈ፡ ተጋ/ተስፋማርያም መሓሪ (ወዲ ኣሜሪካ) ይቕጽል።

ብዘብዘብ ዝባን ደንደን ምስ ደየብና፡ ብቐጥታ ናብቲ ኲናት ኢና ኣቲና፡ ጸላኢ ተጸጊዑ'ዩ። በየን ይኣቱን ይወጽን ክሳብ ነጽንዕ፡ ዝተጸገምናሉን ብዙሓት ዝሰዋእናሉን ኣጋጣሚ'ያ ነይራ። እናዝለቓ ዝመጻ ኣሃዱታት፡ ኣብ ታባታት ግንባር ናቕፋ ቦታ ይሕዛ'ኳ እንተነበራ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ውግእ ዝካየደሉ ዝነበረስ፡ ኣብ ደንደን'ዩ።

እናኣዝለቕና ስለዝመጻና፡ ጸላኢ፡ "ካብ ደንደን'ውን ክዝልቑ'ዮም" ዝብል ተስፋ ነይርዎ። በቲ ኻልእ ሸነኹ ድማ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ፡ "ዝበረኸ ቦታ ዝሓዘ፡ ንኻልእ ዕርዲ፡ ብቐሊሉ የፍርሶ" ዝብል ስትራተጂካዊ ኣመለኻኽታ'ዩ





*ወዲ ኣሜሪካ*

ነይሩ። ብፍላይ ጸላኢ፡ "ንደ'ንደን እንተሒዘዮ ንናቕፋ ብቐሊሉ ክቆጻጸራ ይኽእል'የ" ዝብል እምነት ስለዝነበሮ'ዩ እቲ ዝጸዓቐ ኲናትን ደብዳብን ኣብ ደንደን ዘካይዶ ዝነበረ።

ወርሒ ከም ሓደ መዓልቲ ተዋጊእና። ጸላኢ፡ ሰዓት 4 ወጋሕታ የጥቅዕ፡ ድሕሪ ቐትሪ ምስ ኮነ ከኣ፡ "ንኪድ ንኪድ"ተበሃሂልና ኣጽዲፍናዮ ንምለስ። እንተዘይኣርሒቕናዮ፡ ኣየሕድረናን ጥራይ ዘይኮነ ኣየስርሓና'ን'ውን'ዩ። ምስ ኣውረድናዮ ኢና ውጉኣትና ነልዕልን ድፋዕ ንኹዕትን ኔርና።

ሓደ ኣጋ ምሸት፡ ከምቲ ልሙድ ተጸጊዑና ንዘወዓለ ጸላኢ፡ ሃጃሚት ጋንታ ናብ ቦትኡ ኣጽዲፋቶ ምስ ተመልሰት፡ ሓንቲ ተጋዳሊት ከምዝተረፈት ይፍለጥ። ንሳ፡ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሽማ፡ ድሓር፡ ኤርትራ ቀይርና ንጽውዓ ዝነበርና ተጋዳሊት'ያ። ኣብቲ ኲናት'ያ ተሪፋ። ምድሪ ከኣ ጸልሚቱ። "እንታይ ንግበር?" ተባሂሉ፡ ሓደ በራኺ ተስፋይ ዝተባህለ ብጻይ (ስዉእ)፡ "ኤርትራ ተወጊኣ ድያ ተሰዊኣ? ዋላስ ተረሲዓ? ድሃያ ከይገበርኩ ኣይሓድርን'የ" ኢሉ፡ ዳርጋ ካብ ውሽጢ ጸላኢ ብምውጻእ ከምዘድሓና ይዝከረኒ። እዚ፡ ተጋዳላይ፡ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ኣብ ነንሕድሕዱ ዝነበሮ ምትሕልላይ ዘንጸባርቕ'ዩ።

ድሕሪ ሓያሎ ምርብራባት፡ ብተበግሶና መጥቃዕቲ ብምኽያድ፡ ንጸላኢ ንታሕቲ ቦታታት ምስ ኣውረድናዮ ከኣ ተዛማዲ ዕረፍቲ ረኺብና። ድፋዕ ና ኣደልዲልና። ጸላኢ፡ ድሕሪ ደጊም ከነጥቅዮ'ምበር ከጥቅዓና ከምዘይክእል ምሂርናዮ። ንሱ'ውን ተረዲኡዎ ድፋዕ ኣብ ምስራሕ ምስ ኣተወ ከኣ ምሉእ ፋፍታ ረኺብና፡ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክንከታተል፡ መዘናግዒመደባት፡ ስዋ ክንዳሉ ክኢልና።

ኣብ'ቲ መጀመርታ እዋናት፡ ንመስርሒ ድፋዕ ዝኸውን ኣጕናድ፡ ካብ ዝባን ደንደን ኢና ንረኽቦ ኔርና። ከም ጸገም ዝጥቀስ፡ ማይን ምግብናን'ን ታሕቲ ምንባሩ'ዩ። ደብዳብ ነፈርትን ከቢድ ብረትን ምስ ኣብቅዐ ድማ ምሸት ይመጻና።

4ይ ወራር ዝጀመረሉ እዋን፡ ጽዑቕ ደብዳብ'ዩ ነይሩ። ድፋዕና ኣደልዲልና ስለዝነበርና ግና፡ ውሑስነት ነይሩና። ኣብ እዋን ደብዳብ፡ ኣብ ውሽጢ ድፋዕና ኮይና፡ ረጊእና ንሰምዮ። ድፋዕና፡ ካብ ኣየር ንዝድርበ በምባታት'ውን ከምዘፍሽል፡ ሙሉእ እምነቶ ነይሩና።

ደንደን በራኽን ሰፋሕን ዝያዳ ተበሃጊትን'ያ። ኣብ ዝባና፡ መሳጢ ጎላጉል ኣለዋ። ታባታት ግንባር ናቕፋ፡ ቁልቁል ብምርኣይ ጥራይ፡ ፍስሃ ይዓስለና

ነይሩ። ናይ ብርጌድ 51፡ 3 ቦጦሎንታት፡ ማለት ቦጦሎኒ ዳንኤል ጨዓይ፡ ቦጦሎኒ ስዉእ ወዲ ጸጋይን ዓፋን (ዓንዶም)፡ ኣብ ጎቦ ከኣ ፥ቦጦሎኒ ናይ በዓል ወዲ ሊቀ፡ ኩልና ኣብ ትሕቲ ጽላል ደንደን፡ ተዓቑብና ኔርና።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ዝለዓለ ኣዛዚ ናይ ግንባርን መራሕ ብርጌድናን፡ ዓሊ ኢብሪሂም'ዩ ነይሩ፡ ካብ ተራ ክሳብ ላዕለዋይ መራሒ ከኣ፡ ኣብ ደንደን ብሓንሳብ ንነብር። ንፋለጥን ሓቢርና ንበልዕን፡ ንሰትን። ኩሉ ኣሎ ዝበሃል ሕሰም ብሓንሳብ ንካፈሎ።

ኣዛዚ፡ ሓበሬታ ንምምሕልላፍ እንተደልዩ፡ ሬድዮ ኣየድልዮን። ብኣካል ይረኽበና፡ ንረዳዳእ፡ ንመኻኸር፡ ንተጣባዕ፡ ንተኣራረም፡ ኔርና። ተራን ሓለፍትን ብሓንሳብ ኮንካ ምምካትና'ዩ መሰረት ዓወትና። ሓደ እዋን፡ ኣብ ዝባን ደንደን ኣብ እትርከብ ሓንቲ በዓቲ፡ ዓሊ ኢብሪሂም ናይ ሓለፍቲ ኣኼባ እናኣካየደልና ከሎ፡ ጽዑቕ ደብዳብ ተጀመረ። ሓንቲ ቡምባ ኹሉና ሓለፍቲ ከተጥፍኣና ተኸእሎ ኔሩ። ግን ኣማራጺ ኣይነበረን፡ ብወተሃደራዊ ሳይንስ ክርአ ከሎ፡ እዚ ጌጋ'ዩ። ዓሊ ኢብሪሂም'ውን ኣብ ህይወቱን መሪሕነቱን ክሳራ ከጋጥም ከምዝኽእል ይፈልጥ ኔሩ'ዩ። ግና፡ "ቱልጡፍ ዝኾነ ትእዛዝ ኣብ ምምሕልላፍን ኣብ ምትዕጽጻፍን፡ ክንድ'ቲ ቀረብካ እትመርሖን እትእዝዞን ኣይከውንን'ዩ" ዝብል እምነት ኔርዎ እዩ፡ ብፍሉይ ዝዝከር ጅግና መራሒ ዓሊ ኢብሪሂም።

* * *



## ታባ ብልሓት (ምጽዳፍ ዱባለ)

*ኮሎኔል ሓጎስ ተኽስተ*

ካብቲ ንናቕፋ ዝተሃንደደ 508 ግብረ ሃይል፡ ሓደ ሻለቃ ምስተንቀሳቐሰ፡ ቦጦሎኒ 3 ናይ ብርጌድ 58 ንእለቱ መጥቃዕቲ'ያ ፈንያትሉ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣዝዩ ፈጣን ብምንባሩ ከኣ፡ ጸላኢ ከትክል ስለዘይከኣለ ግዳይ ሞት ካብ ምኳን ዓዲ ኣይወዓለን።

ኣብቲ እዋን'ቲ እቲ ክሳብ ደንደን ዝዝርጋሕ ቀዳማይ ግምባር ናቕፋ ክረጋጋእ'ዩ ኪኢሉ። ሽዑ ኣሃዱታት ብምድብ ከምዝዓርዳ ስለዝተገበረ ዕ ርድታት ክህነጹ ጀሚሮም። እቶም ዕርድታት ብካናለታት ዝተላገቡን ኣብ ነንሕድሕዶ ኣሃዱታት ዘቀያይር፡ ጸላኢ'ውን ንከይሓልፍ ብዝብል ጥንቃቐ ዋላውን ጸባብ ቦታ ካብ ዓይኒ ሓለዋ ከተምልጥ ከዶ ዘይሕሰብ'ዩ።

እቲ ሓቂ እዚ ኮይኑ፡ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሻለቃ ናይ 508 ግብረ ሃይል ድሕሪ ምድምሳስ ዱባለ ዝተባህለ ወታሃደር፡ ምስ ሓሙሻይ ርእሱ ንታሕቲ ንናሮ ወገን ይጸድፍ። ወርሒ ክልተ ግመ ኮይኑ ከባቢ ስለ ዝነበረ፡ እዚ ወተሃደር'ዚ ቦታ ጠፊእዎ ብታሕቲ ታሕቲ ናብ ድፋዕና ይድይብ።


እዋኑ ከባቢ ሰዓት 1:00 ቀትሪ ብምንባሩ ቶኽሲ ሃዲኡ'ዩ ነይሩ። ማሕሸም ዝሰምዑ ተጋደልቲ ክጸናተው ጀመሩ። እንተራእዮዎ ናቶ ዝዓይነቱ ብረት ሒዙ ነበረ። ተጨኒቑ ዝነበረ ወተሃደር ይትኩስ'ሞ ንስዩም ማእከልነት ጋንታ ይወግእ። ኣይደንጎዩን ሰለስተ ተጋደልቲ ኣካታቲሎም ብምትኳስ ይወግእዎ። ሳምቦ ሳምቦ ኢሎም ድማ 100 ሜትሮ ናብ ዝርሕቀቱ ገደል ይስንድውዎ። ታሕቲ ኣብ ገረብ ጠልጠል ኢሉ ድማ ይመውት። እዚ ኣብቲ ግምባር ከም ታሪኽ ናይ መጀመርያ ኢዩ።

ካብ ኖት ቡኩ ዝተረኽበ ሓበሬታ ተነበረ፡ ስሙን ኣብ ሶማል ሓዩል ተዋጋኣይ ምንባሩን'ዩ። ብዘይካ'ዚ እቶም ታሕቲ ዝተረፉ 4 ወተሃደራት "ዱባለ" እናበሉ ክጽውዕዎ ምውዓሎም'ዩ።

ክንዮ'ዚ ዱባለ ሓያል ሰላይ፡ ድሕሪት ኣትዩ ይምገብን የበላሹን ዝበሃል ወረ፡ መሰረት ዘይብሉ ቢላ-ቢለው'ዩ። ዕለት 8 መጋቢት ሸዓ ጸዲፉ። እታ ታባ ምጽዳፍ ዱባለ ታባሂላ፡ ድሒሩ ከኣ ታባ ብልሓት ሰዪማ።

ኣብ ታባ ብልሓት፡ ምልእቲ ጋንታ ኣብ ሓንቲ በዓቲ ትነብር ነይራ። ንኽትሸይን ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ጸፊሕ - እምኒ ትሸይን፡ ደሓር ናብቲ ጸድፊ ትድርብዮ።

ከመይሲ! ኣማራጺ የብልካን፡ ንየማን ተበልካ ጸድፊ'ዩ፡ ንጸጋም ተበልካ ጸላኢ ክርእየካ'ዩ። ግን ሽሕ ግዜ ተኣፋፊትን ሓደገኛን'ኳ ተኾነት፡ ተጋዳይ፡ መግቢ ወይ ጀሪካን ተሸኪሙ ይኣትዋ ነይሩ። እቲ ዝገርም ብዘይካ ለምለም



ሓጐስ ተኸስተ

ዝጸደፈና ሰብ ኣይነበረን። ስውእቲ ብጸይቲ ለምለም ናብታ ዝተጠቐሰት ታባ ጀሪካን ተሸኪማ እናደየበት እንክላ ጸዲፋ። ድኹንግምበር ኣብ ታሕቲ ናይቲ ጸድፊ ገረብ ተቐቢልዋ። ጠልጠል ኢላ። ግድን ክነውጽኣ ስለዝነበረና ሓደ ሰብ ብገመድ ናይ ጃንጥላ ከምዝወርድ ተገይሩ። ንዓኣ ኣሲሩ ኣውጺእዋ። ንስ ድማ ደድሕሪኣ ወጺኡ። ደሓር ግን ለምለም ኣብ ሕክምና ከላ ብሕማም ተሰዊኣ።

ክዳኒት ጋህሲ

ዕርቃን ዝነበረለ እዋናትኹ ኣብ 1981ዩ። ጸላኢ ኣብ ኢትሓልበብ፡ ዝተቐዝፈሉ ክልተ ማእከልነት ሓይሊ፡ ሃይለ ወዲ ኣብርሃም፡ ያቆብ (ሰልጠነ) ብሽመይ ኣይፈልጥን፡ ሓንቲ ጋህሲ ናይ ጸላኢ ረኺቦም። ጃኬት፡ ሰዓት፡ ብረት፡ ከም በዓል ኢ.ም14፡ ክላሽን፡ ይረኽቡ። ደሓርታይ ኢልካዮ ኢኻ፡ እታ ጋህሲ እናተፋሕረት ኑቲ ዝነበረ ዕርቃን ናይታ ኣሃዱ ከም ተቃልል ተገይሩ። ዋላ እቲ ዝመሸመሸ ኣብ ማይ ውዑይ ጠጢቹ ተጋዳላይ ይኽደኖ ነይሩ።

ካብ መስዋእቲ . . .

ናይ ኩሎም ብጾትና መስዋእቲ ማዓንጣ ክብድናኳ ዝቐርጽ እንተኾነ፡ ናይ ክልተ ተጋደልቲ ግን ክሳብ ሎሚ እዝክር።

እቲ ሓደ መምህር ዝበሃል መራሕ ጋንታዩ ነይሩ። ብለካቲት 79 ኣብ ኢትሓልብዩ ተሰዊኡ። ኣብ ጸላኢ ስለዝወደቐ ሬስኡ ክነውጽኣ ኣይከኣልናን። ድሕሪ 10 ወርሒ ናብታ ቦታ ምስተመለስና ልክዕ ኣብ ግዜ ኵናት ዝነበረ ዕጥቁን ምስታ ጥውይ ነጸልኡን ተሰዊኡጺኒሑና። ካብ ለካቲት ክሳብ ታሕሳስ፡ ልክዕ 10 ወርሒ ገይሩ ከይተቐብረ። ጸላኢ'ውን ኣይኣለዮን።

ካልኣይ መራሕ ጋንታ ባራፋንገ'ዩ። ሞዓዕ በጺሕና ዓዲ -ሸሩም ምስ ሓዝና፡ ስዉኣትናን ውግኣትናን ክንግምግም ከለና ንስኡ፡ ከምዘይስልም ንተኣማመን ኢና። ግን እንታይ ረኺቡዎ ኢልና ሓሲብና። ኣብ ራብዓይ መዓልቲ ኣብ በዓቲ፡ ብህይወቱ ከምዘሎ ኮፍ ኢሉ ጺኒሑና። ንስ ግን ተኻሪጁ'ዩ።



# ኩባንያ

"ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ መዓስከር ደንደን፡ ኣብቲ ስንኩላን ዝኣለዩሉ ሆስፒታል'ዩ ዘሎ" ብዝብል ሓበሬታ፡ ንስንኩል ተጋ/ተስፉ ይሕደጎ (ወዲ ይሕደጎ) ንምርካብ፡ ናብኡ ኣምራሕና።

ክሮድዮ ናይቲ ሆስፒታል፡ ብጽምዋ ዝተዋሕጠ'ዩ። ኻትትረግጾ የናርሓካ። ንመን ክምእንሓቶ ሓርቢቱና። ግልጽ ምልጽ እናበልና ውሽጢ ኣተና። ኣርባዕተ ስንኩላን ተጋደልቲ ዝደቀሱላ ክፍሊ በጺሕና። "ንወዲ ይሕደጎ'ዶ ክንረኽቦ ምኽኣልና?" ብህድኣት ተወከስናዮም። እቶም ተጋደልቲ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ብኸቢድ ዝሰንከሉ'ዮም። ቅንዕ ኢሎም ክሕብሩና ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ኩርናዕ ደቂሱ ዝነበረ ስንኩል፡ ክምስ ምስ በለ ድማ ኢና ረኺብናዮ፡ ንወዲ ይሕደጎ።

ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ ምኽንያት መምጽኢና፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ካብ ዝተኻየዱ ኵናት፡ ሓንቲ ፍጻመ ክዘንትወልና ምዃኑ ኣተምባህናሉ። ወዲ ይሕደጎ፡ ኣዒንቱ ኣጨፊጨፉ ነዊሕ ድሕሪ ምቁማት፡ ሓንቲ ካብ ዛንታታት፡ መኸተ ተጋዳላይን ጽንዓት ታባታትን ግንባር ናቕፋ ክዘንትወልና፡ ኣፉ ከፈተ።

ተጋ/ተስፉ ይሕደጎ፡ ንናቕፋ፡ ካብ 1979 ጀሚሩ'ዩ ዝፈልጣ። ኣብ ከባቢ ሕዳይ፡ ቢየን፡ ናሮ፡ ኢትሓልበብን ካልኦት ታባታትን ብኸርታት ዝገደፍሉ ዓውደ ኵናትኳ እንተሃለውዎ "ኣይከምታባ ኩባንያ" ኢዩ ዝብል።

እዋኑ 6ይ ወራር'ዩ። ካብ ባኖና (ባርካ) ተበጊሱ፡ ብዝንኣድ ፍጥነት ደበኽ ዝበለት ብርጌድ 58 ቦጦሎኒ-2፡ ብጽርግያ እንዳ ዓሊ ሒጐ ኣቢላ፡ ትክስ ምስኣተወት፡ ከየዕረፈት፡ ጽዕጹዕ ኵናት'ዩ ተቐቢልዋ። ግዳ፡ ኣብ ባርካ፡ ንዝተፈላለዩ መጥቃዕትታት ጸላኢ ስለዘፍሸለት፡ ሬዚን ሞራል ስኒቓ ብምንባሩ፡ ትክስ ክቆጻጸር እናተሃንደደ ንዝመጸ ጸላኢ፡ ናብ ናሮ ኣጽዲፋ ኣብ ታባ ኩባንያ ክትዓርድ፡ ግዜ ኣይወሰደላን።

ድኹንግምበር "ታባ ኩባንያ፡ ግድን ክትተሓዝ ኣለዋ" ናይ ወትሩ ሕልምን ምንዮትን ኣዘዝቲ ጸላኢ ስለዝነበረ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ትንፋስ ዘይህብ ምርብራባት'ዩ ተኻይዱ። ሓደ ወጋሕታ፡ ምድረ ሰማይ ብግመ ተሸፊኑ፡ ቁርን ኣስሓይታን በርቲዑ ከሎ፡ ኣብ ታባ ኩባንያ ዝነበሩ፡ ካብ ሓይልታት 21,22 ዝተዋጽኡ ተጋደልቲ፡ ዘይሓሰብዎ ኣጋጠሞም። ግመ ከም ከውሊ ተጠቒመን ብድሕሪት ተጠውየን ናብ ዝበረኸ ታባ ኩባንያ ዝሓኾራ ሽሾ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ኔው ኒጀው ክብላ፡ ኣዒንቶም ረኣየ።

ብቕድሚት፡ ድፋዕ ኮዒተን ወትሩ ዝታኾስኦም ኣለዋ። ብድሕሪኦም ድማ ገጂፍን ሓድሽን ጸላኢ ብምድያቡ፡ ኣብ ሞንጎ ተቐርቀሩን ኣብ ከበባ

ኣ·ተዉ·ን። እ·ተን ብዕድል ዝሰለጠን ብድሕሪት ዝኣ·ተዋ ወ·ተሃደራ·ት ጸላኢ፡ ቁልቁል ክትከ·ሳ ጀመራ·። ናይ ተቓወ·ሞ መልሲ ስለዘይረኸባ ከኣ ሻደና፡ ኣብ ቃልዕ ዝነበሩ· ተጋደልቲ፡ መው·ጋእቲ ክጋጥሞም ጀመረ፡ “ኣ·ብዛ ህሞት·ዚኣ፡ ኩ·ልና ንመስዋእቲ ተዳሊና፡ ጸላኢ ክጽግዓና እናተጸበና፡ መራ·ሕቲ ሓይልታት ካብ ዝነበሩ· ተጋ/መኮንን ኣልመደ (ወዲ ኣልመደን) ተጋ/ነጋ ፍስሃየን (ስዉኣትየ·ም) ብስራ·ት ዝሓዘለት ናይ ሬድዮ መልእኽቲ ኣመሓላለፉ·ልና” ይብል ሽዑ· መራ·ሕ ጋንታ ዝነበረ ተጋዳላይ ተስፉ· ይሕደጎ (ወዲ ይሕደጎ)። “ነዚን ተጠው·የን መጺኡ·ናና ዘለዋ፡ ብጽትና ክሃ·ጅ·ምወን ጀሚሮም ኣለዉ፡ መወ·ጽኢ ስለዘይ·ብለን ደማ ናባናየን ዝመጻ፡ ኣጥፊእናየን ኢና ንጠፍእ ስኒ ንንክስ ጥራ·ይ” ት·ብል ነበረት መልእኽቲ ወዲ ኣልመደ።

ህጁ·ም ተጀመረ፡ ወዲ ኣልመደ ከም·ዝበለ· ፡ወ·ተሃደራ·ት ጸላኢ፡ ካብ ዝሓዝኦ ታባ፡ ጸደፉ·። እ·ቲ ግንባር፡ ብኹ·ሉ· ሸነኻቱ· እሱ·ር ስለዝነበረ፡ ና·ብ ዘ·ብልኦ ጠፊእወን ክዕለብጣ ጀመራ·። ድሓ·ዕ ናይ በዓል ወዲ ይሕደጎ ፈንጢ·ስካ ካብ ምው·ጻእ፡ ካልእ ኣማራ·ጺ፡ ኣይነበረንን።


ተጋ/ተስፉ· ይሕደጎ

“እ·ቲ ኲናት፡ ሕልሚ·ምበር ጋህዲ ይመስል ኣይነበረን፡ ክም ተቐዳደምቲ ጉ·ያ እግሪ፡ ብእኩ·ብ እናተኩ·ሳ ክጽግዓና ከለዋ፡ ብመጀ·መ·ዕ ኢና ኣርጊፍናየን” ኢ·ሉ·ዩ ዝገልጾ ወዲ ይሕደጎ።

ኣብዚ ኲናት·ዚ፡ እ·ተን ቀዋሚ ድፋ·ዕ ሒ·ዘን ዝነበራ· ወ·ተሃደራ·ት ጸላኢ፡ ኣ·ብ ዝቐነይኦ ተደጋጋሚ ምር·ብራ·ባት፡ ክም ሕስ·ም ተዳኺ·መን·የን። ብራ·ዕዳ ተዋሒ·ጠን ብዘይምትካ·ስን ከኣ ዓቢ ሓጎዝ ነይሩ·።

“መስተንክራ·ዊ ኲናት·ዩ፡ ዕስለ ጸላኢ፡ ኣብ ቅድሜና ተዛሕዚሐን መላሲ ኣው·ያት ዘይ·ብለን ክ·ተርፋ· ከለዋ፡ ካባና፡ ስኒ ምስ·ዩም (መራ·ሕ ጋንታ)፡ ደበሳይ ወዲ ፍጡ·ር (ኮሚሳር ጋንታ)፡ ወዲ ብርሃነን ዳዊትን·የ·ም ተሰዊኦሙ·ና” ዝበለ ወዲ ይሕደጎ፡ ሽዑ፡ ኣብ·ቲ ክበባ ዝነበራ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ፡ ከም በዓል ገነት ኣስመላሽ (ሻኩ·ይ)፡ ንል ዓጀብ፡ ኣልማዝ፡ ት·ብለጽን ስ·ተልበናትን (ኩ·ለን ኣ·ብ ካልእ ኢጋጣሚ ዝተሰው·ኣየን) ዘርኣይኦ ጅግንነት፡ “ክሳብ ሎሚ ቅጅል ይብለኒ” ይ·ብል። ክብደት ናይቲ ኲናት ብዝምልከት·ው·ን “ግደ ሓቂ ክንዛረብ እንተኾይኑ፡ ኣጥፊእና·የን ክንጠፍ·ምበር ካብ·ቲ ክበባ ክንወጽእ ኢና ዝ·ብል ግምት ኣይነበረንን” ኢዩ ኢ·ሉ·። ግና ካብታ· ክበባ ንስክላ ይው·ጻእ·ምበር፡ ድሕሪ ቑሩ·ብ ግዜያት፡ ኣብ ኲናት ሰላሕታ· ወራ·ር፡ ኣብ ዓንዲ ሕቘኡ· ዝተሸኽ·ተት ክሳብ ሎሚ ብዘይወጸት ጥይት ሰንኪ·ሉ·ዩ ዝርከብ።

ታባ ኩ·ባንያ፡ ካብ ታባ ሓመኽሽቲ ንጸጋም ዘላ ምስ መርከብና ትመሳሰል



ታባ'ያ። ኣብ ፍርቂ ተረተር'ዩ ዝዕረዳ። ብበ·ምባታ·ት ኢድ'ምበር ቀኒዕካ፡ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ሓባሪ ኣዋሃሂድካ ጠያይት ምትኳስ ዘይሕሰብ'ዩ። ብረሻሻትን መዳፍዓትን ጸላኢ እናሻዕ ስለትድብደብ።

ጸላኢ፡ ታባ ኩ·ባንያ ንምቍጽጻር ተደጋጋሚ ዝጥቀመሉ ሜላ ነይርዎ። ጽዑቕ ደብዳብ ድሕሪ ምክያድ ብዓይኒ ብለይ ስኒብለይ ምህጃም።

“ደጊም ተው·ዲኦም'የ·ም” ኢሉ ተኣማሚኑ ናብታ· ታባ ዝጽጋዕ ጸላኢ ግን፡ ሰሊጥዎ ኣይፈልጥን። ብበ·ምባ ኢድ ናይ'ቶም ብር·ቱዕ ድምጺ፡ ጸቕጥን ሃፈጽታ·ን ናይቲ ደበዳብ ተጻዊሮም ልሕግ ኢ·ሎም ዝጸንሑ ምዑ·ታት ተጋደልቲ ይልሓስ ስለዝነበረ። “ብደብዳብ ተወዲኦም እናበልናዮም ኣበይ ይጸንሑ ኣለዉ?” ጸላኢ ዘይፈ·ትሖ ሕንቅልሕንቅሊ·ተይ'ዩ። “ኣብኡ ናይ ሰብ ኢንዱስትሪ ደኣ ክይህልዎም?” ኣብ ዝብል መደምደምታ· ምስ በጽሐ ድማ'ዩ፡ ጸላኢ፡ ነታ· ታባ ኢንዱስትሪ ዝበላ።

ተጋደልቲ፡ ታባ ኩ·ባንያ ዝበልዋ ምኽንያት። ቿንቁ (ኮሎኔል ገብረገርግሽ ዓንደጽዮን) ይጸዊ፡- “ስዉእ መኮንን ኣልመደ (ወዲ ኣልመደ'ዩ) ኣጠሚቕዋ። ተጋዳላይ፡ ብበ·ምባ ኢድ ቅትል ንዝወዓለን ወተሃደራ·ት ጸላኢ፡ ምሸት ምሸት ኣናኸደ፡ ዕጥቀን ግፍፍ ይሓድረን ነይሩ” ይብል። ካላሽን፡ ጠያይት፡ በ·ምባ፡ ሻንጣ፡ ኮረሾ፡ ስታጥላ፡ ማይ ዝመልአ ብራሾ፡ ጃኬት፡ ኮታ· ኩሉ ስንቂ ተጋዳላይ ካብ ጸላኢ ይሽረፍ ነይሩ - ብሓቂ ኩ·ባንያ።

“እሞ ና·ብ'ታ· ኩ·ባንያ ንወርድ ኣሎና። ፋ·ብሪካና ገለ ኣጽዋር ሰሪሓትልና ው·ዒላ ትኸው·ን'ያ” ይብል ነበረ ወዲ ኣልመደ። በዚ ከኣ ታባ ኩ·ባንያ ተባሂላ።

ኣብ ታባ ኩ·ባንያ፡ ብዛዕባ ወዲ ማንታይን ስዉእቲ ገነትን (ሻኩ·ይ)፡ ዕላል ኣላ። ክልቲኦም ኣብ ዝነደቕዎ ጸባብ ድፋ·ዕ ኮይኖም እናተኸታተሉ፡ ገነት ጸገም የጓንፋ·። ክይሸነት ስለዝኣተወት፡ ተቐሪጻ። ኣብ ዘላቶ ክይትሸይን መደቀሲኦም ስለዝኾነ ክይጨንዎም ዒብ ጌራ፡ ምስ በርትዓ ግን፡-

“ኣታ· ወዲ ማንታይ፡ ብቕርጸት ሽንቲ'ምበር ተዋጢ·ረ” በለት ገነት።

“እሞ፡ ከምቲ ቆልዑ ክሎና ሓመድ ኣኪብና ንሸነላ ዝነበርና ሸኒሞ ነተን ዝተርከሳ ሓመድ በዚ ንድርብየን”

“ከው·ሒ እንድዩ ሓመድኳ ዘይብሉ”

እሞ እንኪ ኣብዛ ጃኬተይ ሸኒ”

“ድሓርከ ንስኻ እንታይ ክትክደን?”

“ዕድል እንተረኺ·ብና ንሓጽባ እንተዘይኮነ ንድርብያ። ምሸት ካብዘን ኣብ ቅድሜና ተዛሕዚሐን ዘለዋ ሬሳ ጸላኢ ሕድስ ዝበለት ጃኬት ነምጽእ።”

* * *

# ውዕሎ ታባ ውፉያት

6ይ ወራር፡ ብወግዒ ክጅመር ከሎ፡ ማእከልነት ጋንታ ዘሚኪኤል ተኽልያ (ወዲ ተኽልያ) ዝሓዛ ጋንታ፡ ኣብ መስመር ኣፍዓበት'ያ ነይራ። "ኣርከብ" ምስተባህለ፡ ብዘብዘብ እዋን ከውታ ለይቲ፡ ታባ ውፉያት ዝሓኸረት ድማ'ያ።

ጸላኢ፡ በተን ተጋዳላይ ንምህዳድ ትሕት ኢለን፡ ብርቱዕ ድምጺ እናፈነዋ፡ ዝሕምበባ ዝነበራ ነፈርቲ ኰናት እናተሓገዘ ክጽጋዕ ከሎ፡ ሰፍ ዘይብል እምነት'ዩ ነይርዎ፡ ዓወት ክምዝጎናጸፍ።

ካብ ታባ ውፉያት፡ ንሽንኽ ጸጋም ዝነበሩ ታባታት ምስተቖጻጸረ እሞኸኣ "ኣካኪ ዘራፍ'ዩ" ኢሉ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣንፈቱ ናብ ታባ ውፉያት ከቕንዕ ከሎ፡ ክቱር ሃራርፎቱ፡ ነዛ ታባ ክቆጻጸር'ሞ ናይ መወዳእታ ሸትኡ ክወቅዕን ክዛዝምን'ዩ ነይሩ። ከምሕሱም ከኣ ንታባ ውፉያት ደብደባን ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ፈነወላን።


ቅርጺ መሬት ታባ ውፍያት፡ ምስ ጸላኢ ዘየረኣእይ'ዩ። ጸላኢ እንተተጸጊዑ፡ ብጸጋም ዘለዉ ብጾት'ዮም ዝትከሱሉ። ጋንታ ወዲ ተኽልያ'ውን ከምኡ። ኣብ ጥቓኻ ንዘሎ ጸላኢ፡ ማዕዶ ዘለዉ ብጾት ይከላኸሉልካ ማለት'ዩ።

ኣብዚ ናይ ቂሩቁስ ካልኢት፡ ሓደ ውተሃደር ጸላኢ፡ ናብ ድፋዕ ጋንታ ወዲ ተኽሊያ፡ ብዕድል ተጸግዐ። ተጋዳላይ ኘኽሕዝ፡ ዝል ክብል ከሎ፡ ወዲ ተኽልያ'ዩ ቀዲሙ ኣእዳው ቀርቀብ ኣቢልዎ። ወዲ ተኽልያ፡ ቅንዕ እንተ ኢሉ ኣብታርጌት ክኣቱ ምኳኑ ይፈልጥ'ዩ። ብልዐል ጥንቃቐ በእዳው ስሒቡ ክሳዱ ሓነቐ። ተቓሊሶም፡ ተጠማጢሞም፡ ወዲ ተኽልያ ንቲቱ ናብ ድፍያም ብምእታው ድማ ማረኾ። ኣብ 6ይ ወራር፡ ናይ መጀመርታ ምሩኽ፡ ኣባል "17ኛ ክፍለጦር" ተመዝገበ።

ኣብዚ ብኹሉ ሸነኻቱ ግጥም ጻጸ ምስ ሓርማዝ ዝኾነ ኲናት፡ ሓይሊ ጸላኢ በርቲዑ፡ ካብ ታባ ውፍያት ጸጋም ዝርከብ፡ ብቋንቋ ኲናት፡ ከውሒ፡ ኣውቶቡስ፡ ካራካራ፡ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቦታታት ምስተቖጻጸሮ፡ ኣብ ታባ ውፉያት ሓያል ምርብራብ'ዩ ተኻይዱ። ግና፡ ጸላኢ-ይጽጋዕ፡ ይጽፋዕ። "ሓንሳብ ግን" ይብል ኮሎኔል ዘሚኪኤል ተኽልያ ጸላኢ፡ ንታባ ውፍያት ሒዝዋ ነይሩ'ዩ። ክይጣጠሐ ከኣ ኣውሪድናዮ። ድሕሪ'ዚ 6ይ ወራር ክሳብ ዝዛዘም፡ ብውፍያት ዝተዓቀበት ታባ'ያ። ብዙሓት ብሉጻት ጀጋኑ በጅኣ ተወፍዮም። ምስክሮምን ሓወልቶምን ንሳያ። ስለዝኾነት ድማ'ዩ ታባ ውፉያት ተባሂላ።

ኣብ ታባ ውፉያት ካብ ዝተሰዉኡ ብሉጻት ሓደ፡ ማእከልነት ሓይሊ መሓሪ ኣስራት (ወዲ ኣስራት)'ዩ። ወዲ ኣስራት ናይ ኣርባዕተ መዓልቲ





ኮሎኔል ዘሚኪኤል ተኽልያ

ተሪር ምርብራባት ተኻይዱ ኣብ ምውድኡ ዝተሰውአ'ዩ። እቲ ዝገርም፡ ኣብ እዋን መስዋእቱ፡ በዓልቱ ቤቱ ነፍሰጾር ኮይና እንዳ 17 ክይዳ'ኳ እንተነበረት፡ መስዋእቱ ግን ኣይተኸወላን። ንዝወለደቶ ዕሸል ድማ፡ ወዲ ኣስራት ንዘልኣለም ኣዕሪፉላ ናይ ዘሎ ታባ ውፉያት ስም'ያ ኣውሪሳቶ። ውፉይ ኢላቶ።

ወዲ ተኽልያ ተኣምራታዊ ዝኾረ ታባ ሓሙኽሽቲ'ውን ኣለዎ። ታባ ሓሙኽሽቲ፡ ብኹሉ ዓይነት ኣጽዋራት ጸላኢ ክትድብደብ ምችእቲ ዝነበረት ታባ'ያ። ብኽቱር ደብዳብ ድማ'ያ ካብ ጸሊም ከውሒ ናብ ሓሙኽሽቲ ተቐይራ። ሓደ እዋን፡ መጠነ ኣልቦ ዝኾነ ደብዳብ እናተኻየደ ከሎ፡ ብሕቖ ሓደ ብጻይ ኣትያ፡ ብኽብዱ ዝወጸት ዘይተተኮሰት ሞርታር ይዝክር። እቲ ብጻይ፡ ነታ ቡምባ ልክዕ ከም መሬት ኮይኑ'ዩ ተቐቢልዋ። ካብ ምፍንጃር ስለዘድሓና ኘኻልኦት ብጾቱ ኣድሒኑ፡ በኽ ሓሊፉ።

ወዲ ተኽልያ ኣብ እዋን ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ናቕፋ በጺሑ ነይሩ። "ምስ ስዉኣት ብመንፈስ፡ ምስ ዘዕበየኒ ታባታት ከኣ ገጽ ንገጽ ተረኣኢና። ኩሎም'ቶም ሽዑ ምሳና ዝነበሩ ስዉኣት ብጾት፡ ሓደ ብሓደ ተራእዮሙኒ። ልዕሊ'ታ ከተማ፡ እቲ ድፋዓት፡ ኣብኡ ዘሕለፍናዮ ማሕበራዊ ሂወት፡ ቅጅል ኢሉኒ።ኣብዚኣ እከለ ተወጊኡ፡ ኣብዚኣ እገሊት ተሰዊኣ፡ ኣብቲኣ ተነቓቒፍና፡ ኣብታ ገረብ ተማሂርና ኢለ ኘኹሉ ዘኪረ። ዕድል ክርከብ ከሎ፡ ሰፈር ጀጋኑ እናኸድካ ዝኸርታትካ ምሕዳስ ንባዕሉ ጸጋ'ዩ" ድማ ኢሉ።

* * *

## ሚካናይዝድ

ኮሎኔል በረኸት ኣብርሃ (ፈንጂ) ኣባል ኣጋር ከቢድ ብረት ቦጦሎኒ 500 ሓይሊ 45 ብምዃን፡ ካብ ከበባ ናቕፋ ጀሚሩ ዳርጋ ክሳብ መወዳእታ፡ ካብ ግ/ናቕፋ ዘይተፈልየ ተጋዳላይ'ዩ። ኣብ መዝገብ ዲያሪኡ ካብ ዘስፈሮም፡ ኣመሰራርታን ኣመዓባብላን ኣሃዱ ሚካናይዝድ ይርከቦ። እምበኣር ሚካናይዝድ ግንባር ናቕፋ፡ መዓስን ብኸመይን ከምዝተመስረተ ኮሎኔል በረኸት ንኣፍልጦ ዝኸነናን ኣካፊሉና ኣሎ።

ኣሃዱ ሚካናይዝድ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ 1977 ኣብ ከረን፡ ካብ ጸላኢ ብዝተመንዝዓ ታንክታት'ዩ ቆይሙ። 3-A.P.C (ሰባት ዝስከማ፡ ብራውን ዝሕዛ ስርሓት ኣሜሪካ፡) ክልተ - ኤም 41፡ ናይ 76 ሚ.ሚ ሞርታርን ንኣሽቱ ኣጽዋርን ዝሕዛ ስርሓት ፈረንሳ ተማሪኸን።

እዘን ታንክታት፡ ክሰርሓ ስለዝነበረን ድሕሪ ገለ መዓልታት ዘወርቲ ዝኾኑ፡ ብቕዓት ምምራሕ መኪና ዝነበሮም ኣባላት ኣጋር ከቢድ ብረትን ካብ መንዓዝያን ተዋጽኡ። መድፋዓጂ ንዝኾኑ ከኣ ካብ ኣጋር ከቢድ ብረት ተመርጹ።

ህ.ግ. "ንጸላኢ፡ ብጥይቱ ብብረቱ" ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓቕሚ ሰብ ጸላኢ'ውን ብግቡእ ክጥቀመሉ ስለዝጀመረ፡ ካድረን ጊታቸውን ዝተባህሉ ምሩኻት፡ ምስ መቶ ኣለቃ ግርማጽዮን (ተጋዳላይ) ብምዃኑ፡ ከም መምህራን ብምምዳብ፡ ኮርስ ጀመሩ - ሓንቲ ጋንታ። ካብዛ ኮርስ ዝወጹ ዘወርትን ተኮስትን ድማ'የም መሰረት'ቲ ሚካናይዝድና፡

ኣብ ከባቢ ደጉሊ ዝተረኸባ 4 ኣምፊቢያንን ቲ-34 ዝዓይነተን ታንክታትን ንውልዶ ሚካናይዝድ ስለዘሰሰንኦ፡ ኣብ መጥቃዕቲ ባጽዕ (1977) ክሳተፍ ከምዝኸል ተኣምነሉ። 4 ታንክታትን ሓደ "መቶ ስድስትን" ዝዓጠቑ ኣባላት ከኣ፡ ንዝተማሃርዎ፡ ብግብሪ ከመስክሩ፡ "ሰንጥቕ" ዝብል መጸውዒ ተዋሂብዎም፡ ኣብ ስርሒት ሰምሃር ተሳተፉ።

ኣብ ስርሒት ሰምሃር፡ ኣብ ምድሪ ባቡር ዝተማረኻ ኣምፊቢያናትን ዙ-23፡ ጉልበት ተኾሲ ክሕይል ኣኽኢለን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኢቃውማ ሚካናይዝድ ናብ ክልተ ጋንታታት ክምዕብል ሓጊዘን'የን። ቀጺሉ ኣብ እዋን ምዝላቕ፡ ኣብ ዲባርዲድ ብዝተማረኸ 4 ታንክታት ድማ፡ ዙተኣማምን ብዝሕን ሰብ ሞያ ክኢላታትን ስለዝተጠርየ፡ ኣሃዱ ሚካናይዝድ ካብ ክልተ፡ ናብ ሰለስተ ጋንታ ታንክኛን፡ ሓደ ጋንታ መድፍዕን (ንመጀመርታ ኣብ ደንጎሎ ብዝተረኸበ መድፍዕ) ዓብዩ ኣብ ኣገደስቲ ቦታታት ተወዘዐ።

ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ ቀይሕ መሬትን ኣብ ዓራግ ንዝተመደበ ኣሃዱ ታንክኛ፡ ኣብቲ ናይ ምክልኻል መድረኻት ዝነኣድ ተራ ኣይነበሮን።ኣብ



1980፡ ኣብ ዲራቕ ዝተማህሩ ተጋደልቲ ታንከኛታት ምስመጹ'ዩ ለውጥን ምዕባለን ክርእ ዝጀመረ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንሓያለ ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ጸላኢ፡ ካብ ኢትሓልበብ ናብ ሕዳይ ምስጸደፈ፡ ኣሃዱ ታንከኛታት ግስጋሴኡን ተሳትፎኡን ፈለመ።

ኣብ'ዚ ውግእ'ዚ፡ ሓደ መስተንክር ቅያ ተፈጺሙን ዓወት ተሓፊሱን'ዩ። ኣብ ህድማ ዝነበረ መካናይዝድ ጸላኢ፡ መገላበጢ ኣብዘይብሉ ጸቢብ ቦታ፡ ትመርሕ ዝነበረት ተሽከርካሪት ብኣርፒጂ ስለዝተሃርመት፡ ዝሰዕባ ዝነበራ ተሽከርከርቲ ተዓገታ። ኣብዚ ህሞትዚ ድማ ብጠቕላላ፡ ክልተ. ፒ.ቲ. ኣር፡ ኣርባዕተ - ኣምፊቢያን፡ T55፡ 76 ሚ.ሜ፡ 85 ሚ.ሜ፡ ሓሙሽተ- ዙ 23፡ ሽውዓተ-35 ሴ.ሜ፡ ተማረኸ። መካናይዝድና ደልዲሉ ክረግጽ ዘኽኣሎ ንብረት'ዩ። ብደረጃ ቦጦሎኒ ክቐውም መንጠሪ ባይታ ተረኸበ። ሚያዝያ 1980 ከኣ ቅርጺ ቦጦሎንታት ሓዘ። ቦጦሎኒ 4 ቦጦሎኒ-5።

ቦጦሎኒ - 4 ታንከኛ ሓይሊ 41፡ ሓይሊ 42፡ ሓይሊ 43፡ ቦጦሎኒ - 5 ድማ፡ ብኽልተ ረሻሽ ሓይልታትን፡ ብኽልተ ረሻሽ መድፋዓጅን ደረጃ ወሰኸ።


ኣብ'ዚ ክዝከር ዝግብእ መስተንክራዊ ጅግንነት ተራእዩ'ዩ። ጸላኢ፡ ተሽከርከርቱ ተዓጊተን እግረይ ኣውጽእኒ ክብል ከሎ፡ ንሓንቲ ቡምባ ዝጸዓነት መኪና ሓዊ ብምርካቡ፡ ኻልኣት ተሽከርከርቲ ብጥዑያተን ንምውጻእ ዝተራእየ ምቅድዳማትን ተወፋይነትን ተኣምር'ዩ። ሓያለ ታንክታት ከኣ ካብ ውሽጢ ባርዕ ተሳሒበን ክወጻ ክኢለን።

ኣብ ግንባር ናቕፋ ድልዱል ኣሃዱ ተመስረተ። ምስ ብዝሒ ኣጽዋር፡ ብቕዓት ዓቕሚ ሰብ'ውን ብቐጻሊ ኮርስ ክብ በለ። ንታንክታት ብግቡእ ክንጥቀመለን፡ ተንሽን ክንሃርም፡ ንድፋዕ ይኹን ንታንኪ ጸላኢ ፊት ንፊት ክንዋጋእ ዝበቓዕና ከኣ ሽዑ'ዩ። ነዚ ብቕዓት'ዚ ጸላኢ'ውን መስኪርሉ'ዩ። "ሓያል ዓቕሚ መካናይዝድ ስለዘለዎም ተጠንቀቑ" ዝብል መልክእኽቲ ሬድዮ ክመሓላለፍ ብጠለፋ ተሰሚዑ ነይሩ'ዩ። ብሓፈሻ ክርእ ከሎ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝተወልደ ኣጋር ከቢድ ብረት፡ ኣብኡ ዓኾኹ፡ ኣብኡ ደልዲሉ። ቅርጺ ቐይሩ። ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ሚካይናዝድ ተሰጋጊሩ። እቲ ዝገርም፡ ኣብዚ መስርሕ'ዚ ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣብ ኵናት ዝነደደት ታንኪ ዘይምንባራ'ዩ።

* * *

## 3 ታንክታት ኣብ ሓደ ህሞት

ጽባሕ ወጋሕታ 5ይ ወራር፣ ጸላኢ፣ ብሞንን ፈርኔሎን እንዳህበይን ክሰሉኽ ተደጋጋሚ ፈተነ ኣካይዱ ምስላጥ ምስ ኣበዮ፣ ታንክታቱ ኣምሪሑ'ዩ ዳግማይ መጥቃዕቲ ኣካይዱ። "ቀዳመይቲ ዓባይ ፈታሺት ታንኪ፣ ብሩባ ሩባ ሞያ'ያ መጺኣ። ናብ ድፋዕና ትጸጋዕ 'ምበር ከየድመፀት ዳዊት (ወዲ ኣስራት) ተንሺኑ ብዝለኣኻ ቡምባ ኣርፒጂ፣ ካብ ጠቕሚ ወጻኢ ኮይና።" ይብል፣ ሽዑ፣ ተሳታፊ ናይቲ ምርብራብ ዝነበረ ኮሎኔል ኣብርሃም (ቢቢሲ)።



ኮሎኔል ኣብርሃም (ቢቢሲ)

ካልኣይቲ ታንኪ ድማ፣ ብእንዳህበይ ሓኾረት። ብርቱዕ ድምጺ እናገዓረት ድፋዕ ተጋዳላይ ክትጽጋዕ ከላ፣ ብኹሉ ኩርናዕ ዝነበረ ተጋዳላይ፣ "ሃየባ ሃየ ህረምዋ" ኢዩ ኢሉ። ግና፣ ዝምክታ መድፋዓጂ ኣይነበረን። ቢቢሲ የዕልል። "ብወገን እንዳህበይ ታንክታት ክጽግዓ ከምዝኽእላ ገሚትናስ ሓደ ተኪኤ ዝተባህለ መድፋዓጂ ኣርፒጂ ንመሓለውታ መዲብናላ ኔርና ኢና። እንተኾነ ግን ታንኪ ክትጽግዓና ከላ "ተኪኤ በላ...ተኪኤ ተኩስ፣ ተኪኤ" እንተጸዋዕና፣ ተኪኤ ኣብ ቦትኡ ኣይነበረን። ኣብቲ ርሱን ኩናት ዋርድያ ክኸውን ኣይተዋሕጠሉን። ኣይከኣለን። ዝተባህሎ ገዲፉ ድማ ብኢደ ወነኑ ካናለ ኣትዩ እናተዋግአ ተሰዊኡ'ዩ ነይሩ።

ታንኪ ጸላኢ ተጸግዐት። ዳርጋ ካናለ ክትኣቱ 2 ሜትሮ ተረፋ፣ ኣብዛ ናይ ቋሕ ሰም ካልኢት፣ ምልክት ዘይነበሮ ተስፋገርግሽ ዓማ፣ ናይ ተኪኤ ኣርፒጂ ኣልዒሉ፣ ንዕድሉ ተኹሰላ፣ ጨመታ ከኣ። ታንኪ ጸላኢ ድፋዕ ተገምጊማ ደው በለት። ኣብ ከቢድ ሰኽፍታ ጥሒሉ ዝነበረ ኩሉ ተጋዳላይ ከኣ ሓጎሱ ገለጸ። ብሆይታ ዕልልታ፣ ብቶኽሲ ዋዕዋዕታ።

"ጸላኢ፣ ሕጂውን ኣይፈገደን፣ ሳልሰይቲ ታንኪ ልኢኹ፣ እዚኣሞ ኸኣ፣ ገና ኣብ ምብጋሳ ሓደጋ ወሪድዋ። ኣብ ጉድጓድ ተገምያ ተረፋ" ኢሉ ቢቢሲ።



ኣብዚ፣ ግጥም ኣጋር ምስ ታንኪ፣ ምስ ቢቢሲ ዝነበረ ኩሉ/ሳልሕ ኣደም'ውን ብዛዕባ'ዘን ዝተጠቕሳ ታንክታት ዝዝክሮ ኣለዎ፣ ብፍላይ እታ ካብ ድፋዕ 2 ሜትሮ ጥራይ ርሕቀት ዝነበራ ዝዓነወት ታንኪ፣ ጸገም ኮይናቶም ከምዝነበረት ይገልጽ። ጸላኢ፣ ነታ ታንኪ ከውሊ ብምግባር፣ ናብ ድፋዕ ተጸጊዑ፣ ቦምባታት ይድርብየሎም ስለዝነበረ።

ኣብ መወዳእታ "እታ ታንኪ እትእለየሉ ብልሓት ይፈጠር" ተባሂሉ። ተበላሒቶም። ቅቡል ብልሓት። ላምባ ዝተለኸየ ነዊሕ ክሻ፣ ካብ ድፋዕ ምስ'ታ ታንኪ ተተሓሒዞ'ሞ ሓዊ ተወልዐ፣ ታንኪ ተባርዐት። ቁልቁል ከኣ ጸደፈት። ብድሕሪ'ዚ ድማዩ ተጋዳላይ ቅሳነት ዝረኸበ።

ኮሎኔል ሳልሕ ኣደም፣ ብዛዕባታ ኣብ ጉድጓድ ተገምያ ዝተረፈት ታንኪ'ውን ትዕዝብቱ ክገልጽ ከሎ፣ "ታንክታት ጸላኢ ኣብ መጻወድያ ብምእታው ንግርኸ'ውን ኔርና ኢና" ይብል'ሞ ኩነታት ናይታ ዝተገምየት ታንኪ ኸኣ የብርህ። "ታንኪ ጸላኢ ክትሰልኮሉ ትኽእል'ያ" ኢሎም ዝጠርጠርዎ መንቀራቕሮ፣ ግፍሕ ዝበለ ጉድጓድ ኩዒቶም፣ ቀጠንቲ ኣግራብ ረብረብሉ። ብልዕሊኡ ቆጽልን ሓመድን ደብዲቦም ከኣ ኣመሳሲልዎ። እታ ኣብቲ ዕለት'ቲ ኣጋምሸት ዝመጸት ሳልሰይቲ ታንኪ'ምበኣር ሰሎኽኩ ክትብል'ያ ኣብቲ ጉድጓድ ተደርጊማ "ክገርመኩም ኩናት ምስ ዘሓለ ተማቢብና ብምውጻእ ብቐጥታ ኢና ኣብ ረብሓና ኣውዒልናያ። ስራሓ ጀሚራ።"

* * *


ዕላላት

# እቲ ካልእ መጥቃዕቲ

*ተዘክሮ ጋዜጠኛ ሕድሮም ርእሶም*

ሀ.ግ. ጎኒጎኒ'ቲ ምጥቃዕን ምክልኻልን ወተሃደራዊ ዕማማቱ፣ ካልእ ንጸላኢ ምንስኻስን ምኽሳብን ዝብል ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት'ውን የካይድ ነይሩ'ዩ። ሓደ ካብኡ፣ ኣብ ናይ 20 ሜትሮ ዝርሕቀቱ ድፋዕ፣ ብመንገዲ ቴፕ ማይክሮፎን ኣቢልካ፣ ንወተሃደር ጸላኢ ምንስኻስን ዝተሰለፈሉ ዕላማ ግጉይን ሂወቱ ኽሽንቱ ትሓልፍ ምህላዋን ኣእሚንካ ክተኽድዖ ምኽኣል'ዩ። ከም እምነትን ኣባህላን ጋዜጠኛ ሕድሮም፣ በዚ መንገዲ ሓደ ወተሃደር እንተሰሊሙ፣ ክንዲ 70 ምቕታል'ዩ።

እቲ ኣድማዒ ውጽኢት ዝነበሮ ናይ ማይክሮፎን ጎስጓስ ኣብ ሓደ ግንባር እንተዋሓደ ካብ ታባ ሓሙኽሽቲ ጀሚርካ ኪኖ ፋርኔሎ ዝበጽሖ ነይሩ። ጸላኢ ነዚ መንጸሮር ዝኾኖ ስነኣእምሮኣዊ ኲናት፣ ክዕፍኖ ዝኽእል ዋላ ሓደ



ዓቕምን ብልሓትን ስለዘይነበሮ፣ ናብታ ማይክሮፎን ዘላትሉ ኣንፈት ብጻዕቂ ይድብድብ ነይሩ።

ሓደ እዋን ሕድሮም መሬት ዓይኒ ክሕዝ ከሎ፣ 16 ኪሎ ዝምዘን ቴፕ፣ ኣምፕሊፋየር፣ ባተሪ፣ ኣብ ዝባኑ ተሰኪሙ ዝባን'ቲ ኳዕናን እምባ ደንደብ ደየበ። ኣብታ በላሕ ጫፍ ናይ ደንደን ማይክሮፎን ንየማን ወገን ተኸላ።

እቲ፣ ካብ ድምጺ ሓፋሽ ብቛንቋ ኣምሓርኛ ተዳልዩ ዝመጸ ካሴት፣ ንወያ



ቴፕ ኣምፕሊፋየር ተሰኺዓላ። እቲ ካብ ዳርባ ቡምባ ኣዕሪፉ ዝጸንሐ ድፋዕ ብዘረባ ተባሕተ። ናይታ መዓልቲ መልእኽቲ ኽኩሎም መራሕቲ ደርግ ድሕሪ ባይትኦምን ዝሩጓት ምኻኖምን ዘቃልዕ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ዘይመሬቱ፣ ሂወቱ ኽሽንቱ ትጥፍእ ዘላ ወተሃደር፣ ዘለዎ ቦታ ኤርትራ፣ ሃገሩ ኢትዮጵያ ምኻናን መጋበርያ ናይ ዝተጨማለቑ መራሕቲ ካብ ምኻን፣ ኢዱ ክህብ'ዩ ዝጽውዕ።

እዚ መልእኽቲ'ዚ ንእዘዝቱ ሰራዊት ዓርዲፉዎም። ንደብዳብ ትእዛዝ ሂቦም። ካብ ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር ከቢድ ብረት ብዓይኒ የብለይ ስኒ ብለይ ዘነበ። 140 ግዜ ቦምባ ተቶኮሰ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ከባቢ ናይታ ማይክሮፎን ስክጆታት ተበታቲኑ። እታ ንጸላኢ መርዘን ዝኾነቶ ማይክሮፎን፣ ኣብ 6 ቦታ ተበሳሲዓ፣ ዝጸንሐ ድምጻ ነክዩ። ጸላኢ፣ ታርጌት ከምዝረኸበ ተገንዚቡ፣ መሊሱ ደብዳቡ ኣጽዓቖ። ንሳ ከኣ መልእኽታ ቡቲ ድኹም ሓይላ ከየቋረጸት መሬት ወጊሓ።

ካሜራ ተመንየ

"ብባህረይ ጋዜጠኛን ስኣላይን ምኻን ዩፈቱ ኣይነበርኩን። መጀመርታ ናቕፋ ዝረገጽኩላ መዓልቲ ግን፣ ካሜራ ኣዝየ ቢሂገ። ከመይሲ እቲ ዝዓበየ ናይ ነፋሪት ቡምባ ኣብ ናቕፋ ዝወደቐሉን መስጊድ ዝተወቕዓሉን ብምንባሩ። ኣብኡ፣ ዳርጋ ናይ 15 ሜትር ጉድጓድ ተኻዒቱ'ዩ፣ እዝክር ሽዑ ሓንቲ ተጋዳሊት ተሰዊኣ።

ናቕፋ ተራእያትኒ። ከምዘይነበረት ክትከውን ምኻና ሚሒር ኣታሓሳሲቡኒ። ቅድሚ ምዕናዋ ክስእላ ተሃንጥየ። ንጽባሕ መዘንተዊ ዶኩመንት እንተዝህልወኒ ኢለ። ከመይ'ሲ! ድሮ ክትህረም ጀሚራላ ናቕፋ። ኣበይ'ሞ ካሜራ ንዶሞ ጭሕሚ ሰበይቲ ኮነት።"

ዕንባባ ኣብ ዝባን ደንደን

ኣብ ዝባን ደንደን። ማይ ቆጢብካ ኢኻ ትሰቲ። እቲ ዝገርም ዕምባባታት ዝተኸሉ ተጋደልቲ ነይሮም። ማይ ጭንቂ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፣ ተጋዳላይ ገጹ ኣብኡን ይሕጸብ ነይሩ። ብጥበብ'ዩ።

ንሓደ ኣሜሪካዊ ጋዜጠኛ ትዕዝብቱ ክህበኒ ሓቲተዮ። "ዕምባባ መግለጺ ሰናይ ድሌትዩ፣ ንሸኹም ደለይቲ ሰናይ'ኳ ተኾንኩም መግዘእቲ መሪሩኩም ትቃለሱ ምህላውኩም በሪሁለይ። ኣብዚ ተሪር ጐቦ ዕምባባ ካብ ተኸልኩም ኤርትራ ድሕሪ ሓጺር እዋን ገለ ለውጢ እንርእየላ ሃገር ክትከውን'ያ፣" ኢሉኒ።

እቲ ስኣላይ

"ወዲ ጥልያን ዝበሃል ስኣላይ ነይሩ። ንሱ፣ ኣነ ክስእል ተኾይነ ተጋዳላይ ንወተሃደር ጸላኢ እናቐተሎ ዘይኮነስ፣ ብኳሌትኡ እናማረኾ'የ ዝስእል" ይብል ነይሩ።

ሓንቲ መዓልቲ ሓደ ተጋዳላይ ንሓደ ወተሃደር ብኳሌትኡ እናወጠጠ ከሎ ሲኢልዎ ወዲ ጥልያን ተሰዊኡ"

## ኣብ ሓለዋ ዝተወፈየት እግሪ

ፈለማ ተበግሶ ናቕፋ'ዩ። ሚያዝያ 1979 ኑቲ ብየማናይ ክንፊ ዝተናኽስ ኀሀራ ኲናት፡ ብርጌድ 58 ኣብ ሳልስቲ'ዩ ተጸምቢሩዎ። ሽዑ፡ መንግስ ሃብተጽዮን ዝነበራ ሓይሊ፡ ኣብ ከባቢ ታባ ሰላም ስለዝነበረት ቀዳማይ ድፋዕ ጸላኢ ንምስባር ብዙሕ ኣይተጸገመትን። እኳ ድኣ ከየላበዎቶ'ያ ንጸላኢ ኣህቲፋቶ።

እቶም ኑቲ መስተንክር ዓወት ዝዓመ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ሃጺሞም ንዝሓዝዎ ቦታታት የማነ ጸጋሙ ይፍትሹ ኣብ ዝነበሩ እዋን፡ ሃንደበት ቡምባ ኢድ ኣብ ማእከሎም ዓለበት። እታ ቡምባ ሓደ ካብ ሓለንጊ ናይቶም ተጋደልቲ ዘምለጠ ወተሃደር ዝደርበያ ክኣ'ያ ነይራ።

ካብ ሰረ መዓታ ንምድሓን መሬት ዝተላሕጉ ተጋደልቲ፡ ንገለ ካልኢታት ኣብ ወጥሪ ኣተዉ። እታ ብርቱዕ ድምጺ ኣሰንያ ምድረ-ሰማይ ከተናውጽ ትጽቢት ዝተገብረላ ቡምባ ግን ደሃይ ኣይነበራን። ትም ሕትም!

ድሒሩ ከም ዝተረጋገጸ፡ ብፍርሒ ርዒዱ'ታይ ይገብር ይፈልጥ ዘይነበረ ወተሃደር፡ ጥዑይ ገይሩ ስለዘይፈትሐ'ምበር ቡምባ ኢድሲ፡ ሂወት ወዲ ሰብ ክትቀዝፍን ክትሸራርፍን ምንም ጸገም ኣይነበራን። በዚ መንገዲ'ዚ ኸኣ፡ እቶም ድፋዕ ዝሰበሩ ሃጀምቲ ካብ'ታ ሓደጋ ክድሕኑ ክኣሉ።

ሽዑ ናህሪ መጥቃዕ'ቶም በታ ቡምባ ስለ ዘይተሰናኸለ ክኣ፡ ምረሽኦም ቀጸሉ። ንጸላኢ ክኣ ይጸራረጉዎ ነበሩ። እንተኾነ ብጸጋሞም ዝነበረት ሓይሊ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ቁሩብ ጸገማት ስለዘጓነፋ ናህሮም ክቋረጽ ተሓበሮም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኢም 14 ዝዓይነቱ ብረት ዓጢቑ ዝነበረ መንግስ ሃብተጽዮን፡ ምስ 3ይ ርእሱ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ቀንዲ ጉደና ንየማን ኣብ ዝነበረት እንዳ ዋርድያ ሓለዋ ወጺኡ ክቈምት ጀመረ።

እቲ ሓለዋ ናይ ተዛነይ'ዩ። ምኽንያቱ ጸላኢ ካብቲ ከባቢ ተሓግሒጉ'ዩ። ካብ ጠያይቲ ይኹን ቡምባ ኢድ ክሰክፈካ ዝኽእል ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበረን።

ብረቱ ኣብ ሞንጎ ኣስላፉ ቀርቂሩ ኣብ ዋኒን ምምዕዳው ተጸሚዱ ዝጸንሓ መንግስ ሃብተጽዮን ኣብ ከባቢኡ፡ 100 ሜትሮ ኣብ ዝርሕቀቱ ዝተሰምዐ ብርቱዕ ድምጺ፡ ንከባቢኡ ኘኸጥምት ደረኸ።

ለካ! ነፋሪት ዝደርበየቶ ቡምባ'ዩ። ኑቲ ከባቢ ብትክን ደሮናን ዓ ብሊኽዎ'ዩ። ጅላዓቱ ክኣ ድሮ ካብ ክፋል ኣካላት መንግስ ንሓንቲ እግሪ ኣረንሺቡላ'ዩ።

ቃንዛን ናይ ተዘዝታ ስምዒትን ዘይነበሮ መንግስ፡ ፍሕት ኢሉ ክትንስእ እንተሃቀነስ ወይከ! ኣብ ከባቢ እግሩ እንተተመልከተስ ብሩንዶ ዝመስል



ሲጋ! እግሩ፡ ካብ ኩርኩርኡ ዝተረፋ ኣይነበራን እንተርፎ ጠልጠል ዝበለት ንእሽቶ ሲጋ።

በብቑሩብ እቲ ደም ናብ ጃሕ-ጃሕ ተቐየረ። ንመዕገቲ ዝኸውን ፋሻ ይኹን ባንደጅ'ውን ተሳእነ። እታ ከም ኣማራጺት ዝነበረት ሞዴስ'ያ። ሞዴስ፡ እቲ ደም ክሳብ ሕክምና ክበጽሕ ሓገዘት። ዲሒሩ ክኣ እታ እግሪ ተ.ጋ/መንግስ ተቖርጸት።

* * *

## "ሓይሊ 13 ካብ ምምራኽ ነብሰ ቅትለት ትመርጽ"

*ኮሎኔል ሃብተጽዮን ሓድጉ(ሓኒታይ)*

ኒሕን ትምክሕትን ዝነበራ ሓይሊ ኢያ - ሓይሊ13። ብቑጽሪ ውሕደትን ዘበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ስለ ዝነበራኣ ትልለ'ኻ ተነበረት፡ እቲ ካልእ ትልለየሉ ደሚ'ቕ ብሮት'ሲ ምምራኽ ብምንም ተኣማር ዘይትቕበሎ ምንባራ'ዩ።

ከም ኣብነት ንምጥቃስ መራሒ ሓይሊ ዝነበረ እስቲፋኖስ (ደንደን)። ብዘይካ'ዚ ዕንዱኩር ማእከልነት ሓይሊ'ውን እንተኾነ ተወጊኡ ምስ ተረፈ፡ ብቐጥታ ኣብ ኢድ ጸላኢ ከይወደቐ እንክሎ ብምቡኡ ፈንጂሩ'ዩ ብጅግንነት ሓሊፉ።

ኣብ ድሮ 6ይ ወራር፡ እታ ብዓቕሚ ሰብ 45 ወሪዳ ዝነበረትን፡ ቀጻሊ፡ ምስ ጸላእን ተ.ሓ.ኤን ትዋጋእ ዝነበረት ሓይሊ 13፡ ካብ ሓለዋ ሰውራ ብዝመጸ 30 ምሩጻት ተጋደልቲ፡ ቍጽራ ናብ 75ዩ ክብ ኢሉ።

ሽዑ ካብ ከባቢ ጉቋይ ጸላኢ ንናቕፋ ከጥቅዕ ጀሚሩ'ሎ "ኣርክብ!" ዝብል ሓበሬታ ምስ መጸ፡ ሓይሊ13 ዓቐብ ቁልቁል ደማሚርካ ንልዕሊ ኣማኢት ኪሎ ሜትራት ተጓዒዛ ወግራይት ኣትያ።

ኣብቲ ኲናት ድማ ዓቢ ተራ ተጻዊታ። ሽዑ ዝነበሩ መራሕቲ ጋንታታት ግን ዳርጋ ኩሎም ተሰዊኦም'ዮም።

### ቡምባ 122 ኣብ ዝባን ኣንደር ግራውንድ

ናቕፋ ምስ ኣተና መስተንክር ድፋዓት ኢና ሰሪሕና። ኀቦታት ናቕፋ ኣዝዩ በሪኽን ኣጻድፍን ክነሱ፡ ዘይተኣደነ ኣጉናድ ብጸልማት ተሰኪምካ ድፋዕ ክትሃንጽ ቀሊል ኣይኮነን። እኳደኣ ትዕግስትኻን ተጻዋርነትን ካን'ውን ዝፈታትን'ዩ። ይኹን'ምበር እቲ ኒሕ ሃገራዊ ወኒ'ዩ ሓይሉ። ብውጽኢቱ ክኣ ዘይትርስዓኒ ኣብ ሞያ ሓንቲ ንውግኣት ኢልና ዝሰራሕናያ ዓባይ ኣንደር

ግራውንድ ነይሩ። ኩለን እተን መዳፍዕ ጸላኢ ኣብ ዝባና'የን ዝወድቃ ነይረን። ሓደ መዓልቲ 122 ከቢድ ብረት ኣብ ዝባና ዓሊቡ። እታ ሀድሞ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነትን፡ እታ በምባ ከኣ ተሸኪታ። ኣብ ውሽጣ ድማ ሰባት ነይሮም።





## ማሪኻ፡ ተማሪኻ፡ ማሪኻ ዝወጸት ቦጦሎኒ

ጽጹይ መጽናዕትን ጥሉል ሓበሬታን መለለይ ህዝባዊ ግንባርን መሰረት ዓወት ናይ ዓውደ ኲናትን ኢዩ። ግና፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ፡ ዝንቡዕን ግጉይን ሓበሬታ የጋጥም ነይሩ'ዩ። ኮሎኔል ገብረገርግሽ ዓንደጽዮን (ቋንቀ) ድሕሪ ኲናት ሕዳይ ዘጋጠሞ፡- እንሆ

ኲናት ሕዳይ፡ ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ምስተዛዘመ፡ ጸላኢ፡ ናብ ኩብኩብ'ዩ ሃዲሙ። እግሪ እግሩ፡ "ጸላኢ ካብ ኩብኩብ'ውን ናብ ኣፍዓበት ኣትዩ" ዝብል ሓበሬታ ስለዝመጸ፡ "ኣርከብ" ተባሂሉ ጉዕዞ ናብ ኩብኩብ ኮነ፡ ብርጉእ መንፈስ፡ ብሓውሲ ተዛነ።

በዓል ተስፋንኪኤል ቀሺ፡ ጨዓይ፡ ዝርከብዎም ሸሞንተ ሓለፍቲ፡ ምስታ ቀዳመይቲ ቦጦሎኒ ጉዕዞ ጀመሩ። መሬት ቅድሚ ምውጋሑ፡ ሩባ ኩብኩብ ክበጽሑን ምስቶም ማይ ዝቐድሑ፡ ብራሾ ዝመልኡ፡ ጀሪካን ዝጓርቱ ዝነበሩ ገለ ወተሃደራት ጸላኢ፡ ጎፍ ንጎፍ ክራኸቡን ሓደ'ዩ ኮይኑ። "ሓሆ ሓሆ ኢድካ ሃብ" ተበሃሃሉ። እንተ ብሓይሊ እንተስ ብፍቶት ብዘይ ተኹሲ ሓያለ ወተሃደራት ጸላኢ ተማረኹ። ጨራብርሃን ወገግ ክብል ምስ ጀመረ ግን፡ በዓል ቋንቁ ዘሰደምም ምርኢት ትራጀዲ ተዓዘቡ። "ምሳይ ሃብቶም ብርሃን (ወዲ ሃገር) ነይሩ፡ 'ቋንቁ እዘን ታንክታት ድኣ ናይ መንየን?' ኢሉኒ። "ለካ ጸላኢ፡ ካብ ኩብኩብ ናብ ኣፍዓበት ኣትዩ" ዝብል ሓበሬታ ግጉይ'ዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ መዓስከር ጸላኢ ኣቲና ከምዘለና ከኣ ፈሊጥና"

የማነ ጸጋም ሩባ ኩብኩብ ዝርከብ በረኹቲ ጎቦታት፡ ብብዝሒ ወተሃደራትን ታንክታትን መርኣይ ኣይነበሮን። "ሽዑ ንዓናን ንጸላእን'ዩ ደንጽዩና" ይብል ቋንቁ። ወተሃደራት ጸላኢ፡ ብኹቱር ታሕጓስ "ኢድኩም ሃቡ" ክብላ ምስ ጀመራ፡ ተጋዳላይ፡ ብዝመጽኦ ክምለስ ኻኸበባ ክፍንጥስ ተሓበሮ፡ ኩሉ ተጓየየ። ብድሕሪት ዝስዕባ ዝነበራ ኣሃዱታት ናይ እንዳ 51፡ ንመፈንጠራ ጸላኢ ድማ ብምጥቅዐን ኣብ ከበባ ኣትያ ዝነበረት ቦጦሎኒ ክትወጽእ ከኣለት። እዛ ንዝተወሰነ ደቓይቕ ተማሪኻ ዝጸንሐት ቦጦሎኒ፡ ንገለ ካብቶም ማይ እንዳቐድሑ ዝማረኽቶም ወተሃደራት ሒዛ ምውጻኣ፡ ካብቲ ፍሉይ ተዘክሮ ቋንቁ'ዩ። ማሪኻ፡ ተማሪኻ፡ እንደገና ማሪኻ ስለዝወጸት።

ድሕሪ ምዝዛም'ዚ ፍልይቲ ስርሒት፡ ኣሃዱታት ተወዲበን፡ ነቲ ኣብ ኩብኩብ ዝነበረ ጸላኢ ኣጥቂዐን ናብ ኣፍዓበት ምስ ኣባረርኦ፡ ሕጂ'ውን ንቋንቁ ካልእ መስሓቕ ኣጋጣሚ'ዩ ኣጋጢምዎ።

ሓደ ዕጡቕ ወተሃደር ጸላኢ፡ ቃትኣ ዝተኸፍተት ካላሽን ሒዙ፡ ሃንደበት፡ ቋንቁ ናብ ዝነበሮ ቦታ ተጸግዐ። ቋንቁ በይኑ'ዩ። ኣይተዳለወን። ኣብ ዕ ረፍቲውን'ዩ ነይሩ። ወረግ ደቂሱ'ዩ። "ጓድ ጓድ" በለ ወተሃደር፡ ክብዲ

እግረ ቋንቋ እናተናኸፈ። ቋንቋ፡ ገጹ ሸፈኑላ ንዝነበረት ኩሹኽ ቅልዕ ኣቢሉ እንተተመልከተ፡ ልዕሊኡ ዕጡቕ ወተሃደር ደው ኢሉ። "ብኸመይ ተሲኣ ክምዝዘለልኩ ኣይተረድኣንን፡ ምስ ተጠምጠምክዎ "ጓድ ጓድ እጄን ልሰጥ ነው" (ኢደይ ክህብ'የ መጺአ) ኢሉኒ ብለኻት ድምጺ። ለካ ብራርያ'ዩ። ብጥሜትን ጽምኡን ዝነቐጸ ብራርያ'ዩ ነይሩ።"

## ምእንቲ ሞጎጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ

ኣብ ስሊያን መጽናዕትን ንዝተዋፈሩ ብጾት፡ ብዙሕ መስሓቕን ዘሕርቕን ኣጋጣሚታት'ዩ ዘጋጥሞም ነይሩ።

ኣብ ቃባ ኢትሓልበብ ንዝነበረ ጸላኢ፡ ብድሕሪት ተጠውየን ከጥቅዓ ዝተመደባ ኣሃዱ፡ ሩባ ጉደት ወሪደን ተመሳሲለን ክውዕላ ከለዋ፡ ሰለስተ ተጋደልቲ ግን ንመጽናዕቲ'ዮም ተላኢኾም ኔሮም።

ኣብቃ፡ ጸላኢ ለይቲ'ምበር ቀትሪ ዘይውዕላ ከውሒ ተላሒጎም፡ መጽናዕቲ እናኣካየዱ ከለዉ፡ ክም ኣጋጣሚ፡ ጸላኢ መጺኡ፡ ኣብ ዝባንቶም ተጋደልቲ ዝተሓብኣሉ ከውሒ ተረኛ ዋርድያ ኣውጽአ። እዞም ተጋደልቲ፡ ካብ ድምጽን፡ ምንቅስቓስን፡ ተቖጢቦም ብምልክት ጥራይ ክረዳድኡን ክሳብ ዝኸደሎም ክጽበዩን ተሰማምዑ። ውዒሎም፡ ዋርድያ ግን ኣይከደን። ነዊሕ ተጸብዮም ዋላ። ኣብ ሞንጎ፡ ትዕግስቶም ዘጸንቅቕ ፈተነ ድኣ ኣጋጠሞም። ዋርድያ ጸላኢ፡ ብዘይፍላጥ ሸነሎም። "ምእንቲ ሞጎጎ፡ ትሕለፍ ኣንጭዋ ኢልና ሳላ ዝተዓገስና ተልእኾና ብዓወት ዛዚምና" ይብል ንመጽናዕቲ ካብ ዝተላእኩ ሰለስተ እቲ ሓደ፡ ቋንቋ ነበረ።

## መስዋእቲ በለጽ ተቖጺሩ።

ኣብ ኾናት፡ ተበላሒትካ ዘይምትኳስ ክም ዓቢ ጉድለት ተቖጺሩ የንቅፍ ነይሩ'ዩ። "ገለ ተጋደልቲ፡ ካብ ክቱር ስምዒትን ፍናንን ዝነቐለ፡ ደው ኢሎም እናተኮሱ ናብ ጸላኢ ክጽግዑ ይርኣዩ ነይሮም። እዚ ግና፡ ብብልሓት ይዋጋእ ኣይነበረን ተባሂሉ'ዩ ዘንቅፍ። ብብልሓት ዘይምውጋእ መስዋእትኻ ምቅልጣፍ ክም ምድላይ'ዩ ዝቑጸር ኔሩ" እዚ ሓደ ካብ ጦብላሕታታት ኰለ/ ቋንቋ እዩ።

"ብብልሓት ዘይምውጋእ፡ መስዋእቲ ምምራጽዩ። ክም ኩሉ ተጋዳላይ፡ ንናጽነት ኤርትራ ክሳብ መወዳእታ ክንዲ ምቅላስ፡ ቀልጢፍካ ክትካረጅ ምድላይ'ዩ። ብድሕሬኻ መን ክዋግኣልካ ደሊኻ? ንሕናስ መስዋእቲ ጸሊእና ዲና? እዚ ልዕሊ ሰብካ ምድላይን በለጽን'ዩ።" ተባሂሉ፡ ብትሪ ዘንቅፍ ዓይነት ጉድለት'ዩ ነይሩ።

መስዋእቲ በለጽ ተቖጺሩ። ልዕሊ'ቲ፡ ኣብ ኾናት ዘድሓርሓረ፡ ኣብ ስራሕ ዝሓንገደ፡ ንውልቀ ረብሕኡ ዝተጓየየን፡ ቅድሚ ብጾትካ ምሕላፍን ምስዋእን'ውን ክም በለጽ ተቖጺሩ፡ የሕትት ነይሩ። ሕጊ ሰውራ።



## ንብልሓት'ውን ብልሓት ይሓትት

ተጋዳላይ፡ ንኾናት ይኹን ንመዓልታዊ መነባብሮኡ፡ ብብልሓት'ዩ ሰጊርዎ። ብልሓት፡ ኣካል ዕጥቁ ስለዝነበረት።

ኣብቲ፡ ምስ ጸላኢ ዝተቐራረበ ድምጺ ኣፍራዛን ጥይትን ብማዕረ ዘስምዓሉ ድፋዕ፡ ኩሉ ንጥፈታት ብብልሓት ይሰላሰል። ኑቲ ተሪር ዘይኩዓትን መሬት፡ ብማይ ኣለስሊስካ'ዩ ዝኩዓት ዝነበረ።

ይኹንምበር፡ ብልሓት ክም ጉድለት ዝጽብጸበሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። ኰለ/ ሱሌማን፡ መራሕ ጋንታ ከሎ፡ ክም ብልሓት ዝሓሰቦ'ሞ ጌጋ ኮይኑ ተረኺቡ ዘቕጽዖ፡ ሎሚ ብስሓቕዩ ዝዝክሮ።

ኣብ እዋን ራብዓይ ወራር፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ተሰዊኦም፡ ግን ከይተቐብሩ ይተርፉ ብምንባሮም፡ እዚ ከይድገም መራሕ ጋንታ ሱሌማን ተበላሓተ። ኣብ ኾናት፡ ሓደ ክስዋእ ከሎ፡ ክልዕልዎ ወይ ክቕብርዎ ዝኸዱ ተጋደልቲ'ውን ብደብዳብ ስለዝስዕብዎ፡ ብዝሒ ሓይሊ፡ ናብ ጋንታ ብምንቁልቋሉ'ዩ ክበላሓት ዝተቐሰበ። ኣብ ቃባ ቴስታ ንዝነበረት ጋንትኡ፡ "ኣብ ጎድኒ ድፋዕና መቓብርና ዝኸውን ጎዳጉዲ ክንኩዕት ኢና" ኣዘዘ። ብዝሕ ዝበለ ነናይ ሓደ ጎዳጉድን ሓንቲ ጋህስን ከኣ ኣኹዓተ። "ደጊም ጸገም የለን፡ ኣቐዲሙ ዝተሰውአ ካብኡ ናብኡ ብዝቐልጠፈ ንቐብሮ" ኢሉ ድማ ተኣማመነ። ግዳ ኣይከምዝሓሰቦን። መራሕ ሓይሉ ወዲ መሓመድ "ኣቐዲምካ መቐበሪ ጎዳጉዲ ብምኹዓትካ ሞራል ተጋዳላይ ክምዝሰበር ጌርካ ኢኻ'ሞ ክትቅጻዕ ኢኻ" በሎ። ኣብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ከኣ ኣቕረቦ። "ግርህነተይ ርእዮም በዓል ወዲ ምነይ'ዮም ካብ መቕጻዕቲ ኣድሒኖሙኒ፡ ብነቐፌታ ሓሊፉለይ።"

## እናተዳላለኻ ምፍልላይ

ደቂ ሓንቲ ማህጸን'ዮም ሰለስት ኣሕዋት። ደሃይ ሓድሕድ ኣይነበሮምን። ካብቶም ሰለስተ እቲ ሓደ ቀዲሙ ኣብ ፊደል ፐ ተሰዊኡ። እቶም ዝተረፉ'ውን እንተኾነ ሕጂ'ውን ኣብ ጥቓ ንጥቓ ግንባር ናቕፋ እናሃለዉ ደሃይ ኣይነበሮምን።

1979 ግን ደሃይ ሓው ዝረኸበ ንእሽተይ፡ ኑቲ ዓቢ ሓዉ ማለት ንቢቢሲ ክረክብ ናብ ደንደን ደየበ። ይኹን'ምበር ኣብቲ ግዜ'ቲ ቢቢሲ ኣብ ኣኼባ ስለዝነበረ ክረኽቦ ኣይከኣለን።

ብግዲኡ ንቦታታት ክርእይ ዝተንቀሳቐሰ ቢቢሲ፡ እንዳ 70 ኣብ ዝዓረድሉ ቴስታ ንኣንፈ መንገዱ ኣላገሰ። እንተኾነ ንእሽተይ ሓዉ ናብ ቤት ሕመዳይ ክሕጾብ ኢሉ ከምዝወረደ ተሓበሮ'ሞ ንሰውን ንቦቱኡ ተመልሰ።

ብድሕሪዚ ኣብ ናቕፋ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ተበግሶ መጥቃዕቲ እቲ ንእሽቶይ ይስዋእ። ክልተ ኣሕዋት እናተደላለዩ ግን ከኣ ከይተራኸቡ መስዋእቲ ፈላልዩዎም።

## ሸገታትና

# በቕሊ ገዳም ግንባር ናቕፋ

ብበቕሊ ገዳም'ያ ትፍለጥ። ኣኽበረት ወልዳይ ዝብል፡ ወለዳ ዘጠመቕዋ ስም፡ ዳርጋ ንልዕሊ 23 ዓመታት ኣይተጸውዓትሉን። ካብ'ተን፡ ብዓላ-ጋዴን ኣቢለን ሰለሙና ሓሊፈን ብሌቓት (ሳሕል) ዝተዓለማ ጥርኑፋት 15 ጎራዙ ዓደብዑር (ሰገነይቲ) ሓንቲ'ያ። ንሜዳ ክትወጽእ ከላ፡ ንመርዓ ትቀራረብ ሕጽይትን ጓል 15 ዓመትን'ያ ነይራ። ግን፡ ክንዲ መርዓ ደርዓ "ሳሕለይ" ኢላ ወሪዳ። 6 ወርሒ ተዓሊማ ፡ኣብ መጀመርታ ወርሒ 1978 ናብ ቦጦሎኒ ገለብ ተወዚዓ። ብርጌድ 77 ክትቀውም ከላ ድማ ኣብ ቦጦሎኒ ሓደ ምስ ወዲ ፈረጅ ተመዲባ። ሰውራዊ ተጋድሎኣ ፈሊማ።

በቕሊ ገዳም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ኵናት ዝተኻፈለትን ብተደጋጋሚ ዝተወግኣትን ብዓልቲ ቕያ ተጋዳሊት'ያ። ብዘጋጠማ ከቢድ መውጋእቲ፡ ናብ ስንክልና ዓለም ብምእታዋ፡ እንሆ ኣብ መዓስከር ደንደን እንዳ ስንኩላን ተዓቚባ ትርከብ። ኣብታ "ቤት ስፌት ክዳውንቲ ደንደን" እትብል ናይ ኮንተይነር ትካላ፡ ኣብ ዓረብያ ኮፍ ኢላ ክዳውንቲ እናሰፈየት ምንባር ተተሓሒዛቶ ኣላ። ሕጂውን ትጋደል። ገድሊ ርእሰኻ ንምኽኣል።

በቕሊ ገዳም፡ ካብተን ናቕፋ ዘዕበየተን ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ፡ ሓንቲ'ያ። ክንዲ ዝኾነት፡ ብኣጋጣሚ መበል 25 ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ናቕፋ፡ ብዛዕባ ግንባር ናቕፋ ተዘክሮኣ፡ ጠብላሕትኣ፡ ከተዋግዓና ተወኪስናያ። "መርሓባ ንናቕፋ ዘይኮነ ንመን..." ጀባእ ኢላ።

ብሳጓይ ክፍልሞ። ኣብ 1979 ኣብ ኵናት ናሮ'ዩ። ኩነታት ሕማቕ ስለዝነበረ፡ "ኣብ ቅድሜኹም ዘዝጸንሓኩም ውግእ ሒዝኩም ወጹ ተባሂልና። ኣነ ንሓደ እግሩ ዝተወግአ ብጻይ ሓዚለ ብዘብዘብ፡ 3 ሰዓት ተጓዒዘ ምስ ኣውጻእክዎ፡ ብጾተይ "ኣታ እዚኣ በቕሊ'ያ'ምበር ሰብ ኣይኮነትን፡ ከመይላ ነዚ ኹሉ መገዲ ሓዚላቶ ወጺኣ? " ክብሉ ከለዉ፡ መራሒ ቦጦሎንና ሰዓድ ፈረጅ (ወዲ ፈረጅ) ትቕበል ኣቢሉ፡ "በቕሊ እንተ በሉኹምኸ ናይዘን ፈለስቲ'ምበር በቕሊ ገዳም፡" ኢሉ ኣጠሚቑኒ፡ በቃ ኣኺልዋ፡ ክሳብ ሕጂ።

በቕሊ ገዳም ማለት፡ ተጻዒና፡ ክይድ ውዒላ ዘይትደክም ማለት'ዩ። ነብሳ ንኢዳ ድኣ ክይትብሉኒ'ምበር ሓንቲ ካብተን፡ ማዓረ'ቶም ኣለዉ ዝብሃሉ ደቂ ተባዕትዮ ዝጉዓዛ፡ ብጉያ ጎቦ ዝድይባ - ዝወርዳ፡ ዝፍልጻ - ዝስከማ ደቂ ኣንስትዮ'የ ነይረ።

ኣብታ ናይ ፈለማ ኣሃዱየይ ምስ ተወዛዕኩ ኣብታ ቦጦሎኒ፡ ሰለስተ ደቂ ኣስንትዮ ጥራይ'የን ጸኒሔናኒ። ንሳተን፡ ዝማምን ሓረጉ ክፍለማርያምን





በቕሊ ገዳም

(ክልቲአን መራሕቲ ጋንታታት) ካልእ ዝማም ትበሃል ሳልሰይተን ከኣ ነይራ።

ንመጀመርታ እዋን ዝተሳተፍክዎ ኵናት፡ ኣብ ውግእ ማዕሚደ 3ይ ወራር'ዩ። ንእሽቶ ስለዝነበርኩ፡ መራሒ መስርዐይ ሚኪኤል ተስፋይ፡ ኣብዚ ጽንሒ ኢሉኒ፡ ኣነ ግን ኣይተርፍን'የ ኢለ ሰዒበ። ኮለይ'ዮም ኣዕ ጢቖሙኒ ነይሮም። ኣጋጣሚ ግን ኣብቲ ኵናት ሓደ ብጻይ ስለዝተሰውኣ ናቱ ካላሽን ሒዘ ኣብ ኵናት ውዒለ።

ናይ መጀመርታ ዝረኣኹዎ ስውእ፡ መድፍዓጂ ብሬን መብራህቶም ይብሃል። ኣብ ሩባ ማዕሚደ'ዩ። ናብ ኵናት እናኣቶና፡ ነጸላ እናኣጣወኽዎ እንተተሰዊኣ በዚኣ ኢኺ ትቕብርኒ ኢሉኒ። ኵናት ተጀሚሩ። ናይ መብራህቶም ብሬን ክትንቱ ከምዘይጸንሓት ሃንደበት ምስተኸልፈት መስዋእቲ መብራህቶም ኣረጋጊጸ። "ከምቲ ሕድሪ ዝበለኒ ድማ፡ በታ ካብ ከበሳ ዘምጽኣ ጋቢ ነጺልኡ፡ ቀቢርናዮ።

ካልእ ዘጋጠመኒ ዘስካሕክሕ መስዋእቲ፡ ኣብ ተበግሶ ናቕፋ 1979፡ ኣብ ታባ ፋርኔሎ'ዩ። መራሒት ጋንታ ሓረጉ፡ ብሬድዮ ሃለዉ እናተራኸበት ተዋጋእ ነበረት። "በቕሊ ገዳም ባተሪ ናይ ሬድዮ ኣቐብልኒ" በለትኒ፡ ባተሪ ከምጽኣላ፡ ናብ ካናለ ምስ ኣተኹ፡ ድምጺ ቡምባ ተሰምዐ። ሽው ንሽው ውጽእ እንተበልኩ፡ እታ ካብ ጸላኢ ዝተተኮሰት ቦምባ፡ ኣብ ልዕሊ ሓረጉ ብምውዳቓ፡ ሓረጉ ተሰዊኣ። ተቐራሪጻ ጸኒሐትኒ። ነታ ኣብ ጥቓ ሓረጉ ወዲቓ ጭጭ ትብል ዝነበረት ሬድዮ ሃለዉ ንማእከልነት ጋንታ ሂበ፡ ኣካላት ሓረጉ ኣራሪና ቐቢርናያ። ስለዝለኣኸትኒ ድሒነ። ሓረጉ ግን ብዘስካሕክሕ ተሰዊኣ።

ጥሜት ብዝምልከት፡ ተጋዳላይ፡ ጥሙይ ከሎ ጽጉብ ኮይኑ ስለዝሓለፎ'ምበር፡ ተጋዳላይን ጥሜትን መካይድቲ'ዮም።

ኣብ ኵናት ውዒልና ፈውሲ ጥሜት፡ ህበይ ዝበላዕናሉ እዋን'ውን ኣሎ። ቅድሚኡ፡ ምስ ገለብ ቦጦሎኒ ከሎና፡ በዓል ኣዘርዋይስ ዝበሃሉ ሓቢኦም ሠኻርያ ኣብሊያሙንስ ተጻጊመ ነይረ'የ። ድሓር ግን ለሚደዮ። ካልኦት ኔረን ዝፍንፍና፡ ቆርበት ሓቢእና "ህበይ ኣይኮነትን መፍለስያ" ኢልና ዘብላዕናየን ይዝከረኒ። ኣማራጺ ኣይነበረን፡ ጥሜት'ዶ ክንውዳእ ኮይና። ብስንኪ ጥሜት ናይ መፍለስ፡ ናይቲ መን ኩሉ ጥዒምናዮ። ናይ ተመን፡ ኣብኣ ከላ ዓሳ'ያ ትጥዕም።

ብዛዕባ መኣዲ ተጋዳላይን ኣኮላልሳን እንተተላዒሉ ንኤነትረን ሓየሎምን ዝበሃሉ ደቂ ጋንታይ'የ ዝዝክር። ኣብ መኣዲ፡ ሓንሳእ ኢዶም ወስ ኣንተኣቢሎም፡ ኣብራሕባ ዘላ ኩላ'ያ ትልዓል። ጠጠው ኢኻ ትብል። ብፍላይ ቀምጨጭ ዝብላ ኣዋልድ ኔርናና። ኩልሻዕ ምስ ተሃሰያ'የን። ከም በዓል ሊድያ

ክፍሎም ዝብሃላ ኔረን፡ ክሻመዋ ስለ ዘይክእላ፡ ኣብኮዝ ነትርፈለን ኔርና። ኢድ በዓል ኤነትረ ሒዝካ እናተቖዳደምካ፡ ሓደ ክኣ፡ ነታ ራሕባ ሒዝዋ ይሃድም። ጠሚኻ ከለኻ ትስሕቕ። ንሓምሊ ጫቑትን እዝኒ ጣዕዋን ንመናጠሎ ዝነበርና ይረኣየኒ።

ዕርቃን'ውን ነይሩና። ንእብነት ኣነ፡ ምስ ከምቦድያ'የ ተዓሊመ። ካብ ታዕሊም ሒዚዩ ዝወጻእኩ ስረ፡ ተማሕሚሓ ሊጋጊበ ዓመት ምስ ወደኸዋ፡ ካብ ጸላኢ ብዝረኸብክዎ ስረ ቐይረያ። ድሓር፡ መን ቀደዶ ዝብልዎ መጺኡና። መንቀደዶ ከምሽሙ ቀልጢፉ ዝቕደድ'ዩ። ካብ ጸላኢ ዝረኸብናዮ ቴንዳ ድዩ ጨርቂ ቀዲድና ቁምጣ ስረ እናሰራሕና ዝሓለፍናዮ እዋን ነይሩ። እዚ ክብል ከለኹ ግን፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዘድልየና ከም ሞደስ፡ ኮስትሞ፡ ሳሙና፡ ውድብና ጨቑቕ እናበለ የምጽኣልና ኔሩ'ዩ።

በቒሊ ገዳም፡ ኣብ እዋን ገድሊ፡ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ ክምዝተናቕፈት'ያ ተዕልል፡-

ኣብ 1981 ኣብ እንዳታህሰስ፡ ጋንታ በቒሊ ገዳም ትሃጅመሉ ዝነበረት ረፍዲ፡ ጸላኢ፡ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሉ ክሃድም፡ ተጋደልቲ ክንይይዎ ወዓሉ። ኣብ መወዳእታ፡ "ተመለስ" ኮይኑ ጋንታ ክትምለስ ከላ፡ በቒሊ ገዳም ሆየ፡ ከየስተውዓለት እግሪ እግረን ትቕጽል። ኣብ ተኸሻፊ ቦታ ምስ ኣተወት'ያ በይና ምህላዋ ኣስተብሂላ።ክትምለስ ስለዘይትኽእል ተኸዊላ ኣብኡ ውዒላ። ጸሓይ ምስ ዓረበት ድማ ናብ ቦትኣ ተመሊሳ።

ንጽባሒቱ ገምጋም ይግበር። በቒሊ ገዳም፡ ቀዳመይቲ ተነቒፈት፡ ኣብ ሂወታ ሙሉእ ተነቒፋ ስለ ዘይፈልጥ ሓሪቓ ክምዝበኸየት ተዕልል። "ኣነ ካብ ኲናት'ዶ ፈሪሐ'የ? ንቕድሚት'ምበር ንድሕሪት'ዶ ዘልሓጥ ኢለ'የ? ከመይ ኢለ ይንቀፍ? ኢለ ኣምሪረ በኺየ። ሽዑ መራሕ ቦጠሎኒ ስዒድ ፈረጅ፡ 'መእተዊኽን መውጽኢኽን ክይፈለጥኪ፡ ንቕድሚት ብምቕጻልኪ'ዩ ጌጋኺ' ኢሉ ኣቢዱኒ።" ትብል።

በቒሊ ገዳም 1981 ወርሒ ሓደ'ያ፡ ምስ ተጋ/ነጋሲ ክፍለ (ስዉእ) ተዛሚዳ። ቅድሚ 20 ዓመት ንዝተፈጸመ ዕለት መርዕኣ ክትገልጽ ከላ፡ ከምዚ ትብል፡- ብርጌድ 77 ንመጀመርታ 30 ጽምዲ ዘመርዓወትሉ እዋን'ዩ። ሽዑ ይዝክረኒ፡ ክዳን ስለዘይነበረ፡ እቶም ዘይሕለሉ ክልተ ሳርቶ፡ ካብ ጸላኢ ንዝተረኸበ ቴንዳ፡ ለይትን መዓልትን ብዝሰፈዩልና ስረ ጌርና ኢና 30 ጽምዲ ተመርዒና። መቸም ኩሾኽ ሼሎ "ተጋዳላይ እንድዩኒሩ፡ መጻምድቲ ክኣ ግድን ክሕዙ ስለዝነበሮም፡ ኣነ፡ ካብ ወዲ ስረቐ ዝብሃል መራሕ ሓይለይ'የ ተለቂሐ ክይደ። ከምዚ ናይ ሎሚ ሼሎ ዳርጋ ተኻርየ'የ ክይደ። ድሕሪ ወርሒ ክኣ መሊስሉ። 30 ጽምዲ ኣብ ቴንዳ፡ ኣብ እግሪ ገረብ ዓዲይ፡ ድሙድሙ እናሰተና፡ እናተጻወትና ዘሕለፍናዮ መዓልታት ሕጽኖት፡ ኣየኽጥዕ ም...።"

ድሕሪ መርዓ፡ ውላድ'ዩ ዝስዕብ። በቒሊ ገዳም፡ ነፍስጸር ክትክውን ግዜ ኣይወሰደላን። ግዳ፡ በዓል ቤታ ነጋሲ ክፍለ፡ ብጥንሳ ክፍሊያ ከሎ፡ "ወዲ



እንተኾይኑ በረኸት በልዮ፡ በረኸት ኢሳቕ (ወዲ ኢሳቕ)፡ ኣብ 6ይ ወራር ዝተሰውአ መዘናይ'ዩ። ጓል እንተኾይና ክኣ ዘውዲ በልያ። ዘውዲ በርሀ፡ ኣብ ውግእ ሓድሕድ ዝተሰዉአት ጅግና'ያ" ኢሉ፡ ብለበዋ ምስ ተፋነዋ'ዩ ኣብ ኲናት ሰላሕታ ወራር ተሰዊኡ። በቒሊ ገዳም፡ ወዲ ወሊዳ፡ በረኸት ሰምያቶ (ሎሚ በረኸት ነጋሲ ወዲ 18 ዓመት፡ ተማሃራይ 10ይ ክፍሊ ኮይኑ ኣሎ።)

ኣብ ሰውራ፡ ፍቕርን መስዋእትን መካይድቲ'ዮም ነይሮም። ደቂ ሓንቲ ጋንታ ብመስዋእቲ ዝተፈላለዩ'ውን ኣለዉ። እዚ፡ ሽሙ ንወደይ ዘውረስክዎ በረኸት ኢሳቕ፡ ምስ ማሕታ ንብላ በዓልቲ ቤቱ፡ ኣብ ሓደ ኲናት'ዮም ነይሮም። በረኸት ተሰዊኡ፡ ማሕታ ባዕላ ቀቢራቶ። ዘወልዳይ (ዕንዱኩር) ዝብሃል ብጻይና'ውን ምስተሰውአ፡ በዓልቲ ቤቱ'ያ ቐቢራቶ። ቦታ ዓወት ንሓፋሽ'ያ ነይራ መፈላለይት።

በቒሊ ገዳም፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ብፍሉይ እትዝክሮ ተጋዳላይ፡ ሳልሕ ሙሳ ዝበሃል መራሕ ቦጠሎኒ'ዩ። ኣዝዩ ተጫራቓይን ኪኢላን'ዩ። ምሉእ መዓልቲ ንጸላኢ ዘርዕደሉ ሚላታት ክምህዝ ይውዕል። ቀትሪ ብዝኣክቦ ዓበይቲ ኣእማን ናብ ጸላኢ፡ መደራጋሕ ከንክራሩ ይሓድር'ሞ፡ ጸላኢ ዓሻ ክኣ ብፍርሒ ዝኣክል ምልእቲ ለይቲ ክትኩስ ይሓድር። "ግደፍወን ጥራይ ቦምብአን ከወድአን'የ" እናበለ ዘስሕቕም ዝነበረ'ዩ።

"ካብ ድፍዓት ክኣ ትሕቲ ፈርኔሎ፡ ስግር ሩባ ሞያ ዘላ፡ ናኩራ ዝብልዋ ድፋዕ'የ ዝዝክር፡ ናይ ብሓቂ ናኹራ'ያ። ትሃራሚት'ያ። ምንቅስቓስ ስለዘይክኣል ተኣሲርካ ኢኻ ትውዕል። ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ ቀልሃ ናይ ቢተን፡ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብናይ ጥይት ስቃጥላ እናሸንና ዳርጋ ዓመት ዘሕለፍናዮ ጸገማት ይርኣየኒ።"

በቒሊ ገዳም፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣት ተሳቲፋ ሓያለ ናይ መወጋእቲ ሓደጋ ዘጋጠማ'ያ።

- ኣብ ተበግሶ ናቕፋ (1979) ከባቢ ዓይናን ኣፍልባን፡
- 5ይ ወራር ኣብ ሰለፉ፡
- ኣብ ምድምሳስ "ናደው እዝ ክኣ፡ መራሒት መስርዕ ኮይና እናዋግአት፡ ኣብ ሓደ ግዜ፡ ጥይት፡ ንየማናይ ዓይና መንጢላ ብጉንዲእዝና ክትወጽእ ከላ፡ ብቡምባ ክኣ ርእሳን ኣፍልባን ተሃረማ። ኣብ ርእሳ ዝተሸኽቱ እስክጀታት ድማ'ዮም ናይ ነርቭ ጸገማት ኣስዒቦም፡ ክሳብ ሕጂ ጠንቂ መልመስቲ መላእ ኣካላታ ኮይኖም ዘለዉ።

"ድሕሪ'ዚ'የ ናብ ናይ ስንክልና ዓለም ብምእታወይ፡ ካብ ዝፈትዎም ብጾተይ ዝተፈለኹ።" ድሕሪ ምባል፡ ናብ ናቕፋ ተዓዚረት - ብመንፈስ። ንናቕፋ ድማ ከምዚ ክትብል ገሊጻታ።

"ኣብ ናቕፋ ተዓሊመ፡ ነቒሐ፡ ተዓጢቐ፡ ተዋጊአ፡ ተዛሚደ፡ ወሊደ፡ ... ናቕፋ ንዓይ ኩለንተናይ'ያ። ህይወተይ'ያ...።"

## . . .ብምንታይ ይሰንፍ?

ተጋ/ህይወት ሓጐስ



ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ፡ ካናለታት ዝኹዓታ፡ ኣጉናድ ዝተሰከማ፡ ኣብ'ቲ ከቢድን መሪርን ኵናት፡ ተቢዐን ዝሃጀማ፡ ጸላኢ ዘርዓዳ፡ ተዋጊኣን ዘዋግኣ፡ ቀባጸት ኢየን ነይረን።

ብፍላይ ኣብ እዋን ርሱን ኵናት፡ ጸላኢ ዝመስከሮ መለለይ ነይርወን። ህጁም ምስ ድሙቕ ድምጺ እልልታ። ብዛዕባ'ዚ፡ ተጋ/ህይወት ሓጎስ ከተዘንቱ ከላ፡ "ብርግጽ ደቂ ኣንስትዮና ንጸላኢ ዘሰክሓ'የን ነይረን ክብል እደፍር" ትብል።

ህይወት፡ ደረጃ መራሕቲ ሓይሊ ካብ ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ'ያ። ምስኣ ንዝነበራ ጀጋኑ ደቂ ኣንስትዮ ብምዝካር ከኣ "ኣብ ነፍስ ወከፍ ኵናት፡ ናይ ዜሮ ሰዓት ኣኺሉ ህጁም ምስተጀመረ ምስታ ፋልመይቲ ጥይት፡ ዕልልታ ብምስማዕ ንጸላኢ ዘጻጅዋ ቀባጸት ነይረን።" ትብዓተን ትምስክር።" ኣብ ኵናት፡ ደሚቕ እልልታ፡ ንጸላኢ ተርዕድ ንዓና ሞራል እተስንቕ መሳርሒት'ያ ነይራ" ድማ ትብል። ይኹን'ምበር እዋን ምዝላቕ፡ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ዝቐንዐ ነቐፌታ ቀሪቡ ምንባሩ'ያ ህይወት ትገልጽ። "ኣብ ኵናት፡ ደቂ ኣንስትዮ ጫውጫው ስለዝብላ፡ ጸላኢ፡ ድምጸን ሰሚዑ 'ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ'የን ተሪፈን' ብምባል፡ ይኣትወና ኣሎሞ እንተዝእረማሉ" ተባሂሉ። ተቐባልነት ግን ኣይረኸበን፡ "ንሕና ዕልል ምባል ኣይነቋርጽን ኢና። ኣይፋልክንን እንተኢልኩምና ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ድፋዕ ሃቡና'ሞ ብኣምሓራ እንተተደፈርና ሽዑ ንርአአ" ኢለን መኪተን እናዓለላ ዝሃጀማ ካብ ዝነበራ፡ በዓል ዘውዲ።

ኩለንተንኣን፡ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ዝምረጻ ከም በዓል ምልእተ፡ ባህጉን ካልኣትን ምንባረን እትጠቅስ ህይወት፡ ብፍላይ፡ ሰንኪላ ኣብ መንደፈራ ንእትርከብ ምልእተ መግለጺ'ያ ትስእነላ። ትሕቲ 350 ጠያይት ዘይትዓጥቕ፡ ኣብ ኵናት ድምብርጽ ዘይብላ፡ ሃጃሚት'ያ ነይራ። ተወጊኣ ከላ፡ መመሊሳ እትደራዓም ፍሉይ ተዋናጫፊ ዝኾነ ባህርይ ዝነበራ ኢያ ከመይ ኢለየ'ሞ ክገልጻ?" ትም ኢላ።

ኣብ ሰውራ፡ ዝምድና ብወግዒ ምስተፈቕደ ዝተኸስተ ፍሉይ ተርእዮ



ነይሩ። ዝበዝሓ ተጋደልቲ ክወልዳ ይደልያ ኣይነበራን። ከም ኣበሃህላ ሂወት፡ ሰለስተ ምኽንያታት ነይርወን።

1- "ክንጋደል'ምበር ክንወልድ ኣይመጻናን" ዝብል ተሪር እምነት ስለዝነበረን፡

2- ምውላድ፡ ካብ ብጾተንን ድፋዕን ስለዝፈላልየን፡

3- ቆልዓ ገዲፈን ናብ ሓይልታት ምስተመለሳ'ውን ሻቕሎት ስለዝብርትዐን፡ ኢዩ።

ብሰንኪ'ዚ፡ ከይሓሰብኦ ጥንሲ ዘጋጠመን ተጋደልቲ፡ ነፍሰ ቅትለት ዝፈጸማ፡ ክሳብ ዕለት ናጽነት ከይወለዳ ዝኣተዋ፡ ኣለዋ። ነፍሰጾር ከለዋ ዘይሕብራን ኣብ ኵናት ከይተረፈ ዝኣትዋ'ውን ነይረን'የን። ህይወት ንተጋ/ ኣልማዝ ኣብርሃ ትረቁሕ። ኣልማዝ ነፍሰጾር ከላ ኣብ ተኣፋፊ ኩናት ኣትያ ዝተዋግኣት'ያ። ምእንቲ ካብ ብጾታ ከይትፍለ።

መራሒት ሓይሊ ህይወት፡ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ብዝምልከት ብዙሕ'ያ ትዝክር። ብዛዕባኣን ብምኽንያት ወሊድ ኣብ እንዳ 17 ዝነበራ ተጋደልቲ'ውን ዘይሃሰስ ጦብላሕታ ኣለዋ።

ናይ ግንባር ናቕፋ እንዳ 17 ጸብራ'ዩ ነይሩ። ሓደ እዋን፡ ሓንቲ ሓይሊ ካብ ድፋዕ ተላኢኻ ትመጸልኩም። ነተን ኣደ ቖልዑ ዝኾውን ዕንጸይቲ ንምእራይ'ዩ። ኣብኡ ዝነበራ ተጋደልቲ ግን ኣዲመን። "ካብ ድፋዕ ብምውራድና ዘግዳዕናኩም ይኣክል" ኢለን።

ኣደ ቖልዑ ተጋደልቲ፡ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ባዕለን የሳላስልኦ ምንባረን፡ ኣብ ጸብራ ዘሎ መንበሪ ገዛውቲ ከይተረፈ ባዕለን ከምዝሰርሕኦ፡ 6ይ ወራር ተጀሚሩ ጸላኢ ብኹሉ ሸናኻት ምስ ኣጥቅዐ፡ 18 ኣደ ቖልዑ ተጋደልቲ፡ ብኢደ ወኒነን ድፋዕ ኣትየን'ሲ ተኣሲረን ከምዝተመልሳ፡ ሕሉፍ ተዘንቱ ሂወት።

"ኣብ ሰውራ፡ ኣብ ስራሕ ይኹን ኣብ ኵናት፡ ደቂ ኣስንትዮ 'ካብ ደቂ ተባዕትዮ ክንተርፍ የብልናን' ዝብል፡ ኩዑር ኒሕ፡ ሓቦን ህልኽ'ውን ነይሩና'ዩ"። ህይወት፡ ነዚ መረጋገጺ ዝኾውን መራሒት ጋንታ'ን ሓይልን ከላ ዘጋጠማ'ያ ኣተምቢሃ። ቅዱስ ቅንኢ ዘንቀሎ ናይ ስራሕ ምትህልላኽን ዘኪራ።

መራሒት ጋንታ ካብ ትኸውን ሰሙን ከይገበረት፡ ኣጋጣሚ፡ ናብ ኵናት ተበገስ ኮነ። መራሕ ሓይሊ ወዲ ሕሩይ (ስዉእ)፡ ንህይወት፡ "ሓደ መራሕ ጋንታ ጥራይ'ዩ ዝኣቱ። ኣብዚ ክትጸንሒ ኢኺ" ስለዝበላ፡ "ኣነ ኣይተርፍን'የ" ንሱ ከኣ "ክትተርፊ ኢኺ" ዘይምርድዳእ ተፈጥረ።

ኣዛዚ ቦጠሎኒ ወዲ መምህር፡ "ተትርፋ፡ እንተኣብየትካ፡ ሕጊ ትጥቀም" ተሪር ትእዛዝ'ዩ ኣመሓላሊፉ። ሂወት ሓሰበት። "ስለምንታይ የትርፉኒ ኣለዉ?" ነብሳ ሓተተት። "ጓለንስተይቲ ስለዝኾንኩ?" ባዕላ ድማ መለሰት። "በሉ፡ ቡምባ ቻይና ጥራይ ኢኹም ትእውዱኒ፡ ኣነ ከም ውልቀ - ተዋጋኢት ክይነ ክኣቱየ" ኢላ ምስ ተበገሰት፡ "እሞ ብሰንክኺ'ዶ ኣነ ክቕጻዕ

ኮይኑ፡ ያላ እሰርዋ" ኣዘዘ መራሕ ሓይሊ። እቶም ክኣስርዋ ዝመጹ ተጋደልቲ ግና ነብሶም ምግባር ስለዝኣበዮም፡ "ምእሳርሲ ኣሰርናያ፡ ደድሕሬና ክትመጽእ ክትብል ኣብ ፈንጂ እንተኣተወትከ?" ኣመኽንዩላ። ምስኦም ተሰሪዓ ድማ ኣብቲ ኩናት ተሳተፈት።

ድሕሪ ኩናት፡ መራሕ ቦጦሎኒ፡ "እንተኣብየትካ፡ እግራ ሓምሺሽካ ኩተትርፋ ኔሩካ፡ ስጉምቲ ብዘይምውሳድካ ግን" ኢሉ ንመራሕ ሓይሊ ማይ ክወርድ ቀጽዖ።

ህይወት ብሰንካ መራሕ ሓይላ ብምቕጽዑ ሓዘንትሉ። ጀሪካን ሒዙ ማይ ክወርድ ከሎ ተሓቢኣ ክትተሓጋገዞ ጀመረት። እንተኾነ ሕጂ'ውን ካብ ዳግማይ ነቐፌታ ኣየምለጠትን። 10 መዓልቲ ክትምግብ ተቐጽዐት። ነታ እትመርሓ ጋንታ ከኣ መገበት።

ህይወት፡ እዚ መቕጻዕቲ'ዚ ኣይተሰወጣን፡ ኣይተመኩረትሉን'ውን፡ "ንል ኣንስተይቲ ስለዝኾንኩ ካብ ኩናት ትረፊ ክበሃል? ከመይ ኢሉ?" መመሊሳ ድኣ ናብ ምትህልላኽ ተሸመመት።

መራሒት ሓይሊ ምስ ኮነት'ውን ተመሳሳሊ ዕንቅፋት'ዩ ኣጋጢምዋ። 1987 ኣብ ኩናት ናሮ'ዩ። ናይ ህይወት ሓይሊ፡ ብድሕሪ መስመር ጸላኢ ተጠውያ ኩተጥቅዕ ተዳለወት። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዕረፍቲ ዝነበረ ዓብለል ዝበሃል ካልኣያ፡ ተጸዊዑ መጸ። ህይወት ክትተርፍ ንሱ ክኣቲ። እዚ፡ ንሂወት ዘሰምበደ ተርእዮ ነበረ። "ኣነ ኣብዚ'የ ጽኒሐ። ኣቐዲመ ተዳልየሉ ከለኹ ወርሒ ኣብ ዕረፍቲ ንዝነበረ ኣምጺኹም እተእትውዎ ብኣይ ስለዘይትተኣማመኑ ድዩ?" ተቓወመት። ንመራሕ ቦጦሎንእ ወዲ መረስዕ (ስዉእ'ዩ) ኣይተቐበለቶን። መራሕ ብርጌዳ ርእሲ ምራኽ፡ ኩነታታ ርእዩ "ድሓን ግደፍዋ ትእቶ" ምስ በላ ድማ ክምብተይ እናተሰራሰረት ተበገሰት።

እቲ ስርሒት፡ ንትሽዓተ ዋርድያ ጸላእን ፈንጅታትን ሰጊርካ ሰለ ዝእቶ፡ ተወፋይነት ዝሓትት ክብድ ዝበለ'ዩ ነይሩ። ሂወት ፈኪራያ ኣትያ ዘላ። ስለዚ እዚ ኩናት'ዚ ከይፈሸል ሰፍ ዘይብል ጾር ብምስካማ ክትበላሓት ነይርዋ።

ድፋዕ ጸላኢ ምስተቓረበት፡ መንገዶም ሑጻ ብምዃኑ ምእንቲ ድምጺ ከይስማዕ፡ ኩሎም ተጋደልቲ እግሮም ብጨርቂ ክም ዝጥቕልልዎ ገበረት'ሞ መሰናኸላት ሓሊፋ ድፋዕ ጸላኢ ተጸግዐት።

ናይ ዜሮ ሰዓት ኣኺሉ። ጸላኢ፡ ብቕድሚትን ድሕሪትን ብምኽርዳኑ፡ ይትረፍ ክምክት ህይወቱ ክድሕን'ኳ ኣይከኣለን። ኣብ ሓጺር እዋን ብሙሉኡ ተደምሰሰ። ተጋዳላይ፡ ዓወት ተበሰረ። ዝያዳ ኩሉ፡ ጓል ኣንስተይቲ ዝመርሓታ ሓይሊ፡ ጸባ ስተየት። ህይወት ተሓበነት። ብቕልጽማ ማዕርነታ ዘረጋገጸት ህይወት።

* * *



# ጓል ጥሮታ



ኣዛዚ ሓይሊ ወዲ ፍሽይ ተዳሃያ ንጓል ጥሮታ። ንምንታይ ትጽዋዕ ምህላዋኪ ተዘይፈለጠት፡ ንጸዊዒቱ ግን ኣየዕበረቶን። ተኸተለቶ። "በጋ ጓል ጥሮታ፡ ካብዛ ደቒቕ እዚኣ ኣትሒዝኪ መራሒት መስርዕ ኮንኪ ኣለኺ።" በላ ዕትብ ኢሉ።

ነገራቱ ጋን ዝኾና ጓል-ጥሮታ፡ ቃላቱ ክዋሓጠላ ኣይከኣለን። ኣብ ዕምራ ፈሪሃ ዘይትፈልጥ ክነሳ፡ ኣብታ ሀሞት እቲኣ ግን፡ ኩብዳ ሓበጭቦጭ ኩበል፡ ሓሞታ ብትን ኢሉ ክዘረግ ተፈለጣ።

"እንታይ ትብል'ለኻ ወዲ ፍሽይ። ኣነ ድኣ ንባዕለይ ዝምራሕ'ምበር ከመይለ እመርሕ? ልዕ ለይ ሰፊሕ ኣራኣእያ ዘለዎም፡ ካባይ ብዕጽፍታት ዝሐይሉ ገዳይም ደቂ ተባዕትዮ እናሃለው ከመይ ገይረየ ኣነ ዝመርሖም፡?... ዘይከውንዩ!" ኣቕበጸት ጓል-ጥሮታ።

"... ንስኺ ክትመርሒ ከም እትኽእሊ፡ ኣብ ወራራት ተገምጊምኪ ኢኺ። ግድን ክትኮኒ ኢኺ። ትእዛዝዩ። ንምትብባዕኪ ድማ ኣለናኺ" ካልእ ከይወሰኸ ገዲፍዋ ተመርቀፈ።

እታ እናጓርጓራ መራሒት መስርዕ ዝተመዘዘት ጓል ጥሮታ፡ ንፈለማ እዋን፡ ኣብ 5ይ ወራር'ያ ኩናት ክትመርሕ ዝጀመረት። ካብ ኣርባዕቲኦን በራጊድ ዝተዋጽኣ ኣርባዕተ መሳርዕ፡ ኣብ ሮራ ሓባብ ጫፍ ናይ ጸጋማይ ግምባር ናቕፋ፡ ብፍላይ ድማ ኣብታ ብስም ሰዉእ ዛግረ ትፍለጥ ቦታ ምስ ቆማ፡ ጓል ጥሮታ፡ ናይ'ታ ቀዳመይቲ መስርዕ ኣዛዚት ኮነት። ንፈለማ እዋን ናይ ምምራሕ ብቕዓታ ዘመስከረትላ ከኣ ነበረት። ከመይሲ! ኣብቲ ውግእ'ቲ ምኩራት መራሕቲ ጋንታታት ዝተወግኡሉን ገለን ድማ ዝተሰውኡሉን'ዩ። ብዓቢኡ ካብ እንዳ 8 ክም ማእከልነት ሓይሊ ዝመጸ ኣዛዚ ምኽድዑ ተደማሚሩ ንጓል ጥሮታ ኩናት ናይ ምእላይ ዓቕሚ ዝተፈተነሉ ኣጋጣሚ'ዩ እውን ክበሃል ይከኣል።

ሽዑ፡ ጾር ሓላፍነት ኣብ ዝባና ምህላዉ ዝተሰወጣ ትብለጽ ተወልደ (ጓል ጥሮታ) ነታ ኣዛዚ ሓይሊ ጠንጢንዋ ዝኸደ ረድዮ ርክብ ንፈለማ እዋን'ያ ሒዛታ። ሽሕ'ኳ በየን ጠዊቕካ ከመይ መልእኽቲ ትቕበልን ተማሓላልፍን እኹል ኣፍልጦ ኣይንበራ፡ ብዘመስላ ጠዋዊቓ ምስ ኣዛዚ ቦጦሎኒ ወዲ ሞኪ'ያ ክትራኸብ ኪኢላ። ምስኡ እናተራዳደኣት ግርም ዓወት ኣሳሊጣ። ኦፕሬተር ምስ ልኣኸላ ድማ ጸገም ናይ ርክብ ተፈቲሑላ።

ናይ ሽዑ ጎርዞ፡ ብደረጃ ዕድመን ተመክሮን ጥራሕ ዘይኮኑ ብግድምናውን ጾብለል ንዝብልዎ ኣባጽሕ ክትመርሕ ጀሚራላ። ግን!.. "ይቕበሉኒ ዶ?" ዝብል ገዚፍ ስክፍታ ኣብ ሓንጎላ ቦታ ሒዙ ነበረ። ክቕበልዎ ተኸይዶም ክተኣምኖም ኣለዎ። ምእማን በየናይ መገዲ? ግድል ገኸና ሕቶ'ዩ ነይሩ።

ከም ሚላ ኣብ መስርዕ ቀብሊቲ ክትከውን ካብ ዘኽኣልዋ ነጥብታት ሓደ፡ ናይ ነንሕድሕዶም ጠባይ ምጽናዕ ኢዩ። ጭውው ዝበሉ ላምፐናትን፡ ግሩፕ ንኡስ ብርጃዋን ዝሓቖፈት መስርዓ፡ ኽኡሎም ብማዕረ እሞ ድማ ብዝፈትውዎ ጠባይ ስለዝኸደት "ዓይኒኺ ትደፉን" ዝብላ ተሳእነ። ተዋሃሂዳ። ብኸምዚ ከኣ እታ ኣብ ብርጌድ 70 ናይ ፊለማ ጓለንስተይቲ ዝነበረት ትብለጽ ተወልደ፡ ኣብ ዓመተ 1981 ኣዛዚት ጋንታ፡ ድሕሪ 5 ዓመት ከኣ 1986 ከም ማእከልነት ሓይሊ ኮይና ክሳብ ዕለተ ናጽነት ኣገልጊላ።

እልቢ ዘይብሉም ዝኽሪ ትውንን ጓል ጥሮታ፡ ምስ ናቕፋ ኣብ ዝተኣሳሰር ፍጻሜታት ሒደት ኣዕሊላ።

"ኣብ ደውደው ኢዩ። ድሕሪ መስመር ስለዝነበርና፡ ንናደው ንምድምሳስ "ኣርክቡ" ዝብል መልእኽቲ በጽሓና። ካብ ፍሽይ ምራሩ ንኣፍዓበት ኢዩ'ቲ ጉዕዞ። ጉዕዞ ብጉዕዝኡ ብለይቲ ኮይኑ ንኣስታት 13 ሰዓታት ዝወሰደ'ዩ። እዝክር ሽዑ እናኸድና ንታኽስ ነይርና።

መግብና ፕሮቲን'ዩ። ዝዋሃበና ማይ ብኹዝ'ዩ። ሓንቲ ኩዝ ንሓደ ሰብ መውዓሊቱ'ያ። ኣብ ቅድሚና ጥር-ጥር ዝብል ምስ እንርኢ "ጎዳይ ናይ ልቡ ይሓልም" ከም ዝብሃል ማይ ኮይኑ'ዩ ዝስምዕና።

ሓይልና ዝዝክርዋ ዕላል ኣላ። ቀትሪ ስለዝነበረ ኣዕሪፍና ኢና። ካብቲ ዝተዋህበትና ኩዝ ኣፋሪቖላየ። ተረፍ ድማ ንዳሕራይ ክኸናኒ ስለዝበቓቕኩወን "ሓደራ ማየይ" ኢለ ንኣባላተይ ተላብየ ግምብው በልኩ።

እንተኾነ ዓሚ'ቕ ድቃስ እንክይወስደኒ፡ ብምንቓ'ቲ ንኣሽተ ኣግራብ ጎሰስ እናበለ ተመን ተጸጋዓኒ። ነዚ ዘስተብሃሉ ብጾት፡ "ተመን መጺኡኪ" ምስ በሉኒ፡ ብር ኢለየ ተሲኣ። ግን ከይተረዳኣኒ ክንቀሳቐስ እንከለኹ፡ ነታ ኣብ ጎነይ ዝነበረት ኩዝ ሂበ ሓደግኩዎ። ኣየላበወትን ከምብል! በለት። እተን ዝበቓቕኩወን ማየይ ብሓመድ ክስተያ የዒይንተይ ርኣያ። ዝያዳ'ቲ ተመን ናተን ኣስምቢዱኒ። በልኩ ኸኣ "እታ ተሕዝነኒ ማየይ'ምበር፡ ተመንሲ ደለየ ምኸነ።" እዚ ኣባላተይ ይዝክርዋ'ዮም፡ ኣነውን ሉሚ ማይ እናኽሰትይ'ታ ናይ ደውደው ትቕጀለኒ።"

ጓል ጥሮታ ኣብ ዝኽሪ ዘይሃሰን ፍሉይ ጦብላሕታ ዘሕደሩላ ኣዘዝቲ ትዝክር'ያ። ንኣብነት ከም ኣዛዝቲ በጦሎኒታት ዝነበሩ ውጩ፡ ወዲ ሞኪ፡ መራሕ ሓይሊ ወዲ ሃንስ፡ ኣዛዚ ጋንታ ሚኪኤል ስዩም።

"ንና'ቕፋ ንምክልኻል ካብ ማዕሚደ ኢና መጺና። ኣብ ሓሬና ብርቱዕ ኲናትየ ተኻይዱ። ነቲ ቦታ ንፈልጦ ተዘይነበረና፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ግመ ምስ ተቐንጠጠ ኣከታቲልና ንሰለስተ መዓልቲ ተዋጊእና። ንጸላኢ ሓግሒግና ነታ ቦታ እኳ ተተቆጻጸርና፡ ሰባት ግን ከፊልና። መራሕ ጋንታ ወዲ ሓፍተይ፡ ወዲ ሽዕብ፡ ጉልጆ፡ ፍረወይኒ፡ ርእሲ ምራኽ፡ ተሰዊኦም። ባዓል ቀያሓታይ ኣብኣ



ተወጊኦም። ኣነውን ኣብኣየ ተወጊአ።

ሕጂ'ቶም ነቲ ኲናት ዝኣልዩ ዝነበሩ ሓለፍቲ ብሬን ሒዞም'ዮም ዝታኽሱ ነይሮም። እንታይ ኢኻ ትብል። ሽዑ እዋን ሬድዮ ሒዝካ ጠሊጢል እናበልካ ብድሕሪት ምእዛዝ ዝበሃል ነገር ኣይነበረን።"

ካልእ ዝዝክሮ ተጋዳላይ ዓዜን'ዩ ነይሩ። ዓዜን ናይ ምውጋእ ክእለት'ምበር ትምህርቲ ኣይነበሮን። ጸላኢ ክቐትል ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ዘይነበሮ ሰብ'ዩ።

ሓደ እዋን ምስ ጸላኢ ማዓልትን ለይትን ተዋጊእና፡ ድፋዕና ድልዱልዩ ነይሩ። ኣዛዚ ብርጌድና ሲንስ'ዩ ነይሩ። ዓዜን ከባቢ ፋዱስ ጸላኢ ኣዕሪፉ እንከሎ፡ ንዓና ገዲፉ ተጠውዩ ኣተዎም። "ኣትን ርጉማት ጨነውቲ" ኢሉ ኣብታ ማእዶማ ብምባ ወቲፍሎም። እንተኾነ ከምለስ እንከሎ ተሰዊኡ።

ደቂ ኣስንትዮ'ውን እዝክር። ተባዓትን ሰራሕቲ ቅያ'የን። ለተኺዳን (ንጥዮ) ቀዳመይቲ መድፋዓዲ ብሬን (ሀልወተ) ኣብ ዝኾነ ውድድር ናይ ብሬን ቀዳመይቲ'ያ ትወጽእ። ብሬን ሒዛ ክትዋጋእ ይድንጽወካዩ። ካልእ ጸሃይቲ ትበሃል መድፋዓጃ ኣርፒጂውን (ሰውእቲ'ያ) ንኣርፒጂ ተገቲራ ክትኩስ ከላ ተሰደምመካ፡ ጓል ሓይለይ ነይራ። ኣብ 6ይ ወራር ተሰዊኣ።

ከምኡውን ጽጌሬዳ (ጨው እግራ) መራሒት ጋንታን ሓኪም ሓይልን'ያ። ኣልጋነሽ'ውን ኣላ ሕጂ። ጓል ዳንኤልውን!... ኩሉ ወራራት እናተኻየደ እናዓ ለለትያ ትኣቲ ነይራ። ብኲናት ኣዚያ ፍልጥቲ'ያ። ጠባያ ሓዲግካ። እንተጠባ'ዮ ካካይ'ዩ!!"

ጓል ጥሮታ ኣብ ሜዳ ዝምድና ፈቲና'ያ። ሽዑ እዋን ማእከልነት ሓይሊ'ያ ነይራ፡ ንሱ ድማ ተራ። ካብ'ታ ኣሃዱኣ'ዩ ነይሩ መጻምድታ። ንሳ ንዕኡ ዝመረጸትሉ ልዕሊ'ቲ ምፍታዋን ምፍቃራን ኣብነት ክትከውን ከም ዘለዋ ኣሚና'ያ ንፍቕርን ሓዳርን ዝሓተ'ቶ። ተጸሚዶም ተዋሃሂዶም ከም ማይን ጸባን።

ሽዑ ጨረ'ቐቲ ንበዓል ቤታ ይጨርቁሉ ነይሮም'ዮም። "ዕድለኛ ኢኻ ፍስሃየ እንግሊዝ፡ ሽጉጥ ተተርኢስካ ትሓድር ኣለኻ" ይብልዎ። ግን ሚሒር ይፋተው ስለዝነበሩ ብዙሕ ይዓጅቦም ኣይነበረን።

ነገር ኲናት ግን ንፍቕርን ሕጽኖትን ዝድንግጽ ኣይኮነን። ገና ርእየ ከይጸገቦ ኣብ ኲናት ተሰዊኡ።

ጓል ጥሮታ ኣብቲ ግዜቲ ትካታዓሉ ዝነበረት ነጥቢ ተዘንቲያ፡ ኣብ ጉዳይ ሕርያ ደቂ ኣንስትዮ።

"ሰባት ኣብ ነንሕድሕዶም ዝፋተውሉን ዝፋቐሩሉን ረቛሒታት ብዙሕ'ኳ እንተኾኑ፡ ካብኡ መልክዕ፡ ጠባይ፡ ከምኡ'ውን ጅግንነት ክኾውን ይኽእል።

እንተዘየለ ዘዝጸበቐት ኣምጺእካ ኦፕሬተር ምግባር ጽባሕ ንግሆ ሳዕቢኑ ክገድድዩ እናበልና ንቃወሞን ንቃለሰሉን ምንባርና እዝክር። ፍቕሪ ወይ ምዝማድ ኣብ ድሌትን ምርጫን ናይቶም ተጻመድቲ'ምበር ጽፍሒ ሓላፍነት ከም መዐቀኒ ክኸውን ከምዘይብሉ ንገስገሰሉ'ውን ነይርና ኢና"ትብል ትብለጽ ተወልደ ጓል ጥሮታ!

# ዘስሕቕ ዶ ይመስል . . .?

## ድሙ ድሙ

ድሙ ድሙ ኣብ ሜዳ ዝተመስረሐ ስዋ ተጋደልቲ'ዩ። ነዚ ስዋ'ዚ ፈለማ ዝማሃዘት፡ ኣደይ ሂወት ትብሃል፡ ኣብ ብርጌድ 77 ምስ በዓል ጠዊል ዝነበረት'ያ።
ደሓር ግን ትረ ኻኽህልዎ ተባሂሉ ሽኮርን ለቢቶን ሓዊስካ ምብልሓት ምስ ተጀመረ፡ ካብቲ ካልእ ዝሓሸ መነባብሮ ዝነበሮ ኣሃዱ ከቢድ ብረት ኣዘውተሮ።
ንድሙ ድሙ ግን ዝያዳ ዝንእ ዘዕረገሉ ኣሃዱ እንተነይሩ "ሕክምናዩ"።

### ፈለማ ተጻመድቲ

ኣብ 4ይ ምድብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ፡ ሕቶ ዝምድና (መርዓ) ምስ ጸደቐ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ኑቲ ዕማም ኢተሳልጥ 4 ዝኣባላታ ኮሚተ ቆይማ። ኣባላት እታ ኮሚተ፡ ወዲ ካሳ፡ ወዲ ፍላንሳ፡ ከምኡ'ውን ወዲ በራኸን ጊላይ ተወልደን ነበሩ።
'ንፈለማ እዋን ኣብ'ቲ ግምባር ዝተጻመዱ ሰለስተ'የም። ንሳቶም ሓመድ ኣማን፡ ወዲ ምነይን ዓብደላ ሙሳን ከኣ ነበሩ።

* * *

ካብ ዝሰለፍ ክሳብ ዕለተ ሓርነት ኣብ ዘሎ ግዜ ጋዜጠኛ ሕድሮም ርእሶም 68 ሽዳ ኣብልዮ፡ 170 ግዜ ከኣ ዓሶ ሓሚሙ።

### ስፔሻል ዳይት

ኣብ 1979፡ ኣብ ጕላጉል ኣፍዓበት ዝዓረደት ጓል ጥሮታ ዝነበረታ ጋንታ፡ ሽጉርቲ ጥራሕ ትምገብ ነይራ፡ ሽጉርቲ ብሽጉርታ እንትርፎ ጨው ዘይቲ የብላ ዓደስ የብላ ከኣ እያ። ሽዑ'ዮም ተዋዘይቲ ስፔሻል ዳይት ኢሎማ።

### መከላኸሊ ንቕሪ

ኣብቲ ፈለማ ኣብ ናቕፋ ዝተዓረደሉ እዋናት፡ ሓያል ቊሪ'ዩ ነይሩ። ምስቲ ዝነበረ ዕርቃንን ጥሜትን ተደማሚሩ ከኣ ክሳብ ቃታ ንምጽቃጥ የጸግም ነይሩ።
ነዚ ዝባላዕ ቁሪ ንምክልኻል ክሻ ከም ኮቦርታ ኣገልጊሉ። ኽሻ ምስ ዘይህሉ ግን፡ ክልተ ሰብ ተደራሪብካ ደቅስ ይብሃል ነይሩ።



# ተዘክሮታት ተጋ/ሃብትኣብ ኣርኣያ

### ፋንቶም

ቅድሚ'ታ ኣደይ ብርሃና ንብላ ማርቸድስና፡ ኣግማል ነይሮሙና። ሓደ ካብኦም ፋንቶም'ዩ። ፋንቶም፡ ልክዕ ከምዚ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝቐሰመ፡ ድምጺ ኣይገብርን'ዩ። እቲ ዝገርመኒ መቐስ ኣፍዓበት ጕልጎል'ያ። ብለይቲ ክትፈልጣ የጸግመካ'ዩ። ንሕና ምስ ሓዝናያ ፋንቶምን ሰዓብቱን ልክዕ ኣብታ ከቢድ ብረት ንተኸለላ ትኽ ኣቢሎም'ዮም መሪሖሙና ኣትዮም። እኒ በዓል ፋንቶም ዕጥቅናን ስንቅናን የበጻጽሑልና ነይሮም። ፋንቶም ሓደ እዋን ኣብ ኣፍዓበት ተወጊኡ ነይሩ። ፋንቶም ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋናት ብሂወት ምንባሩ ይዕለል'ዩ።

### ቊማል

ቊማል ማእለያ የብሉምን። ዋላውን ክዳንካ እንተጠጠቕካዮ ንምሽቱ ሰለም ክተብል'ውን ዘይሕሰብዩ። ዋርድያ ብወግዒ ኣይትውጻ እምበር ስለዘይትድቅስ ዋርድያ ኢኻ። ንምሕካኽ መታን ክጥዕመና፡ ብኽልቲኡ ወገን ስሬና ንፈትሖ ምንባርና እዝከር።

### ዘይተዓደለት ኦክያለ

ወዲ ሓምቢር ሓንቲ ዓይኑ ሀርምቲ'ያ ነይራ። ሓደ እዋን ኦክያለ ይረክብ። ግጥም ኣቢሉ ድማ ይወድያ። እንተኾነ ካብ ጸላኢ ዝረኸብካዮ ንብረት ንዘምልክቶ ከተረክብ ግድን ስለዝነበረ "ኣረክባ" ይበሃል።
"ዋጋ ቱልት ምያ ዋሒድ" ከመይ'ለየ ዘረክባ? ሎሚ ኣይሀብ ጽባሕ ኣየረክብ" ኢሉ ዕጭ ይሕንፍፍ ወዲ ሓምቢር።
"ቱልትምያ ዋሒድ" መጸዊዒ ናይታ ዝነበራ ቦጦሎኒ'ዩ። 301 እንተኾነ ንታ ብኣገባብ ዘይመለሳ ኦክያለ ንሕክምና እናኸደ ከሎ ጫዓ ስሒቡ የውድቓ። በዚ ዝሓረቐ ወዲ ሓምቢር "ብቐደሙ ግዳ ዘይናትና ንገብረኪ" ኢሉ ምስ ሓመድ ኣደዋወሳ።

### ዘምኡ ዝማረኸቶ

ኣብ ጉዱ ትሕቲ ናሮ ድሕሪ ምዝዛም ኲናት፡ ሰብ ዘዝማረኸቶ ወታሃደር ሒዛ ትመጽእ ነይራ። ሓደ ካብቶም ሽዑ ዝተማረኹ ኮማንድሳት "ዓሕ!" ጥራሕ የብዝሕ ነይሩ
እቲ ኮማንድስ ልዕሊ ኩሉ ዘሕመሞ ጉዳይ ምምራኹ ኣይነበረን። ማራኺቱ ዘምኡ ብምንባራ።

ዓዋን ኮማንድስ

"ኣቲም ሰባት ፍቑዱለይንዶ፡ ኣርማድዮ ሙሉእ ክዳን ዓጽየ'የ መጺኤ። እንታይ ኣለዎ ተምጻእኩዎ?" በለ ሓደ ኣብ ናቕፋ ዝተማረኸ ኮማንድስ። "ታይ ግድኻ ገለ'ውን ሞቶረ መኪና ከየጥፌእትያ መጺኣ ንስለ ናጽነት ትጋደል ዘላ" ትቕብል ኣቢሉ ዝመለሰ ተጋዳላይ።

ጀብጀብ

"ኣብቲ እዋንቲ ጸጉሪ ርእሲ ተጋዳላይ ጀብጀብ ዝነበረ ብኻልእ ምኽንያት ዘይኮነ፡ ምስ ተሓጸብካ እትምሽጠሉ ሚዶ ወይ መመሸጥ ስለዘይነበረ'ዩ"

ክረምቲ

"ክረምቲ እንስሳታት ዝሕጉሱሉ ወቕቲዩ። ምኽንያቱ ሳዕርን ቆጽለመጽልን ስለዝረኽቡ፡ ኣብ ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ ተጋዳላይ'ውን ክረምቲ ይብህግ ነይሩ፡ ዝበቖለ ቆጽለ መጽሊ ዝምእርረሉ ወቕቲ ስለዝነበረ።

ንብረት ልዕሊ ህይወት

ንብረት ልዕሊ ሰብ ዝሕተተሉ እዋን ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ሓደ ተጋዳላይ እንተድኣ ወዲቑ፡ "ኣታ ደሓንድያ ብረትካ፡ ደሓን ድያ ጀሪካንካ ኢኻ ትብሎምበር፡ ደሓን ዲኻ ንሰኻ ኣይትብሎን ኢኻ። ምናልባት ሎሚ ከስሕቕ ይኽእል፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ግን ንቡር'ዩ።

ዋርድያ

ኣብ 1980-81 ኣብ ግንባር ናቕፋ ከቢድ ጥሜትን ዕርቃንን ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሱዳን መገዲ ዓጽዮም ስለዝነበሩ ገለ ስንቅታት ይዓግቱና ነይሮም። እታ ጸብሒ ማይ ጨው'ያ ነይራ። ንባዕላ እታ ወዲ ዓከር ተሳኢና። ኣብ ርእሲኡ ወያነ ተወሲኾሙና ጥሜት ከረረ።

ነተን ፍትፍት ማይ ጨው ኣብ መሳርዕን ጋንታታትን ክትመቕለን ከለኻ፡ ኣዝየን ውሑዳት ነይረን። ስለዚ ከም ምርጫ ዋርድያ ተመራጺት ነይራ። ምኽንያቱ ፈቲኻ ጸሊእካ ንዋርድያ ኣርብሕ ኣቢልካ ስለተትርፈሉ ።

* * *



# ናቕፋ እንታይ'ያ?

"ናቕፋ ዩኒቨርሲቲ ተጋዳላይ'ያ። ፖለቲካ ዝተመሃርናሉ፡ ኣተሓሳስባና ዘማዕበልናሉ፡ ባህላዊ ንስንሳት ዘካየድናሉ ኣብ ናቕፋ ስለዝኾነ'ዩ"

"ደንደን፡ ዋሕስ ናቕፋ፡ ከም መዕቆቢናን ናይ መወዳእታ ዕርድናን'ዩ ነይሩ"

"ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ንሕና ንጸላኢ ክንቀርቦ ወይ ክቐርበና ኢና ንደሊ ኔርና። ዝያዳ ምቕርራብ ውሕስነት ኔርዎ፡ ምኽንያቱ ካብ ደብዳብ ትድሕን ኢኻ"

*ወዲ ኣመሪካ*

"ጸላኢ ነቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዝነበረ ሰራዊቱ ብጃንጥላ ስንቂ ክድርቢ ከሎ ተጋዳላይ ይሕጉስ ነይሩ፡ ምኽንያቱ ንሱ'ውን ምስ ጸላኢ ተቐዳዲሙ ስለዝዕንገል?

"ካብ ምርብራባትን መጥቃዕትታትን ግንባር ናቕፋ፡ ብዙሕ ተሞኩሮ ተጠርዩ። እተን ዝበዝሓን ዝኸበዳን መጥቃዕትታት ጸላኢ፡ ኣብ ናቕፋ ኣፍሺልናየን!!

*ኣማኑኤል ፖሊስ*

"ናቕፋ፡ እታ እንኮን ናይ መወዳእታን መከላኸሊ ዕርዲ ሰውራ ኤርትራ መድሕን ሃገርን ኣደ ናጽነትያ"

"ኒሕ ሃገራዊ ወኒ'ዩ ሓይሉ"

*ሓኒታይ*

"ኣብ ግንባራት ናቕፋ ዝተኻየደ ኩናት፡ ካብ ዝኾነ ካልእ ውግኣት ፍሉይነት ነይሩዎ፡ ካብ ህዝቢ ርሒቕካ ኣብ ጽምጽም በረኻን ዓቐበ ቁልቁል ዝበዝሖ ቅርጺ መሬትን ዝተኻየደ ኩናት ብምዃኑ "

"ጸላኢ ንናቕፋ ክሕዛ ዘይከኣለሉ ምስጢር፡ ትብዓት፡ ተወፋይነት ሃገራዊ ኒሕን ጅግንነትን ተጋዳላይ ጥራይዩ... ህዝቢ ናቕፋ'ውን ሓርበኛ ውፉይን ዓ ንዲ ሰውራን'ዩ።

*ሌ/ኮ እስጢፋኖስ ዘርኣይ*

"ኣብ ምርብራባትን መጥቃዕትታትን ግንባር ናቕፋ "መኣስ'ያ ትወግሕ" ኢና ንብል ኔርና፣ ባህርያዊ ኮይኑምበር፣ ለይቲ ክትህሉ ፍጹም ኣይምመረጽናን"

"ኣብ ግንባራት ናቕፋ፣ ጽንዓት ጥራይዩ ተንብረና ኔሩ። ጽንዓት ንናጽነት!

*ኰሎ/ ጸሃየ ኣብርሃም*

"ኣብ ናቕፋ መምርሒ ወይ ትእዛዝ ዝጽበ ተጋዳላይ ኣይነበረን፣ ደው በል እናበልካዮ ጠኒኑ ናብ ጸላኢ ኣትዩ ዝረጋረግን ዝሰዋእን ሰራዊት'ዩ ኔሩና"

"ነቲ ኣብቲ እዋንቲ ኣብ ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊትና ሒዝካ ኽልእ ዘይድፈር ዝመስል ግንባርውን እንተኾነ ክትፍርስ ይክኣል'ዩ"

"ንሰራዊትና ዓቲቡን ኣጽሊሉን ዘድሓኖ ታባታት ናቕፋዩ"

*ተጋ/ተስፋ ይሕደጐ*

"ኣብ ግንባራት ናቕፋ፣ ጠያይት ወዲኡ ብእምኒ ንጦር ሰራዊት ፈጊኡ ዝምለስ ተጋዳላይውን ውሑድ ኣይነበረን"

"ንመስርሕ ድፋዓት ናቕፋ ዝኸውን ከበድቲ ኣጉናድ ክሰከሙ ክብሉ ዝሰንከሉን ዝተሰውኡን ብዙሓት ኔሮም"

"ምሉእ መዓልቲ፣ ካብ ኣዕይንቲ ጸላኢ ተሰዊርካ ብለይቲ ካናለታት ምፍሓርውን ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ጸገም ይፈጥር ኔሩ። ጨርባሕባሕ ኣፍራዛን ባዴላን ህይወት ሰብ ትምልጥል ኔራ.ያ"

*ተጋ/መንግስ ሃብተጽዮን*

"ናቕፋ ብኣዕጽምቲ ሰዉኣትና ዝተነድቀት ከተማ.ያ። ምንጪ ናይ ተባላሓትነትናን ተሞኩሮናንውን ንሳ.ያ!"

*ብሪጋዴየር ጀነራል ጉይትኦም መንግስቱ*

"ሰራዊትና ድኣዩ'ምበር ጉቦታትን ኣጻድፍን ናቕፋ ኣይኮነን ሓያል"

"ኣብ ግንባራት ናቕፋ ንመስዋእቲ ምቅድዳም ከም በለጽ ተቖጺሩ ይንቀፍ ነይሩ።"
"ሰብኣይን ሰበይትን ተጋደልቲ ዝስዉኡሉ፣ ሰብኣይ ንሰበይቱ ሰበይቲ ንሰብኣያ ትቐብረሉ ኣጋጣሚታት'ውን ነይሩ'ዩ"

*ኮሎኔል ገብረገርግሽ ደጸዮን.*



"ኣብ ግንባራት ናቕፋ፣ ተጋደልቲ ደቀንስትዮ ዘሓብን ታሪኽየን ሰሪሔን፣ እታ ሓንቲ ብሬን ክትትኩስ ከላ፣ እታ ካልእ ሸሪጥ ትመልእ። እታ ሓንቲ ቡምባ ክትድርቢ ከላ'ውን እታ ካልእ ውጉኣት ተበጽሕ ኔራ"

"ተጋዳላይ፣ ብድሌት ዝተበገሰ ቆራጽ፣ ብዘይካ ሃገር ካልእ ዘየቐድም፣ ሰፊሕ ኣረኣእያ ዝነበሮ፣ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ዓወት ዝቃለስ'ምበር ንድሕነቱን ናይ ምንባር ሕቶን ከም ዕላማ ዘይነበሮ'ዩ።"

ናቕፋ ቦታ ሰማእታትን ኣደ ኤርትራን'ያ

*ኮሎኔል ሓጐስ ተኽስተ*

"ኣብ ግንባራት ናቕፋ ክሳብ ሓደ ንዕስራ ዝተዋጋእናሉ እዋን'ውን ኔሩ"

"ናቕፋ፣ ንዓና ጥራይ ዘይኮነት እንተላይ ንጸላኢውን እስትራተጅያዊት ቦታያ ኔራ። ጸላኢ ሓይሉ ኣብ ኣጽዋሩ ንሕና ከኣ ሓይልና ኣብ ጽንዓትና ስለዝነበረ ተዓዊትና።"

*ኮሎኔል ዘሚኪኤል ተኽሊያ*

## ጥበቆ

# ሓጺር ታሪኽ ግንባር ናቕፋ

*ብኮሎኔል ጋይም ተስፋሚካኤል*

1977-1978 ነቲ ቅኑዕ መድረኻትን፣ ስልትታትን ዝተናወሐ ኲናት ብምኽታል ብዘይካ'ተን ተኸቢበን ዝነበራ ኣርባዕተ ከተማታትን (ኣስመራ: ዓዲቀይሕን: ባረንቱን: ዓሰብ) ብኽፊል ተታሒዛ ዝነበረት ከተማ ባጽዕን: ንዝሰፍሐ ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ ሓራ ብምውጻእ: ንጸላኢ ኣብ ከበባ ብምእታው ከቢድ ምርብራባት ዘካየደሉ እዋን'ዩ። እንተኾነ ብምትእትታው ኣህጉራዊ ሓይሊ ማለት ርእሰ-ሓያል ሶቭየት ሕብረት፣ እቲ ኩነታት ተለዊጡ። ሶቭየት ሕብረት ንስርዓት ደርግ ብኹሉ መዳያትን ብምሉእ ዓቕማን: ልዑል ሓገዝ ስለዝገበረት ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ተቐይሩ ክልተ ዓበይቲ ተርእዮታት ክኣ ተጋሂዶም።

1. ጸላኢ፣ ንሰውራ ኤርትራ ካብ ገጽ መሬት ንምጥፋእን ህላዌኡ ከምዘብቅዕ ንምግባርን ዝዕላምኡ ናይ ወራር ተበግሶ ኣካይዱ።
2. ህዝባዊ ሰራዊት፣ ዝተናውሐ ኲናት ከም ሜላ ተጠቒምካ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ቦታ'ን ንጸላኢ ብምድኻም ዓወት ምጭባጥ ዝዕላምኡ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ገይሩ።

ብዚ መሰረት ክኣ ብግዜ፣ ብቦታ: ብስልቶምን ባህርያቶምን ዝተፈላለዩ 8 (ሸሞንተ) ተኸታተልቲ ወራራት ጸላኢ ተኻይዶም። እቶም ቀዳሞት 3 (ሰለስተ) ወራራት መስርሕ ምዝላቕ ኣብ ዘይተደምደመሉ ንጸላኢ ኣብ ዝጥዕም ቦታታት ዝተኻየዱ ክኾኑ ከለው፣ እቶም ዝተረፉ 5 (ሓሙሽተ) ወራራት ክኣ ኣብ ቀዋሚ ግንባራት ሳሕል ዝተኻየዱ ኢዮም።
ብፍላይ ክኣ ግንባር ናቕፋ ናይ ምዝላቕ ፋይል ዝተዓጸወሉ: ንኣስታት 10 (ዓሰርተ) ዓመት ናይ ምርብራብ ውግእ ዝተኻየደሉን ጸላኢ ዝተዳኸመሉን'ዩ።
. 1988 ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ደምሳሲ ኲናት ዘካየደሉ ብምኳኑ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ፍሉይ መቐይሮ ዝተጋህደሉ'ዩ።

ሀ. <u>ኣጀማምራ ወራራትን ምምስራት ቀዋሚ ግንባርን</u>

ሰውራ ኤርትራ፣ ናይ መወዳእታ ዓወት ንምምዝጋብ ኣብ ከቢድ ጻዕርን ምርብራብን እንከሎ: ጸላኢ ብወገኑ ኣብተን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ዝነበራ ከተማታት ኤርትራ ብርክት ዝበለ ሰራዊትን ኣጽዋርን ብምድራብ ንመጥቃዕትታት ህዝባዊ ሰራዊት ክጻወር ዘኽእሎ ኩነታት ፈጢሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ፣ ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ውግእ ይካየድ ስለዝነበረ ኣብኡ ዝተረኸበ ዓወት ኣብ ኤርትራ ንምድጋም ዓቢ





ክፋል ሰራዊትን ኣጽዋርን ኢትዮጵያ፣ ናብ ኤርትራ ቀኒዑ። ስም ናይቲ ሰራዊት ክኣ "ሁለተኛ ነጻ ኣውጪ ሰራዊት" ተሰይሙ። እቲ ብትግራይ ዶብ ጥሒሱ ንኤርትራ ክኣቱ ዝወዳደብን ዝቀራረብን ዝነበረ ሰራዊት ብሓደ ወገን: እቲ ኣብ ከተማታት ኤርትራ ተኸቢቡ ዝነበረ ሰራዊት ክኣ በቲ ካልእ ብሓድሽ ኣወዳድባ ብደረጃ ግብረ-ሃይሎች (TASK FORCE) ተወዲቡ። ብጠቕላላ ኣስታት 120,000 ሰራዊት ምስ ዘመናዊ ኣጽዋር - ኣሰሊፉ ቀዳማይ ወራር ጀሚሩ።

<u>ቀዳማይ ወራር፣ (ሓምለ -ነሓሰ 1978)</u>

ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሓምለ 1978 ጀሚሩ ክሳብ ወርሒ ነሓሰ ቐጺሉ:

1. 501 ግብረ-ሃይል ካብ ጎንደር ተበጊሱ ሑመራ: ኦምሓጀር: ተሰነይ: ባረንቱ:
2. 502 ግብረ-ሃይል ካብ ሽረ ተበጊሱ ዓዲ ዳዕሮ: ሻምብቆ: ባረንቱ
3. 503 "ለ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ካብ ዓድዋ ተበጊሱ መረብ: ዓዲኳላ: መንደፈራ:
4. 503 "ሀ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ካብ ግርሁ ስርናይ ተበጊሱ: ጾሮና: ማይዓይኒ: ደቀምሓረ:
5. 503 "መ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዝነበረ:
6. 505 ግብረ-ሃይል ኣብ ባጽዕ ዝነበረ
7. 506 ግብረ-ሃይል ኣብ ኣስመራ ዝነበረ
8. 509 ግብረ-ሃይል ባረንቱ ዝነበረ:

ኣብ ኣተሓሕዛ ግንባራት ለውጢ ብምግባር ካብ ደቡባዊ ግምባር ኣዝሊቑ ካብ ኣስመራ ተቖሪጹ ዝጸንሐ መስመራት መረብ'ን ዛላምበሳን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ጸላኢ ኣትዩ። ብግንባር ምብራቕ ክኣ ንባጽዕ ሓዲጉ ኣብ ዶጋሊ ዓሪዱ።

<u>ካልኣይ ወራር፣ ሕዳር 1978</u>

ጸላኢ ኣብ ዝኣተዎ ከተማታት ዘድሊ ምውህሃድን ምቅርራብን ድሕሪ ምግ ባር ቀዳማይ ወራር 18 ብሕዳር 1978 ጀሚሩ።

- ጸላኢ ኣብ ካልኣይ ወራር ፍሉይ ምቅርራብ ነይርዎ:-
  . ምድላው'ን መጽናዕትን ናይዚ ወራር ብምልኡ ብሓገዝ ሶቭየታውያን ስለዝተኻየደ ካብቲ ካልእ እዋናት ፍልይ ዝበለ ስልቲ ኲናት ተጠቒሙ።:

. ብቕዓቱ ብላዕለዎት ምኩራት ወታሃደራዊ መኮንናት ሶቭየት ሕብረት ዝተፈተሸ ናይ ሎጂስትክስ፡ ናይ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ስታፋት ምምሕዳራዊ ኣገባብት ብብጽፍሖ ተዘርጊሖ፡
. ቀጻልነት ዘለዎ ሓበሬታታት ንምርካብ ዝተራቐቐ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዘምጽእ ናይ ስለያ መሳርሒታት ተጠቒሙ፡
. ኣቐዲሙ ዘይነበረ ንምሉእ ወራር "ብሄራዊ ኣብዮታዊ ዘመቻ መምርያ" ብዝብል ዝጽዋዕ ሓድሽ ላዕለዋይ እዚ ኣቖሙ።

- ኣስመራን ኣቚርደትን ዝነበረ ዓቕሚ ጸላኢ ኣዝዩ ዘቕቢቡ ብምንባሩ ፡ጸላኢ ዝተፈልየ ወታደራዊ ስልትታት ክጥቀም ከምዝኽእል ኣብ ግ ምት ኣትዩ ስለዝነበረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ'ቲ ተሃንዲዱ ዝመጸ ጸላኢ ክሳራታት ድሕሪ ምውራድ፡ ናህሩ ኣብ ዝደኸመሉ ጊዜ ቀስ ብቐስ ናብቲ ዝተመርጸ ቦታታት ብብስጉምቲ ምዝላቕን ንደጀን ከምዝበጽሕ ምግባርን ከም መደብ ተታሒዙ ነይሩ።

- ዓቕምን ኣበጋግሳን ጸላኢ፡
. 501፡ 502፡ 509፡ ግብረ-ሃይል፡ ንከተማታት ተሰነይን ባረንቱን ኣቚርደትን ድሕሪ ምቁጽጻሩ ብሓድሽ ተወዲቡ 508 ግብረ-ሃይል ኣቑሙ ንከረን ክቕጽል ከሎ፡

ግብረ-ሃይል 506 ገለ ክፋል ናይ 503 ግብረ-ሃይል ካብ ኣስመራ ንከረን

. ግብረ-ሃይል 505 ከኣ ካብ ባጽዕ ንኣስመራ፡ ተንቀሳቒሱ።

ባረንቱን ኣቚርደትን ድሕሪ ምቁጽጻሩ ብሓድሽ ተወዲቡ 508 ግብረ-ሃይል ኣቑሙ ንከረን ክቕጽል ከሎ፡
. ግብረ-ሃይል 506'ን ገለ ክፋል ናይ 503 ግብረ-ሃይል ካብ ኣስመራ ንከረን
. ግብረ-ሃይል ከኣ 505 ካብ ባጽዕ ንኣስመራ፡ ተንቀሳቒሱ።

- ጸላኢ ካብ ኣስመራ ብሰሜናዊ ምብራቕን ምዕራብን፡ ካብ ኣቚርደት ንከባቢ እንገርነ፡ ካብ ባጽዕ ከባቢ ጽርግያ ኣስመራን ንወገን እምበረሚ ብምግፋሕን ወራሩ ጀሚሩ።

- ብሰለስቲኡ ግንባራት ማለት ሰሜናዊ ግንባር ኣብ ዒላበርዒድ፡ ምዕራባዊ ግንባር ኣብ ከባቢ እንገርነ፡ ምብራቓዊ ግንባር ኣብ ከባቢ ደጋሊ ዓበይቲ ውግኣት እናተኻየዱን ንጸላኢ ዘዳኽሙን ክዓግቱ ዝኽእሉን ዓወታት እናተመዝገቡ፡ ብወገን ጸላኢ ደጀን ሰውራ ንምቁጽጻር ብሽዕብን



ማርሳ ጉልቡብን ንከተማ ኣፍዓበት ዝዓለመ ምንቅስቓስ ስለ ዝጀመረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብዝተጸንዐን ጽፉፍን ኣገባብ ካብ ሰሜናዊን ምዕራባዊን ግንባር ኣዝሊቑ፡ ነቲ ንኣፍዓበት ገጹ ዝተንቀሳቐሰ ጸላኢ ኣብ ኣዝሃራን ማዕሚደን ከቢድ ክሳራታት ኣውሪዱ ብምዕጋት ኣብ ገንፈሎምን ማዕሚደን ዓሪዱ።

ሳልሳይ ወራር - (ጥሪ ለካቲት 1979)
- ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ግንባር ገንፈሎምን ማዕሚደን ዓሪዱ ጸላኢ፡ ነቲ ብወገን ገንፈሎም ዝነበረ ዓቕሙ ካብ ወገን ኣስመራን ኣቚርደትን፡ ነቲ ብወገን ማዕሚደ ዝነበረ ዓቕሙ ከኣ ካብ ባጽዕን ከባቢኣን ብዝመጸ ሓድሽ ዓቕሚ ሰብ እናደረበ ኣብ ናይ መጽናዕትን ምቅርራብን መድረኽ ኣትዩ።

- ጸላኢ ብወገን ገንፈሎም ቀጻሊ ፈተነታት'ዩ ዘካይድ ነይሩ፡ እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ከኣ ናይ ከተማ ከረን ስግኣት ንምውጋድን ቀሲኑ ዝወዳደበሉ ዕድል ንምርካብን እዩ። ህ.ሰ ብኹሉ ኩርንዓት ዝመጸ ኣጽዋር ጸላኢ ናብ ሓደ ታርጌት ምቕንዑ ሃሳ'ይ ነይሩ ጸላኢ ከበድቲ ኣጽዋሩን ታንክታቱን ከም ድላዩ ክጥቀመሉ ኣብ ዘይክእልን ዝሓሸ ቦታን ብምጽናዕ ብዕለት 9-11-1979 ድፋዓት ካብ ገንፈሎም ንቆጋይ ተቐይሩ።

- ጸላኢ፡ ብ25-1-1979 ንግንባር ማዕሚደ ገዲፉ ናብ ማርሳ ተኸላይ ስለ ዝተበገሰ፡ ክልቲኡ ግንባራት ማዕሚደን ቆጋይን ስትራተጂካዊ ኣገዳስነቱ ኣብቂዑ።

- ጸላኢ፡ ብናሮ ኣቢሉ ንናቕፋ ብቐሊሉ ክኣቱ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ስለ ዝተገመተ፡ ሩባ ሕዳይ ምዕራድ ከኣ ንመከባብሮ ኣሃዱታት ንምውህሃድን ዘይምችእ ፋሕ ዝበለ ጎቦታት ዝሓቑፍ፡ ጸላኢ ብጻዕቂ ከቢድ ብረት ክጥሕስ ስለዝኽእል፡ ንነዊሕ ክንከላኸለሉ ዘኽእል መንጎ ሩባ ሕዳይን ከተማ ናቕፋን ዘሎ ቦታታት ምዕራድ ተመሪጹ።

- ብዕለት 5/2/1979 እቲ ሓንሳብ ምስ ተታሕዘ ዘይተገድፈ፡ ንቐጻልን ሓያልን ወራራት ጸላኢ ዘምከነ፡ ብጸላኢ ከይተረፈ ከም ሓጺናዊ ዕርዲ ዝተገልጸ፡ ልዑል ኤርትራዊ ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝተራእየሉ ቀዋሚ ግንባር ናቕፋ ተመስሪቱ።

- ኣተሓሕዛ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት። ጸጋማይ ጫፍ ናይቲ ግንባር ካብ ታባ ብልሓት (እንዳ ዱባለ) ⟶ ታባ ተኣማመን ⟶ ቀይሕ መሬት ⟶ መርከብና ⟶ ፈደል-T (ንናቕፋ ዝድይብ ጽርግያ)

ግሎብ ኒ.ብ 1742 ሪጉለ → ዋንጫ → ደንደን ኒ.ብ 1969 → ፈርኄሎ (ሩባ ሞያ) → ናኹሪ → ቴስታ ኢዩ።

ኣብ'ዚ ተጠቂሱ ዘሎ ዕርድታት፡ ኣተሓሒዞ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ጸጋማይ ክንፊ ጀሚሩ ብርጌድ 58፡ ብርጌድ 51፡ ብርጌድ 70፡ ብርጌድ 77 ተዘርጊሐን ነይረን።

- ፊት ንፊት ተዘርጊሑ ዝነበረ ዕርድታት ጸላኢ ከኣ ካብ ጸጋማይ ክንፊ ታባ ዓመልቶ → ሩባ ሕዳይ ቆሪጹ → ጓል ደንደን ኒ.ብ 1852 → ሓሬና ኒ.ብ 1943 → ጸበይት ኒ.ብ 1698 → ተብር ጻዕዳ ኒ.ብ 1803 ኮይኑ፡ነቲ ግንባር ብምልኡ ሒዝዎ ዝነበረ ከኣ ግብረ-ሃይል 508 እዩ።

- እቲ ካብ ቆጓይ (ግዝግዛ) ዘዝለቐ ህዝባዊ ሰራዊት ንጸላኢ ዓበይቲ ሰብኣዊ ክሳራታት ዘውረደ ግጥማት እናኣካየደ ናብ ቀዋሚ ዕርድታት በጺሑ። ጸላኢ ብወገኑ ናቕፋ ንምቁጽጻር ጥራይ ዘይኮነ፡ ንፖለቲካዊ ዕላማታቱ ከገልግል ከም ዝኽእል ከም ታርጌት ወሲድዎ ስለዝነበረ ቅልጡፍ ምንቅስቓስ ነይርዎ። ዕለት 6/2/1979 ከኣ ናይ መጀመሪያ ከቢድ ውግኣት ኣብ ቀዋሚ ዕርድታትና ዝተኻየደሉ ኢዩ ነይሩ። ካብ ዕለት 6-11/2/1979 ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ ዘይነበሮ ውግኣት ተኻይዱ። ጎቦ ደንደን፡ ኣብ ታሪኽ ቃልስና ጉሉሕ ቦታ ክትሕዝ ዘብቅዓ ኩነታት ከኣ ኣብዚ እዋን'ዚ ኢዩ ነይሩ። ብኣተሓሳስባ ጸላኢ፡ ጎቦ ደንደን ምሓዝ ማለት ከተማ ናቕፋ ምቁጽጻር ማለት ምኻኑ ስለዝነበረ፡ ካብቲ ቀዋሚ ዕርድታት ቀዳመይቲ ክትተሓዝ ሕጽይቲ ብምንባራ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ናይቲ ምሉእ ግንባር ከበድቲ ኣጽዋር ጸላእን፡ ተዋጋእቲ ነፈርትን ናብኣ ቀኒዑ ዝግበር ዝነበረ ደብዳብ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልትን ለይትን ክሳብ 15 ጊዜ መጥቃዕቲ (ህጁም) ዝተፈጸመሉ ደማዊ ውግኣት ተኻይዱላ'ዩ። እንተኾነ ጎቦ ደንደን ከምቲ ጸላኢ ዝሓሰቦ ዘይኮነ ብጸላኢ ከይተደፍረት ጀጋኑ ዋናታታ ንኣስታት 10 ዓመት ኣብ ከርሳ ብምስፋር ተኸላኺሎም።

- ብኣጠቓላሊ ሳልሳይ ወራር፡ ጸላኢ ንግርሳ ተኸላይ ዝተበገሰላ ዕለት 28ጥሪ 1979 ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ክልተኡ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ፈተነታቱ ዘብቅዓሉ ካልኣይ ሰሙን ናይ ወርሒ 2/1979 ዝተኻየደ ኢዩ። ኣበጋግሳ ሓይልታት ጸላኢ ብዝምልከት 505 ግብረ-ሃይል ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ 506. 508 ግብረ-ሃይል ከኣ ንግንባር ናቕፋ ዝተበገሱ ኢዮም ነይሮም።



<u>ራብዓይ ወራር- (30 መጋቢት - 11 ሚያዝያ)</u>

- ጸላኢ፣ ናቕፋ ንምሓዝ ዝነበሮ መደብ ኣብ ሳልሳይ ወራር ብተሪር መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ርእሲ ምፍሻሉ፣ ድኻምን ሞራልን ጸላኢ ብምግምጋም ህዝባዊ ሰራዊት ናይ ጸረ - መጥቃዕቲ ተበግሶ ወሲዱ ድርብ ዓወታት ኣመዝጊቡ። እዚ ብዕለት 13-15/2/1979 ዝተወሰደ ጸረ-መጥቃዕቲ፣ ንጸላኢ ተጸጊዕዎ ካብ ዝነበረ ዕርድታት ሀ.ስ ብምጽራግ ክሳብ ኩብኩብ (ኣስታት 30 ኪሎ ሜተር) ንድሕሪት ከምዝምለስ ገይርዎ። ሳልሳይ ወራር ምፍሻሉን ጸረ-መጥቃዕቲ ምስዓቡን ንጸላኢ ከቢድ ስንባደ ፈጢሩሉ።

ጸላኢ፣ ኣብ ራብዓይ ወራር'ውን ከቢድ ተቓውሞ ከጋጥሞ ምኻኑ ስለዝተረድኦ ንኣስታት ሓደ ወርሒን ፈረቓን ዘድሊ ሰብኣውን ሎጀስትካ'ውን ምቅርራብ ድሕሪ ምግባር ራብዓይ ወራር ጀሚሩ።

- ኣብዚ ወራር እዚ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊትናን ዕርድታት ጸላኢን ካብቲ ኣብ ሳልሳይ ወራር ዝነበሮ ለውጢ ኣይገበረን። ዕርዲ ህዝባዊ ሰራዊት ብጸጋም ካብ ታባ ብልሓት (እንዳ ዱባላ) ጀሚሩ ክሳብ ቴስታ (ከባቢ ቤት ሕመድ) ዝተዘርገሐ ክኸውን እንከሎ፡ ዕርዲ ጸላኢ፣ ብጸጋም ካብ ዓመልቶ ክሳብ ጸበይት ዝተዘርገሐ ኢዩ ነይሩ።

- ኣብ ኣሰላልፋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፣ ካብቲ ኣብ ሳልሳይ ወራር ዝነበረ ኣሰላልፋ ለውጢ ኣይነበሮን፡ ካብ ጸጋም ንየማን ብርጌድ 58፡ ብርጌድ 51፡ ብርጌድ 70፡ ብርጌድ 77ን ክሰለፉ እንከለዋ፡ ሓደ ኣጋር ቦጦሎንን ንኣሽቱ ናይ ታንክን መድፋዕን ኣሃዱታት ካብ ብርጌድ 76 (ከቢድ ብረት) ተሰሊፈን ነይረን። ብወገን ጸላኢ ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ ሳልሳይ ወራር ዝነበረ ዓቕሚ ግብረ-ሃይል 508፡ ካብ ከረንን ኣስመራን ኣኻኺቡ ሓደ ንኡስ ግብረ-ሃይል 506 "ሀ" ዝብሃል ወሲኹ። ብጸጋማይ ክንፊ 508 ግብረ-ሃይል ብየማናይ ክንፊ ከኣ 506 "ሀ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ብምኻን ንራብዓይ ወራር ተሰሊፎም። ኣብ ርእሲ እዚ ብደረጃ ቦጦሎንታት ዝተወደባ ናይ መድፍዕ፡ ታንክ፡ ጸረ-ኣየር፡ ተወንጫፊ ሮኬት (BM21) ኣሃዱታት ኣሰሊፉ።

- ድሕሪ ምምስራት ቀዋሚ ግንባር፣ እቲ ዝካየድ ውግኣት ኣብ ጎቦታት ጥራይ ስለዝተወሰነ፡ ጸላኢ ሓደ ዓቢ ጸብለልታ ኣጥፊኡ። ንምኩላም (out flank) ዘኽእል ጎላ ጉል ኣይከበበን። ናይ ኣጽዋር ጸብለልትነቱ ብምሉእ ዓቕሙ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን። በዚ መሰረት ራብዓይ ወራር ካብ ዝሓለፉ ወራራት ዝፈልዮ ጸላኢ፣ ንድፈዓትና ብመልክዕ ጥሕሳ (Break through) ደጀንና ክኣቱ (ናቕፋ ክቆጻጸር) ስለዝነበሮ ኢዩ። ነዚ ስልቲ እዚ ተጠቒሙ ቦታ ንመሓዝ ከኣ ከቢድ ምርብራብ ኣካይዱ።

- ጸላኢ ራብዓይ ወራር ንናይ ጥሕሳ መደባቱ ሓጋዚ ኢዩ ብዝበሎ ሜላ ብጽዑቕ ደብዳብ ከበድቲ ኣጽዋርን ተዋጋእቲ ነፈርትን ብዕለት 30/3/1979 ጀሚርዎ። ነቲ ደብዳብ ንኣስታት ሓደ ሰሙን ብቐጻሊ ድሕሪ ምክያድ: ብዕለት 3/4/1979 ብኹሉ ኩርንዓት ናይቲ ግንባር ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ወሲዱ። ሰብኣዊ ማዕበል እናተጠቐመ ቀጻሊ ፈተነታት ኣካይዱ። ኣብቲ ግንባር ቀንዲ ኣተኩሮ ብምግባር ንደንደን: ፋርኔሎ: ፈደል - T ንምጥሓስ ከቢድ ፈተነታት ኣካይዱ። ህዝባዊ ሰራዊት ጸላኢ ክጥቀመሉ ዝኽእል ብጽዑቕ ደብዳብን ማዕበላዊ ሰብኣዊ መጥቃዕቲ ዝተሰነየ ናይ ጥሕሳ ስልቲ ውግእ ድሮ ገሚትዎ ስለዝነበረ: ጎዳጉዲ ኩዒቱ ደብዲቡ መተሓሳሰፊ ካናለታት ብግቡእ ሰሪሑ ዕርድታት ኣደልዲልዎ ብምንባሩ ንኹሉ ፈተነታት ጸላኢ ኣምኪኑዎ። እቲ ውግእ በብመዓልቱ እናደኸመ ኣብ ዕለት 11/04/1979 ኣብቂዑ። ብምሉእ ዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ተደምዲሙ: ዕርድታት ናቕፋ ብጸላኢ ዘይድፈር ምዃኑ ተረጋጊጹ። ቅኑዕነት ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ ድማ ብዝያዳ ተጋህደ።

<u>ሓሙሻይ ወራር- (14-26 ሓምለ 1979)</u>

- ድሕሪ ፍሽለት ራብዓይ ወራር፣ ጸላኢ፣ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ናይ ምክልኻል ብቕዓት ሓያል ምህላው ስለዝተገንዘበ፣ ቅድሚ ወራር ምብጋሱ ክምዝምዞ ዝኽእል ድኹም ጎድንታት ህ.ሰ ንምጽናዕን: ብወገኑ ብቑዕ ናይ ውግእ ምቅርራብ ንምግባርን ኣስታት 4 ወርሒ ግዜ ወሲዱ። ኣብ መደበራት ታዓሊም ኢትዮጵያ ካብ ዝዕለሙ ዝነበሩ ሓደስቲ ሚሊሽያን: ካብተን ካብ ግንባራት ወጻኢ ዝነበራ ኣሃዱታትን ብምስሓብ ነቲ ኣብ ግንባር ዝነበረ ዓቕሙ ኣደልዲሉዎ። መሰረታዊ ኣቃውምኡ ኣብቲ ግንባር ግን ኣይተለወጠን: እተን ኣብ ራብዓይ ወራር ዝነበራ ግብረ-ሃይል 506: 508 ብዝተጠናኸረን ዝተወደበን ኣገባብ ኣሰሊፉ።

- ጸላኢ፣ ከም ናይ ራብዓይ ወራር ኣብ ክንዲ ፊት ንፊት ዝገጥም ሳልሳይ ግንባር ብምፍጣር ኣብ ቀዋሚ ግንባራት ዝህሉ፣ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ናይ ምክልኻል ብቕዓት ከም ዝፈኩስ ንምግባር ዝዓለመ ክኸውን ከምዝኽእል ተገምጊሙ ብምንባሩ: ነዚ ስርሒት እዚ ብብቕዓት ንምክልኻሉ ኣብ ድሕሪ መስመር ካብ ዝነበረ ደባይ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዝበዝሕ ዓቕሚ (2 ቦጦሎንታት ናይ ብርጌድ 44) ናብ ቀዋሚ ግንባራት ከም ዝመጽእን ኣብቲ ዝጥርጠር ቦታታት ብምዃን ንጸላኢ ከም ዝከታተል ኮይኑ ን5ይ ወራር ተዳልዩ። ኣብ ቀዋሚ ግንባር ዝነበረ ኣቃውማን ኣሰላልፋን ኣሃዱታት ወገን፣ ከምቲ ናይ ራብዓይ ወራር እኳ ይኹን እምበር ኣብ ድፋዓት ነንሕድሕዱ ብናይ ተኹሲ ሽፋን ዝተሓጋገዝ ምትዕርራይ ምግባርን: ድፋዓት ብዝደልደለ ኣገባብ ተሰሪሑ ክሳራታት ክምዝውሕዱ ዝገብር ሜላታት ብምትእትታው፣ ኣሃዱታት፣ ሪዘርቫ ዝሕዛሉ ኩነታት ተፈጢሩ።



- ኣብ5ይ ወራር፣ ከምቲ ብወገን ዝተገመተ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ንከባቢታት ሕዳቕ: ኣግራዕን ኣፍጨዋን ታርጌት ዝገበረ ሳልሳይ ግንባር ከፊቱ። ቀንዲ ዕላምኡ ናይ ዕደላ መስመር ግንባር ናቕፋ (ጽርግያ ኣግራዕ) በቲኹ: ኣብ ኣፍጨዋ ኣየር ፖርት ሰሪሑ ሰራዊት ብምውራድ ሓደገኛ ኩናታት ንምፍጣር ኢዩ ነይሩ። ነዚ መደብ እዚ ንምትግባር ርእሱ ዝኸኣለ ሓይሊ ስለዘድልዮ ኣብ መስመር ባጽዕ ኣብ ሓለዋ ንዝነበረ 503 "ለ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ዘድሊ ውዳበ ብምግባር 503 "ለ" ብማርሳ ጉልቡብ ኣቢሉ ኣፍዓበት ድሕሪ ምእታው ጉዕዝኡ ብምቕጻል ዕለት 8/7/1979 ንኩብኩብ ሓሊፉ ንፈልከት ገጹ ኣምሪሑ ሓምለ 11/7/1979 ንደብዓት በጺሑ: ታርጌቱ ከኣ ብንጹር ተጋሂዱ።

503 "ለ" ካብ ደብዓት ብምንቅስቓስ ሰንሰለታዊ ተረተር ደብር ጥሉልን: ነ.ብ 1971 ጎቦ እመድነን ነ.ብ 2125 ተቖጻጺሩ: ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ከኣ ብኸቢድ ደብዳብ ተሰንዩ 14ሓምለ 1979 ሓሙሻይ ወራር ተጀሚሩ። 503 "ለ" ግብረ-ሃይል ንጎልጎል ኣግራዕ ብምውራድ ጽርግያ ንምቁጽጻርን ኣብ ቀዋሚ ግንባርና ድፋዓት ንምፍንጣስን ህልኽ ዝመልኦ ፈተነታት ጸላኢ ብሓደ ወገን ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ተሪር ናይ ምክልኻል ተቓውሞ በቲ ካልእ ክሳብ ዕለት 18/7/1979 ተኻይዱ: ፈሺሉ ከኣ ተሪፉ።

ኣብ ሳልሳይ ግንባር ዝነበረ ጸላኢ እናተዳኸመ ይኸይድ ስለዝነበረ: ህ.ሰ ሓደስቲ ኣሃዱታት ኣብቲ ግንባር ብምጥንኻር ብዕለት 19/7/1979 ትንፋስ ዘይህብ ተሪር ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ ኣዛዚ 503 "ለ" ንዝነበረ ጀነራል ብምቕታል ሙሉእ ብምሉእ ከምዝድምሰስ ኮይኑ: ከም ግንባር ኣብቂዑ። እዚ ውጽኢት እዚ ምልክት ምፍሻል ሓሙሻይ ወራር እኳ እንተነበረ ጸላኢ ብየማናይ ክንፊ ቀዋሚ ግንባር ናቕፋ ብምምጣጥ ብወገን ኣርሃጽትን ስዋራን ዝተባህለ ቦታታት ስለዝተንቀሳቐሰ ሓሙሻይ ወራር ቀጸለ። ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ ፈተነታት እዚ ክሳብ ዕለት 24/7/1979 ድሕሪ ምምካት ጸላኢ ከቢድ ክሳራ ወሪድዎ ናብ መበገሲ ቦትኡ ተመሊሱ። ሓሙሻይ ወራር ከኣ ኣብ ዕለት 26/7/1978 ኣብቂዑ።

<u>ጸረ- መጥቃዕታዊ ተበግሶ ህ.ሰራዊት ኣብ ግ/ናቕፋ 02-16/12/1979</u>

- ኣብ ዝሓለፈ ወራራት ናይ ሰብን ኣጽዋርን ስንቅን ዕጥቅን ክሳራ ጸላኢ ብዝተዓጻጸፈ ደረጃ ጎዲሉ: ብፍላይ ድሕሪ ምድምሳስ ሳልሳይ ግንባር (503 "ለ" ንኡስ ግብረ-ሃይል ኣዝዩ ጉሉሕ ኮይኑ። ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት እናተዓቀበ ብኣንጻሩ ዓቕሚን ሞራልን ጸላኢ እናኣንቀልቀለ ስለ ዝኸደ ሚዛን ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ዝመጣጠነሉ ደረጃታት ተቐራሪቡ። ድሕሪ

ሓሙሻይ ወራር ብወገን ጸላኢ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝኣክል ዝኸነ ናይ ወራር ምቅርራብ ኣይተራእየን። ንኩሉ እቲ ብወገን ህዝባዊ ሰራዊትን ብወገን ጸላኢን ዝነበረ ውዱዕ ኩነታት ብምግምጋም፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ቀዋሚ መከላኸሊ መዛግብቲ ጥራይ ተወሲንካ ምክልኻሉ፡ ንጡፍ ተበግሶ ብምውሳድ ምድኻሙ ዝብል ውሳኔ ተወሲዱ፡ ብኸልኣይ ደረጃ'ውን ዝተፈላለየ ኣጽዋርን ንዋትን ብምምራኽ ዘድሊ ናይ ዕጥቂ ቀረባት ምምላእ ዝሓሸ ምኺኑ ተገምጊሙ። ደቂቕ ናይ መሬትን ስልትን መጽናዕቲ ድሕሪ ምግባር ናይ መጥቃዕቲ ስጉምቲ ምቹእ ምኺኑ በሪሁ።

- እዚ መጥቃዕቲ እዚ ንሙሉእ ግንባር ጸላኢ ፊት ንፊት ዘጥቀዐን ክፋል ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ብናሮ ተጠውዩ ብናይ ኩሊት መጥቃዕቲ ዝተሰነየን ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ምዝላቕ ብዓይነቱ ናይ መጀመርያ ዝኾነ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኢዩ። ድሕሪ ናይ 15 መዓልቲ ቀጻሊ ውግእ ከኣ ካብ ኣፍደገ ናቕፋ ናብ ከባቢ ኣፍዓበት ክዓርድ ክኢሉ። ኣብዚ ስርሒት እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዝመረጾ ቦታን ጊዜን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ከምዘለዎ ኣረጋጊጹ። ናብ ናይ ጀላነት መድረኽ ዘእቱ ሓድሽ ኣንፈት ከፊቱ። ኑቲ ደርግ "ሰውራ ኤርትራ ጠፊኡ ኢዩ።" "ውሑዳት ኢዮም ተሪፎም፡" እናበለ ዘካይዶ ዝነበረ ፕሮፖጋንዳ ኣፍሺሉን ናይ ህዝብና መንፈስን ተስፋን ኣሓዲሱን።

ሻዱሻይ ወራር- (15/02/82 - 17/05/82)

- ድሕሪ ፍሽለት ሓሙሻይ ወራርን ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ጸረ-መጥቃዕታዊ ተበግሶ ወርሒ 12/1979፡ ጸላኢ፣ ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ኩነታት ብርግጽ መፍትሒ ክኸኖ ዝኽእል ዓቕምን ኣተሓሳስባን ንምርካብ ብዕቱብ ክሓስበሉ ፈቲኑ። ነዚ ንምግባር ከኣ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ጊዜ ወሲዱሉ። ደርግ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ህዝቢ ዓለም ንምትላል ፖለቲካውን ልምዓታውን ስርሓት ዘጠቓለለ ወፈሪ እዩ ብምባል "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ኩሉ'ንተናዊ ዘመተ" ዝብል ሰያሜ ሂብዎ። እቲ ቀንዲ ዕላማን ምቅርራብን ናይቲ ወፍሪ ግን ናይ ኤርትራ ውግእ እናኸበደ ይመጽእ ስለ ዝነበረ ዘድሊ ወታደራዊ ምድላው ብምግባር ሓንሳብን ንሓዋሩን ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ'ዩ ነይሩ።

- በዚ መሰረት ከኣ ካብ ዝደቐቐ ክሳብ ዝዓበየ ሰፊሕ ወታደራዊ ምቅርራብ ገይሩ። ካብቶም ኀሊሎም ክጥቀሱ ዝኽእሉ፡-
  . ብዘይ ሓገዝ ናይ ኔፈርትን ታንክታትን ኣብ ጐቦታት ዝዋጋእ ሃሩርን ኣጻምእን ክጻወር ዝኽእል "ተራራው" ብዝብል ስም ዘጠመቖ ቀረቡ (እዚ ኣብ ታሪኽ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝለዓለ ታዓሊም ዝተዋህበ ሰራዊት (Ranger force) እዩ።



ኣብ ግንባር ናቕፋ ኣቕዲሙ ተሰሊፉ ዘይጸንሐ ከቢድ ብረት 130 ሚ.ሜ መድፍዕ ኣሰሊፉ።
  . ናይ ሓይሊ ኣየር ዓቕሙ ብዝለዓለ ደረጃ ምእንቲ ክሰርሕ ካብ ደብረዘይት ናብ ኣስመራ ቀሪቡ።
  . ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ወራር ተጓዲሉ ዝጸንሐ ዓቕሚ ተኮስትን ተተኳስትን፡ መጎዓዝያን፡ ዕጥቅን ስንቅን ብዘይ ምቁጣብ ንክሃልኩን ክገልግሉን ተቐሪቦም፡
  . ንናይ ተጋደልቲ ውግእ ክገልግላ ይኽእላ እየን ዝተባህላ ሓደስቲ ናይ ውግእ ሄሊኮብተራት ተቐሪበን።
  . መርዛም ጋዝ ክጥቀም ምኺኑ ሰፊሕ ጎስጓሳት ኣካይዱ። ወዘእመ (ወታደራዊ ዘመቻ እቅድ መምርያ) ዝተሰየመ ላዕለዋይ እዚ ቆይሙ። ናይ ግብረ-ሃይል ኣቃውማ ኣፍሪሱ ብእዝታት ተወዲቡ። ሰለስተ እዝታት ማለት ውቃው እዝ (ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) : መብረቅ እዝ (ግንባር ባርካ):- ናደው እዝ (ግንዶር ናቕፋ) ቆይመን።

- ኣበጋግሳን ኣንፈትን መጥቃዕትን:-
እዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ሰለስተ እዝታት፣ ነናተን ተልእኾ ፈጺመን ማእከል ናይ ደጀና ኣብ ዝኾነ ቦታ ኣድብሓ ክራኸባ ዕላማ ናይቲ ወራር እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ናደው እዝ ናቕፋ ተቖጻጺሩ ንኣዱብሓ ክቕጽል ነይርዎ። ነዚ ንምትግባር፡ 3 ክ/ጦር ብወገን ኣግራዕ ተጠውዩ ንናቕፋ ካብ ደጀን ክንጽልን ናብ ናቕፋ ብድሕሪት ክኣቱን፡
  . 17 ክ/ጦር ብወገን ትክስ ኣርወ ኑብ (ነጥቢ ብራኸ) 1702 (ሳልፈር) ጥሒሱ ናቕፋ ክኣቱ፡
  . 22 ክ/ጦር ብጽርግያ ናቕፋ ቀኒዑ ናይ ምኹብካብ መጥቃዕቲ ክፍጽም፡
  . 18 ክ/ጦር መጥቃዕቲ ምስ ተጀመረ ናብቲ ግንባር ክድረብ፡

- ወራር ምስ ተጀመረ መብረቕ እዚ፣ ኣብ ፈለማ ምንቅስቓሳቱ ተደምሲሱ ተረፍ መረፍ ክፍለጦራት 21-24 ከምኡ'ውን 2ይ ክፍለጦር ናብ ናቕፋ ከምዝድረቡ ተገይሩ።

- ውቓው እዝ ደምቦቤት ሒዙ ተስፋ ዝህቦ ምንቅስቓሳት'ኳ እንተኣካየዳ ተጸፊዑ ተመሊሱ።

- ድሕሪ'ዞም ክልተ ዓበይቲ ፍጻሜታት እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ወራር ኣብ ኣዱብሓ ምርኻብ ስለ ዝፈሸለ፡ ጸላኢ ኣተኩርኡ ኣብ ግንባር ናቕፋን ኣብ መንጎ ግንባራት ናቕፋን ሰ/ም/ሳሕልን ኣብ ዘሎ ቦታታት ኣቕኒዕዎ።
  ቅያር ናይቲ ቀንዲ ዝፈሸለ ዕላማ፣ ሻዱሻይ ወራር= ከተማ ናቕፋ ብምሉእ ንምቁጽጻር ነይሩ። ኣብ ርእሲ ዝጸንሑ ክፍለጦራት 3፡ 17:22

ድማ ክፍለጦራት 18: 2: 24: 21:ተደሪቦም ብልዕሊ ሸውዓተ ክፍለጦራት ተደጋጋምን ደማውን ውግእ ተኻይዱ። ኣብ'ዚ እተን ቀንዲ ንናቕፋ ክድይበለን ዝፍትን ዝነበረ ቦታት:

- ካብ መንደዓት ኒ.ብ. 2059 ክሳብ ኣርው ኒ.ብ 1702 (ሳልፈር) ክምኡውን እንዳስጋ ዘሎ ቦታታት፡ ብ.ኒ.ብ 1702 ጥሒሱ ኣብ በረኸቲ ቦታታት ከባቢ ናቕፋ ብራኸታት 1725: 1755 ካልኦት ከም እንዳ ታህሰስ ዝተቖጻጸረሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። ኣብዚ ቦታ እዚ እዩ ጸላኢ ንናቕፋ ብዓይኑ ምሉእ ብምሉእ ርእይዋ ዘይፈልጥ ክርእያ ዝኸኣለ። 17ኛ ክፍለጦር ባንዴራ ተኺሉ ንምሉእ ሰራዊት ኢትዮጵያ "ናቕፋ ትራኣየኒ ኣላ ክኣትዋ እየ" ዝብል ናይ ሓሶት ብስራት ዘስመዐ። ኣብኡ ዝጸንሑ ውሑዳት ተጋደልቲ ናቕፋ ካብ ትተሓዝ ብምሉኦም ክስውኡ ድልዋት ዝኾኑሉን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ምስ ዝኾነ ሰራዊት ብምግጣምን ብውፉይን መስተንክራዊ ጅግንነትን ንጸላኢ ዓጊቶሞ። እታ ቦታ ከኣ ዝግብኣ መጸውዒ ክትወስድ በቒዓ: ታባ ውፉያት ተባሂላ።

- ብወገን ጽርግያ ናቕፋ ከምኡውን ደንደን ኒ.ብ. 1969 ግሉብ ኒ.ብ. 1742 ምስቲ ናይ በዓል ኣርወ ተኣሳሲሩ ግንባራዊ መጥቃዕቲ ጌሩ።

- እቲ ዝያዳ ተኣፋፊ ምንቅስቓስ ግን ናይ 3ይ ክፍለጦር ኢዩ። ብወገን ደብረጥሉል ኣብ ኣግራብ ወረዱ መስመር ክበትኽ ዘካየዶ ምንቅስቓስ ስለዘይሰለጦን እቲ ናይ ፈት ንፈት መጥቃዕቲውን ንናሮ ተመሊሱ። ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚሩ ከኣ ጸላኢ ብወገን ግራትን ዓትትን ብምምጻእ ግንባር ናቕፋን ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ብዘይ ክፋት ቦታ ተኣሳሲሩ።

- ኣብቲ ጸላኢ ናብ ናቕፋ ክኣቱ ዘካይዶ ዝነበረ ፈተነታት፡ ንሰራዊቱ ሞራል ንምሃብን ን.ህ.ሰ ንምድንጋርን ኣብ ድሕሪ ግንባርና ኣየር ወለድ ዘውርድ ዘሎ መሲሉ ሉጻታት ዝመልኦ ክሻታት ብፓራሹት ደርብዩ፡ እቲ ስልቲ ከየገልገለ ተሪፉ። ቅመማዊ ጋዝ ንምድርባይ ዘካየዶ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት'ውን ኣይተዓወተን።

ሻብዓይ ወራር (ሳልሕታ): (26 መጋቢት - ክፍላ ነሓሰ 1983)
- እዚ ወራር'ዚ ሶቭየታውያን ኣማኸርቲ ከም በዓል ጀነራል ፔትሮቭ ብንጥፈት ዝተዋስኣሉ እዩ። ብኽሳራታት 6ይ ወራር ተዳኺሞም ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ዝሰፈሐ ቦታ ተዋጊእካ ግንባራት ኣርቂቕካ ስብኣዊ ዓቕምና ዘሪኻ ናይ ምትዕጽጻፍ ዓቕምና ምንካይ'ሞ ኣብ መጨረሻ ከኣ ሓይልና በብቑሩብ ኣብቲ ውግእ ኣእቲኻ ንምጥሓን (meat grinding machine) ነበረ።



- እቲ ንኣርባዕተ ወርሒ ዝተኻየደ ሰላሕታ ወራር ካብ ካልኦት ወራራት ፍሉይ ዝገብሮ፡ ጸላኢ ዝተወድኣን ሓደን ውጥን ወፍሪ ሒዙ ዘይምቕራቡ'ዩ። ንግንባር መለብሶ ንምስባርን ብኡ ጌርካ ናብ ኣስማጥ ዛራን ንምእታው ምስኡ ዝወሃሃድ ኣብ ግንባር ናቕፋ መጥቃዕቲ ጌርካ ናቕፋ ምሓዝ እዩ ኔይሩ'ቲ ዕላማ። ውቃው እዝ ብወገኑ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተሓጋጋዚ ወይ ጸማዲ ምንቅስቓስ ንምግባር ዝፈተኖ ወፍሪ ዕንቅፋት ከጋጥሞ ከሎ ሓድሽ መልክዕ ወፍሪ እናኣምጽአ ተሃላሊኹ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ታሪኽ ፋልማይን ዝነውሐን ዝተኣሳሰረን ዕርዲ ክፍጠር ምኽንያት ኮይኑ፡ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ እቲ ዝነውሐ ዕርዲ ክበሃል ዝከኣል ኣስታት 500 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ዕርዲ ካብ ደምበቤት (ከባቢ ራሩራ) ብናቕፋ ሓሊፉ ንደብረሳላ ( ባርካ) ተገምጊሙ።

ኣሰላልፋ ጸላኢ ኣብ ግንባራት ናቕፋ:-
- ክ/ጦር 19. 21. 22. ኣጥቂያም። 19. ክ/ጦር ብጸጋማይ ክንፊ ከባቢ መንድዓት ናብ 2059 ደጋጊሙ ፈቲኑ።
- 21 ክ/ጦር ብማእከል ግንባር ማለት ከባቢ ግሉብ ሪጎለ ናብ 1742 ክጥሕስ ፈቲኑ።
- 22 ክ/ጦር ብየማናይ ክንፊ ከባቢ ሸነ እናኣጥቅዐ ምስ'ቲ ካብ ኣፍዓበት ተበጊሱ ብመንገ ግንባራት ናቕፋን መለብሶን ክፋት ዝነበረ ሰፊሕ መሬት ተጠቒሙ ናብ ዝገስገሰ 18 ክ/ጦር ይደጋገፍ ነይሩ።
- ኣብቲ ቀዋሚ ግንባር ከተማ ናቕፋ ንምሓዝ ዝረባረብ ዝነበረ ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ኣብ ነዊሕን ኣህላኽን ግጥማት ተጸሚዱ ብምንባሩ ህዝባዊ ሰራዊት ሰላሕታ ወራር ንምፍሻል ኣብ ወርሒ 7/83 ብዘፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ ኣብ የማናይ ክንፍን ማእከላይ ክንፍን ማለት ካብ ክሳድ ሓሬና ኒ.ብ 1943 ክሳብ ስዋራ ቀጢን ኒ.ብ 2067 ከምኡ'ውን ናብ የማን ክሳብ ሸነ ኒ.ብ 2523 እምዶህራ ኣብ ዝዘርጋሕ መሬት ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ ናይ ሰላሕታ ወራር መደምደምታ ኮይኑ።

ሻሙናይ ወራር (ባሕሪ ነጋሽ) (10 ጥቅምቲ - 4 ታሕሳስ 1985)
- ህ.ሰ ባረንቱ ምስ ገደፈ ጸላኢ ተዳኺሙ ይኸውን'ዩ ብዝብል ኣብ ግንባራት ሳሕልን ሓልሓልን መጥቃዕቲ ጌሩ ክዕወት ብሃታሃታ ዘካየዶ ወፍሪ'ዩ ክበሃል ይከኣል።
- ኣብ ግንባራት መለብሶ፡ ናቕፋ: ኣልጌን፡ ዳርጋ ማዕረ ናህሪ ዝነበሮ መጥቃዕቲ ፈጺሙ። ኣብቲ ፈለማ ገጽ ናይቲ ወራር ቀንዲ ጸቕጢ ብናቕፋን ሰ/ሳሕልን ኢዩ ነይሩ።

ኣበጋግሳን ኣንፈት መጥቃዕትን ኣብ ግንባር ናቕፋ።

- ክ/ጦራት 19: 22 ብኸባቢ ግሉብን ዋንጫን ኒ. ብ. 1742 ጥሒሶም ናቕፋ

ክኣትው፡ ኣብቲ ቀዳማይ ገጽ ብተደጋጋሚ ብዝገበርዎ ፈተነ፡ ጸላኢ ንግሉብ ሒዙዎ ነይሩ። ብጅግንነታዊ ጸረ-መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ክኣተጸፈው። ኣብቲ ፈለማ ገጽ በዚ ግንባር'ዚ ሰራዊት ዘይበዝሓሉ ምኽንያት፥ ጸላኢ፥ በቲ ብስ/ሳሕልን ብመለብሶን ዝካየድ ዝነበረ ተረርቲ ናይ ጥሕሳ ፈተነታት ዓቕምና ካብ ናቕፋ ክሰሓብን እቲ ግንባር ክሰሑን'ዩ ዝብል እምነት ስለዝነበሮ ኢዩ።

- ኣብ ካልኣይ ገጽ ካብ መለብሶ ንክ/ጦራት 18:3 ስሒቡ ኣውራ በቲ ሓያል ዝበሃል 18 ክ/ጦር ብግሉብ ኒ.ብ. 1742 ሓያል ናይ ጥሕሳ ፈተነ ጌሩ ነታ ታባ ሒዙዋ። ኣብዚ'ውን ህ.ሰ. ትብዓት ብዝመልአ ጸረ-መጥቃዕቲ ኣምሊስዋ። 18 ክ/ጦር ኣብታ ጸባብ ቦታ መስቀላዊ ተኹሲ ኣናተኻየደ ብሞርታራትን ነተጕትን እናተጨፍጨፈ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ልዕሊ ፍርቂ ዓቕሙ ኣብኡ ተረፉ። ኣብዚ ውግእዚ ህ.ሰ. ኢድ ብኢድ እናተሓናነቐ ንምእማኑ ዘጸግም ቆራጽነት ዘረጋገጸሉ ውግእ ኢዩ።

*መደምደምታ*

ህ.ግ.ሓ.ኤ ስልታዊ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ክም ሜላ ተጠቒሙ ንሳሕል ክዝልቕ ምስ ወሰነ፡ ናይ መወዳእታ መከላኸሊ መስመር ናቕፋ ክትክውን ዝተመርጸትሉ ምኽንያታት:-

- ምስ የማነ ጸጋም ዝዝርጋሕ ቅርጺ መሬት ተኣሳሲሩ፥ ብስሜን ክሳብ ቃሩራ ብደቡብ ክሳብ ሮራታት ግንባር ሓልሓልን ሰንሰለታውን ሪዝርቭ (መሓለውታ) ክኾኑ ዝኽእሉን ቅያር ዕርድታት ዝርከቦ ምቹእ ባይታ ውግእ ስለዝኾነ።

- ስልታዊ ስትራተጂያዊ ምዝላች ብወገን ጸላእን ዓለምን ከምፍሑም ስዕረት ስለ ዝተገመተ ናቕፋ፥ ትእምርቲ ጽንዓትን ቀጻልነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኮይና ነዚ እምነት'ዚ ንምቕያር።
- ድሕሪ ነዊሕ ምርብራብ ንጸላኢ ኣዳኺምካ ናብ ምጥቃዕ ንምስግጋር'ዩ ነይሩ።

ህዝባዊ ሰራዊት በዚ እምነት እዚ ንኣስታት 10 ዓመት ኣብ ጎቦታት ሳሕል ብዘይዕረፍቲ መስተንክራዊ ቅያታት እናፈጸመ ተረባረበ። ሻሙናይ ወራር ምስ ፈሸለ ግን ናይ ጸላኢ ናይ ምርብራብ ጊዜ ኣብቂዑ። ኣብ ኣእምሮ ሓሊፍቲ ሰራዊት ጸላኢ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ሓደ ሓሳብ ክምዕብል ጀሚሩ። ዓወታት ህዝባዊ ሰራዊት ሰብኣዊ ረቛሒ (Human factor ) ምዃኑን፡ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮም ሓሳባት ናይ ባህሪ፡ ቅርጺ መሬት .........ወዘተ ሸግር ዘይምዃኑን ኣሚኖም። ብሓፈሻ ናቕፋ ኣብ ውሽጢ'ዚ 10 ዓመት ማዕረ እቲ ወተሃደርዊ ኣገዳስነታ፡ ብተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ኣገዳስነታ እናዓበየ መጺኡ።



ደርግ ንከተማ ናቕፋ ተቖጻጺሩ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም "ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ ኢዩ" ክብል ልዑል ሃንቀውታን ድልየትን'ኳ እንተነበሮ፥ ብኣንጻሩ ህዝባዊ ግንባር ደምሳሲ መጥቃዕቲ ናብ ልዕሊ ግንባር ናደው እዝ ብምፍናው ድሕነት ከተማ ናቕፋ ኣረጋጊጹ።

"ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ፣ ኣብ እዋን ኵናት ምስታ ናይ ፋልመይቲ ጥይት ድምጺ እልልታ ብምስማዕ ንጸላኢ ዘሻቐን ዘሰክሓን ብዙሓት ነይረን'የን"

*ተ.ገ/ህይወት መገሰ*

ደንደን፣ ዋሕስ ናቕፋ፣ ከም መዕቖቢናን ናይ መውጻኢታ ዕርድናን ኔይሩ።

*ወዲ ኣሜሪካ*

"ተጋዳላይ ንናቕፋ ዋሕስ ኮይኑዋ ናቕፋ ከኣ ንተጋዳላይ ዋሕስ ኮይናቶ ተጋዳላይን ናቕፋን ተወሓሒሰምዮም"

*ሌ/ኮ እስቲፋኖስ ዘርኣይ*

"ናቕፋ ትእምርቲ ጽንዓት'ያ። ኣብ ናቕፋ እንተዘይንምክት ህላዌ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምልክት ሕቶ ምኣተወ። ኮታ ናቕፋ መሰረት ህላዌና መበገሲትን መዛዘሚትን ዓወትና'ያ"

*ኮለ/ ገብረገርግሽ ደ/ጽዮን ቋንቋ)*

"ናቕፋ፣ ምህላውን ዘይምህላውን ብዕሊ ዘረጋገጸት ታሪኻዊት ቦታ'ያ"

"ናቕፋ፣ ዘሕዝን፣ ዘስሕቕ፣ ዘተሓሳስብን ዘተክዝን ነገራት ኣለዋ። ኩሉ ግን ተሓዋዊሱን ተባዲጡን ዝወሓጥናዮ'ዩ።

*(ኮ/ሎ ጊላይ ተወልደ)*